# ናይ ኣማላድነት ጸሎት

# Intercessory Preyer



**ዓለምለኻዊ ተኻል ምህርቲ እቶት ቀውዒ**

**እዚ ኮርስ እዚ ኣካል ዓለምለኻዊ ትካል ምህርቲ እቶት ቀውዒ ኮይኑ፡ ንኣመንቲ ንውጽኢታዊ መንፈሳዊ ቀውዒ ንክዕጥቕ ዝተዳለወ ገበታ ትምህርቲ እዩ።**

**እቲ መሰረታዊ ቴማ ናይዚ ስልጠና፡ ነቲ የሱስ ንገፈፍቲ ዓሳ፡ ንኣኩብቲ ግብራ፡ ወ.ዘ.ተ ዝኾኑ ሰባት ወሲዱ፡ ናብ ኣብነታውያን ክርስትያናት ብምልዋጥ፡ ብተጋህደ ሓይሊ ኣምላኽ ንወንጌል ሒዞም ናብ መላእ ዓለም ክበጽሑ ዘመሃሮም ትምህርቲ ምምሃር እዩ።**

**እዚ መምርሒ ጽሑፍ፣ ሽቶ ወንጌል ንምዉቃዕ፣ ንኣመንቲ ካብ ምትሓዝ ራእዩ፡ ናብ ምውሳል፣ ቀጺሉ ናብ ምብዛሕ፣ ከምኡ'ውን ምዉዳብን ንወንጌል ምልዕዓልን ምስፋሕን ዝብል ኮይኑ፡ ካብ ብዙሓት ክፋላት ስልጠና ናይ ካሪክለማት ሃርቨስታይም ባይብል ኢንስቲቱይት ሓደ እዩ።**

© Harvestime International Institute http://www.harvestime.org

**ንተወሳኺ ሓበሬታ ብዛዕባ ተወሳኺ ኮርሳት ከምዚ ዝስዕብ ጽሓፉ፤**

Harvestime International Institute 1

4431 Tierra Dr.

Colorado Springs, CO 80921

U.S.A

**ወይ ድማ**

**ሃርቨስታይም ባይብል ኢንስትቱይት**

**ኣስመራ ኤርትራ**

Email; harvestimebibleinstituteer@gmail.com

# ትሕዝቶ


ትሕዝቶ ........ ii

ከመይ ጌርና ነዚ መምርሒ ንጥቀመሉ ........ iii

**ንጉጅለ መጽናዕቲ ዝኸውን ሓሳባት** ........ iv

መእተዊ ........ 1

ዕላማታት መጽናዕቲ ........ 2

ምዕራፍ ሓደ መእተዊ ጸሎት ........ 3

ምዕራፍ ክልተናይ ኣማላድነት ጸሎት ........ 10

ምዕራፍ ሰለስተመንፈሳዊ ቀረባት ንኣማላድነት ........ 15

ምዕራፍ ኣርባዕተከመይ ጌርና ነማልድ ........ 25

ምዕራፍ ሓሙሽተ ንውጽኢታዊ ኣማላድነት ዝዕንቅፉ ነገራት ........ 34

ምዕራፍ ሽዱሽተ ኣብነታዊት ጸሎት ተጠቐምካ ምምላድ ........ 38

ምዕራፍ ሸውዓተ ምንቕቓሕ ምምላድ ........ 47

ምዕራፍ ሸሞንተ ምጅማርን ምቕጻልን ........ 57

ጸሎት ኣብ ብሉይ ኪዳን ........ 65

ጸሎት ኣብ ሓድሽ ኪዳን........ 73

ጥብቆ ክልተ........ 80

# ከመይ ጌርና ነዚ መምርሒ ንጥቀመሉ
# ኣቃዉማ መምሃሪ ጽሑፍ

ነፍሲ ወከፍ ትምህርቲ ብኸምዚ ዝስዕብ ዝቀመ እዩ፤

***ዕላማታት፡-*** *ነታ ምዕራፍ ብምጽናዕ ክትበጽሖም ዘለካ ዕላማታት እዚኣቶም እዮም።* ትምህርቲ ቅድሚ ምጅማርካ ኣንብቦም።

***መሪሕ ጥቕሲ፦*** እዛ ጥቕሲ ንቐንዲ ኣምር እታ ምዕራፍ እተጉልሕ እያ። ኣብ ዝኽርኻ ሓዛ (ሸምድዳ)

**ትሕዝቶ ምዕራፍ፦** ንነፍሲ ወከፍ ክፍሊ ኣጽንዕ። ኣብቲ መምርሒ ዘይተሓትመ ዝኾነ ይኹን መወከሲታት ንምርኣይ መጽሓፍ ቅዱስካ ተጠቐም።

***ርእሰ-ግምገማ፦*** *ነታ ምዕራፍ ኣጽኒዕካ ምስ ወዳእካ፡ ነዚ መርመራ ስርሓዮ። መጽሓፍ ቅዱስካ ወይ ነዚ መምርሒ መጽሓፍ ከይተጠቐምካ ነቶም ሕቶታት ክትምልሶም ፈትን።*

***ንዝያዳ መጽናዕቲ፦*** እዛ ኽፍሊ፡ ክእለት ኣገባብ ኣጸናንዓ መጽሓፍ ቅዱስካ ኸተመሓይሽን ነቲ እተማሃርካዮ ኣብ ህይወትካን ኣገልግሎትካን ኣብ ግብሪ ንኽተውዕሎን ክትሕግዘካ እያ።

***መዛዘሚ መርመራ፦*** *ምዱብ ተመሃራይ ሃርቨስት ታይም ኢንስቲትዩት ክትከውን እንተተመዝጊብካ፡ ስልጠናኻ ምስ ወዳእካ ፍልጠትካ ዝመዝን መርመራ ክትወስድ ኢኻ። መርመራ ሰሪሕካ ምስ ኣረከብካ፡ ብመምሃራን ክእረምን ውጽኢቱ ክምዝገብን እዩ።*

**ተወሰኽቲ መሳለጥያ ምህሮ**

ትግርኛ ቀዳመይቲ ትርጉም መጽሓፍ ቅዱስ 1957 ከተድልየካ እያ።

# ንጉጅለ መጽናዕቲ ዝኸውን ሓሳባት
# ቀዳመይቲ ኣኼባ

***መኽፈቲ፣*** መእተዊ ጸሎት ብምግባር ጀምር። ምስ ተመሃሮ ተላለ፣ ኣስማቶም ድማ መዝግቦም።

***ኣገባብ ኣካይዳ ጉጅለ ኣቑም፦*** ነቶም ኣኼባታት መን ከም ዝመርሖም፡ ሰዓት፡ ቦታን ዕለታትን ክፍለ-ጊዜታት ወስን።

***ኣምልኾን ምስጋናን፦*** ኣብ እዋን ኣኼባ ህልውና መንፈስ ቅዱስ ዓድም።

***ንተማሃሮ መጻሕፍቲ ዓድል፦*** ኣርእስቲ መጽሓፍ፡ ቅርጽን ዕላማታትን ስልጠና ንተማሃሮኻ ኣላሊ።

***ፈላሚት ዕዮ ገዛ ሃብ፧*** ቅድሚ እታ እትቕጽል ኣኼባ፡ ተማሃሮ ነቶም ዝተመደቡ ምዕራፋት ከንብቡን ርእሰ-ግምገማታት ክሰርሑ ኣዝዞም። ብዝሒ ዝሸፈኑ ምዕራፋት፡ ኣብ ንውሓትን ትሕዝቶን ምዕራፍ፡ ከምኡ'ውን ኣብ ዓቕሚ ተማሃሮ ይምርኮስ።

## ካልኣይትን ዝስዕቡን ኣኼባታት

***መኽፈቲ፣*** ጸሎት ግበር። ሓደሽቲ ተምሃሮ እንተለዉ እንቋዕ ደሓን መጻእኩም ብምባል መጽሓፍ ሃቦም። ህላወ ተማሃሮ ተቖጻጸር። ሓጺር ናይ ምስጋናን ኣምልኾን ግዜ ይሃልኻ።

***ድግማ፦*** ሓጺር ጽማቝ ናይ'ቲ ኣብ ዝሓለፈ ኣኼባ ዘጽናዕካዮ ትሕዝቶ ኣቕርብ።

***ትምህርቲ፦*** ነቲ ብድሙቕ ዝተጻሕፈ ኣርእስትታት ዘለዎ ክፋል ነፍስ-ወከፍ ምዕራፍ ከም መምሃሪ ንድፊ ተጠቒምካ ተመያየጥ። ንተማሃሮ ብዛዕባ እቲ ዘጽንዕዎ ሕቶታት ወይ ርእይቶታት እንተለዎም ሕተቶም። ነቲ ትምህርቲ ኣብ ህይወትን ኣገልግሎትን ተማሃሮኻ ግብራዊ ከም ዝኸውን ግበር።

***ርእሰ-ግምገማ፦*** ተማሃሮ ዝወድእዎ ርእሰ-ግምገማታት ደጊምካ ርአ።

***ንዝያዳ መጽናዕቲ፦*** ነዞም መጽናዕትታት ብጉጅለ ወይ ብውልቂ ክትገብሮም ትኽእል ኢኻ።

***መዛዘሚ መርመራ፦*** ምዱብ ተመሃራይ ሃርቭስት ታይም ኢንስቲትዩት ክትከውን እንተተመዝጊብካ፡ ስልጠናኻ ምስ ወዳእካ ፍልጠትካ ዝመዝን መርመራ ክትወስድ ኢኻ። መርመራ ሰሪሕካ ምስ ኣረከብካ፡ ብመምሃራን ክእረምን ውጽኢቱ ክምዝገብን እዩ።

# መእተዊ

ናብ መሳጢ መንፈሳዊ ተመኩሮ ምእታው ትጅምር ኣለኻ። ኣብ ገጻት ናይዚ መጽሓፍ'ዚ ኣቢልካ ብዛዕባ ሓደ ንኣካል ክርስቶስ እተዳለወ ሓያል መለኮታዊ ጸጋ ማለት ናይ ኣማላድነት ጸሎት ክትማሃር ኢኻ።

ኣብዚ ትምህርቲ'ዚ ናይ ምምላድ ጸሎት እንታይ ምዃኑን ነዚ ዕላማ እዚ እተዋህበ ሓይሊን መንፈሳዊ ጸጋታትን ተጠቒምካ ብኸመይ ከም እተማልድ ክትመሃር ኢኻ። እንታይን ንምንታይን ክትጸሊ ከም ዘለካ፡ ንናይ ጸሎት ኣማላድነት ዝዕንቅፉ ነገራት ብኸመይ ከም እተወግዶም፡ ብኸመይ ናይ ምምላድ ጸሎት ከም እትጅምሮን፡ ብኸመይ ከም እትቕጽሎን ክትመሃር ኢኻ።

ደጊም መንፈሳዊ ህይወትካን ኣገልግሎትካን ከምቲ ዝሓለፈ ኣይከውንን'ዩ። ነዚ መሳጢ ዝኾነ መንፈሳዊ ጉዕዞኻ ክትጅምር ተዳሊኻ'ዶ ኣሎኻ፧

ንዓይኑ ዝዓወረ ኣዕንቱ ፍጹም ክበርሃሉ

ምእንቲ ክትጽልየሉ እትኽእል ቦታ ኣሎ፤

ነቲ ብናይ ጸልማት ሰንሰለት ተኣሲሩ ዝጠፍእ ዘሎ እሱር

ካብ ማእሰርቱ ክፍታሕ፡ "ተንሰእ!"  እትብለሉ ቦታ ኣሎ፣

መኽዘን ዕቑር ወርቂ ተመጣጢርካ ትበጽሓሉን

ንጕይታ ሓራ እትገብረሉን/እትማርኸሉን ስፍራ ኣሎ፣

ኣገልገልቲ ወንጌል እትሰደሉ ኣብ ገለ ርሑቕ

ገምገም ባሕሪ ዘሎ ሃገር ኣሎ።

ነቲ ጽኑዕ ልመናኻ ምላሽ ንምሃብ ሰማያዊ

ተዋጋኢ ሓይሊ ዝንቀሳቐሰሉ ስፍራ ኣሎ፤

እግዚኣብሄር ባዕሉ ዝወርደሉን ስሌኻ ዝዋጋኣሉን ስፍራ፣

ጸጥ ዝበለ ናይ ፈተነ ሰዓት ኣሎ፣

እቲ ምስጢራዊ ቦታ ኣበይ ኣሎ፧ ኢልካ ሓቲትካ'ዶ ትፈልጥ፧

ዎ! ነፍሲ እያ፡ ንሳ እታ ምስጢራዊ ናይ ጸሎት ቦታ እያ!

\- ደራሲ ኣይተፈልጠን።

# ዕላማታት መጽናዕቲ

ነዚ ትምህርቲ እዚ ምስ ወዳእካዮ ነዞም ዝስዕቡ ክትክእል ኢኻ፤

- ጸሎት እንታይ ምዃኑ ክትገልጽ፣
- ጸሎት ብኸመይ ከም ዝምለስ ከተብርህ፣
- ተራ ጸሎት ኣብ ህይወት የሱስ ክርስቶስ ኣጠቓሊልካ ከተቕርብ፣
- ደረጃታት ጸሎት ከተለሊ፣
- ዝተፈላለዩ ዓይነታት ጸሎት ክትፈልጥ፣
- ናይ ኣማላድነት/ምምላድ ጸሎት እንታይ ምዃኑ ክትገልጽ፣
- ብመሰረት መጽሓፍ ቅዱስ፣ ሓደ ኣማኒ ከም ኣማላዲ ዝህቦ ኣገልግሎት ክትገልጽ፣
- የሱስ ክርስቶስ ንኣማላድነት ኣርኣያና ምዃኑ ክትርዳእ፡
- ኣማላድነት (ማልዶት) ብኸመይ ከም ዝግበር ከተብርህ፣
- ኣማላድነት ስለምንታይ ኣገዳሲ ምዃኑ ክትገልጽ፣
- ንምምላድ ዝኾኑ መንፈሳዊ ጸጋታት እንተላይ ዝተዋህበካ ሓይልን ስልጣንን ምእሳርን ምፍታሕን፣ ስም የሱስ፣ ደም የሱስን ጾምን ክትጥቀም፣
- ከመይ ጌርካ ከም እተማልድ ከተብርህ፣
- ንውጽኢታዊ ኣማላድነት ዝሕግዙ ሕጋጋት ኣጠቓሊልካ ከትቕርብ፣
- እንታይ ከም እተማልድ ክትፈልጥ፣
- ኣብ ናይ ኣማላድነት ተሰፋታት ኣምላኽ እናጠቐስካ ከተማልድ፣
- ንውጽኢታዊ ኣማላድነት ዝዕንቅፉ ነገራት ከተለልን ክትኣልን፣
- መዓስ ከም ዘይጽለ ክትፈልጥ፣
- መወከሲ ጸሎት ዚኸውን መጽሓፍ ቅዱሳዊ መብረሂታት ወይ ጥቕስታት ከተቕርብ፣
- ናይ ጉይታ ጸሎት ስለምንታይ ሓቀኛ ናይ ኣማላድነት/ምምላድ ጸሎት ምዃኑ ክትርዳእ፣
- ነቲ መወከሲ ጸሎት ብኣእምሮኻ ንምድጋም፣
- ነቲ መወከሲ ጸሎት ከም መምርሒ ናይ ኣማላድነት ጸሎት ክትጥቀሙ፣
- ምንቕቓሕ ማለት እንታይ ምዃኑ ክትገልጽ፣
- ምንቕቓሕ መዓስ ከም ዘድሊ ክትፈልጥ፣
- ንምንቕቓሕ ብኸመይ ክንዳሎ ከም ዘለና ከተብርህ፣
- ምልክታት ንድሕሪት ዝመልሱ ኩነታት ፈሊኻ ከተለሊ፣
- መጽሓፍ ቅዱሳዊ ሕጋጋት ምንቕቓሕ ኣጠቓሊልካ ከተቕርብ፣
- ንምንቕቓሕ ዝዕንቅፉ ነገራት ከተለልን ክትኣልን፣
- "መደብ ምንቕቓሕ እግዚኣብሄር" ብምጥቃም ከመይ ጌርካ ንምንቕቓሕ እትጽሊ ከም ዘሎካ ክትፈልጥ፣
- ንዝተወደበ ይኹን ናይ ብሕቲ ጸሎት ክትምድብን ከተውጽእን፣
- ኣብ ኣህጉራዊ ናይ ኣማላድነት ጸሎት ንምስታፍ፣ ትኽእል።
- ኣብ ምጅማርን ምቕጻልን ዘለዉ ጸገማት ምልላይን መፍትሒኦም ምንዳይን
- ንርእስኻ ኣብ ኣገልግሎት ኣማላድነት ክትውፍን ትኽእል።

# ምዕራፍ ሓደ
# ሠኸተዊ ጸሎት

## ዕላማታት፤

ነዚ ምዕራፍ ምስ ወዳእኩም ነዞም ዝስዕቡ ክትክእሉ ኢኹም፤

- ጸሎት እንታይ ም'ዃኑ ምግላጽ፣
- ጸሎት ብኸመይ ከም ዝምለስ ምግላጽ፣
- ተራ ጸሎት ኣብ ህይወት የሱስ ክርስቶስ ኣጠቓሊልካ ምቕራብ፣
- ዝተፈላለዩ ደረጃታትን ዓይነታትን ጸሎት ፈሊኻ ምፍላጥ።

## መሪሕ ጥቕሲ

> *ዝለመነ ኹሉ ይቕበል እዩ፥ ዝደለየ ድማ ይረክብ፥ ማዕጾ ዃሕኲሕ ንዘበለውን ይኽፈተሉ እዩ እሞ፡ ለምኑ ይውሃበኩም። ድለዩ፥ ትረኽቡ። ማዕጾ ኳሕኳሕ ኣብሉ፥ ይኽፈተልኩም እዩ። (ማቴዎስ 7:7-8)*

## መእተዊ

እዚ ምዕራፍ'ዚ ብዛዕባ "ጸሎት" ፡ ትርጉምን ጸሎትን የሱስ ብዛዕባ ጸሎት ዝሃቦ ኣገደሲ ኣስተምህሮን ክምህረና እዩ። ብተወሳኺ ጸሎት ብኸመይ ከም ዝምለስን ዝተፈላለዩ ደረጃታትን ዓይነታትን ጸሎት ከምዘለዉ ክንርዳእ ኢና።

## ትርጉም ጸሎት

ጸሎት ማለት ምስ ኣምላኽ ምዝርራብ ማለት እዩ። ጸሎት ዝተፈላለየ መልክዕ እኳ እንተሓዘ፥ ብመሰረቱ ግና ሰብ ምስ ኣምላኽ ክዛረብ ከሎን ኣምላኽ ድማ ንሰብ ክዛረቦ ከሎን እዩ ዝፍጸም። ጸሎት በዞም ዝስዕቡ መገዲታት ይቐርብ፤

| | |
|---|---|
| ስም እግዚኣብሄር ብምጽዋዕ፡ | ኦሪት ዘፍጥረት12፡8 |
| ናብ ኣምላኽ ብምእዋይ፡ | መዝ ዳዊት 27፡7፤ 34 ፡ 6 |
| ናብ ኣምላኽ ብምቕራብ፦ | መዝ ዳዊት 73:28፤ እብራውያን 10፡22 |
| ንላዕሊ ብምጥማት፡ | መዝ ዳዊት 5:3 |
| ነፍስኻ ናብ ኣምላኽ ብምልዓል፡ | መዝ ዳዊት 25፡1 |
| ልብኻ ምስናይ ኣእዳውካ ብምልዓል፡ | ድጉዓ ኤርምያስ 3፡41 |
| ልብኻ ብምፍሳስ፡ | መዝ ዳዊት 62፡8 |
| ነፍስኻ ናብ ኣምላኽ ብምፍሳስ፡ | 1ይ ሳሙኤል 1፡15 |
| ናብ ሰማይ ብምምህላል፡ | 2ይ ዜና መዋእል 32፡20 |
| ናብ እግዚኣብሄር ብምምህላል፡ | ኦሪት ዘጸኣት 32፡11 |
| ንኣምላኽ ብምድላይ፡ | እዮብ 8፡5 |
| ገጽ እግዚኣብሄር ብምድላይ፡ | መዝ ዳዊት 27፡8 |
| ነቲ ኹሉ ዝኽእል ብምልማን፣ | እዮብ 8:5፤ ኤር 36፡7 |

ጸሎት፡ ምስ ኣምላኽ ምዝርራብ ጥራይ ዘይኮነስ ንኣምላኽ ምስማዕ እውን ዘጠቓልል እዩ። ጸሎት ምዝርራብ እኳ እንተኾነ ብሓደ ወገን ዝግበር ዝርርብ ግን ነዊሕ ኣይጸንሕን እዩ። ክትጽሊ ከለኻ ኣምላኽ ክዛረበካ ተጸበ። እግዚኣብሄር መብዛሕትኡ

እዋን ብቃሉ ወይውን ብ"ህዱእን ትሑት ድምጺ" ብዝመስል ንልብኻ ይዛረብ እዩ። ሓደ ሓደ ግዜ ከኣ ራእይ ይህበካ ወይ ድማ ነቲ ብሰማያዊ ቋንቋ ዝጸለኻዮ ትርጉሙ ኣብ ውሽጢ ሰብነትካ ይገልጾ።

ኣብ ትጽልየሉ እዋን ኣይትተሃወኽን ኩሉ ልመናኻ ኣብ እግዚኣብሄር ደርቢኻ ጸሎትካ ኣይተቋርጽን፡ ንሱ ክዛረበኻ ድማ ጊዜ ሃቦ። እግዚኣብሄር ንሕቶታትካ መልሲ፡ ናይ ዝመጽእ መዓልቲ/ታት መምርሒ ክህበካን ቀዳምነታትካ ኣብ ምስራዕ ክሕግዘካን እዩ። ሓደ ሓደ ግዜ ድማ ንሓደ ተማልደሉ ዘለኻ ሰብ እተካፍሎ ፍሉይ ናይ ምትብባዕ መልእኽቲ ክህበካ'ዩ።

ክትጽሊ ከለኻ፡ ክትክተሎ ዘሎካ መጽሓፍ ቅዱስ ዝእዝዞ ሓደ ፍሉይ ኣቃውማ የለን፣ እንተኾነ ብኸምዚ መገዲ ክትጽሊ ትኽእል ኢኻ፡

| | |
|---|---|
| ደው ኢልካ፡ | 1ይ ነገስት 8:22፤ ወንጌል ማርቆስ 11:25 |
| ብምስጋድ፡ | መዝ. ዳዊት 95:6 |
| ተምበርኪኽካ | 2ይ ዜና 6፡13፤ መዝ 95:6፤ ሉቃ 22፡41፤ ግብ 20:36 |
| ብገጽካ ተደፊእካ፡ | ዘሁልቍ 16፡22፤ እያሱ 5:14፤ 1ይ ዜና 21:16፤ ማቴ 26፡39 |
| ኣእዳውካ ዘርጊሕካን | ኢሳ 1፡15፤ 2ይ ዜና 6፡13 |
| ኣእዳውካ ኣልዒልካን | መዝ. ዳዊት 28:2፤ ድጉዓ ኤር 2:19፤ 1ይ ጢሞ 2፡8 |

## ጸሎት ብኸመይ ይምለስ፤

መጽሓፍ ቅዱስ ጸሎት ብኸምዚ ዝስዕብ ከም ዝምለስ ይገልጽ፤

| | |
|---|---|
| ሽዑ ሽዑ | ኢሳያስ 65፡24 ፤ ዳንኤል 9፡21-23 |
| ድንጉይ ኢሉ፡ | ሉቃስ 18፡7 |
| ካብ ድሌትና ብዝተፈልየ፡ | 2ይ ቆረጦስ 12፡8-9 |
| ካብ ትጽቢትና ንላዕሊ | ኤርሚያስ 33:3፤ ኤፌሶን 3፡20 |

## ናይ የሱስ ናይ ጸሎት ህይወት

ከምቲ ጸሎት ንጉይታና የሱስ ክርስቶስ ኣገዳሲ ዝነበረ፡ ንኣናውን ኣገዳሲ ክኸውን ይግባእ። የሱስ እቲ ዝዓበየ ናትና ኣርኣያ ናይ ኣማላድነት ጸሎት እዩ። ንነፍሲ ወከፍ ብዛዕባ ናይ ጉይታ የሱስ ናይ ጸሎት ህይወት ዝገልጹ መወከሲታት ኣጽንዓዮም።

### የሱስ ንጸሎት ቀዳምነት ይህቦ ነይሩ፡

| | |
|---|---|
| ኣብ ዝኾነ እዋን፡ መዓልቲ ይኹን ለይቲ ይጽሊ ነይሩ | ሉቃስ 6:12-13 |
| ንጸሎት ካብ ብልዒ ንላዕሊ ቀዳምነት ይህቦ ነይሩ፡ | ዮሃንስ 4፡31-32 |
| ንጸሎት ካብ ስራሕ ንላዕሊ ቀዳምነት ይህቦ ነይሩ | ዮሃንስ 4፡31-32 |
| ንደቀ መዛሙርቱውን ጸሎት ምሂርዎም | ማቴዎስ 6፡9-13 |

### የሱስ ንኹሎም ኣብ ህይወቱ ኣገዳስቲ ዝኾኑ ፍጻመታት ብጸሎት የሰንዮም ነይሩ፡

| | |
|---|---|
| ኣብ ጥምቀቱ፡ | ሉቃስ 3፡21-22 |
| ኣብቲ መጀመርያ እዋን ናይ ኣገልግሎቱ፡ | ማርቆስ 1፡35 ፤ ሉቃስ 5 ፡ 16 |
| ቅድሚ ምምራጽ ደቀ መዛሙርቲ፡ | ሉቃስ 6፡12-13 |
| ቅድሚ/ድሕሪ ምምጋብ ነቶም 5,000 | ማቴ. 14፡19,23፤ ማርቆስ 6፡41,46፤ |
| ኣብ ምምጋብ ነቶም 4000 | |

| | |
|---|---|
| ጴጥሮስ ቅድሚ ምንስሑ | **ዮሃንስ** 6፡11,14-15 |
| ቅድሚ ምልዋጥ ትርኢቱ፡ | **ማቴዎስ** 15:36፤ **ማርቆስ** 8፡6,7 |
| ኣብ ምምላስ እቶም ሰብዓ | **ሉቃስ** 9፡18 |
| ኣብ መቓብር ኣልኣዛር፡ | **ሉቃስ** 9፡28,29 |
| ኣብ ምብራኽ ቀልዑ፡ | **ማቴዎስ** 11፡25፤ **ሉቃስ** 10፡21 |
| ኣብ ምምጻእ ገለ ጽርኣውያን | **ዮሃንስ** 11፡41-42 |
| ንጴጥሮስ | **ማቴዎስ** 19፡13 |
| መንፈስ ቅዱስ ክወሃቦም፡ | **ዮሃንስ** 12፡27-28 |
| ኣብ መንገዲ ኤማሁስ፡ | **ሉቃስ** 22፡32 |
| ቅድሚ ዕርገቱ፡ | **ዮሃንስ** 14፡16 |
| ንሰዓብቱ፡ | **ሉቃስ** 24፡30-31 |
| ቅድሚ እቲ ዝዓበየ ፈተንኡ፡ | **ሉቃስ** 24፡50-53 |
| | **ዮሃንስ** 17 |
| | **ማቴ**. 26፡26-27፤ |
| | **ማርቆስ** 14:22-23፤ **ሉቃስ** 22፡17-19 |

## ደረጃታት ጸሎት

ኣብ ጸሎት ሰለስተ ደረጃታት ዕምቈት ኣለዉ፡ ምልማን (ምሕታት)፡ ምድላይን ምኹሕኳሕን እዮም።

*ዝለመነ ኹሉ ይቕበል እዩ፡ ዝደለየ ድማ ይረክብ፡ ማዕጾ ዃሕዃሕ ንዘበለውን ይኽፈተሉ እዩ እሞ፡ ለምኑ ይውሃበኩም። ድለዩ፡ ትረኽቡ። ማዕጾ ዃሕኳሕ ኣብሉ፡ ይኽፈተልኩም እዩ። (ማቴዎስ 7:7-8)*

***ምልማን፤*** ምልማን ቀዳማይ ደረጃ ናይ ጸሎት እዩ። ልመናኻ ናብ ኣምላኽ ምቕራብን ቅልጡፍ መልሲ ምቕባልን የጠቓልል። ንኽትቅበል ድማ እቲ ቅድመ ኩነት፡ ምልማን እዩ።

*ሰለ ዘይለመንኩም የብልኩምን። (ያእቆብ 4፡2)*

***ምድላይ፡*** ምድላይ ካብ ምልማን ዝዓሞቐ ደረጃ ጸሎት እዩ። እዚ ደረጃ ጸሎት እዚ መልሲ ከምቲ ኣብ ናይ ምልማን ደረጃ ቅጽበታዊ ዘይኮነሉ ደረጃ ጸሎት እዩ። ኣብታ ላዕለዋይ ክፍሊ 120 ሰባት ተኣኪቦም ብዘይምቁራጽ ዝጸለይዎ ጸሎት ኣብነት ክንርኢ ንኽእ ኢና። እዞም ሰብኡትን ኣንስትን እቲ እተነግሮም ናይ መንፈስ ቅዱስ ተስፋ ፍጻሜ ደልዮም መልሲ ክሳዕ ዝረኽቡ ምድላይ ቀጸሉ (ግብሪ ሃዋርያት 1፡2) ።

***ምኹሕኳሕ፡*** ምኹሕኳሕ እቲ ኣዝዩ ዝዓሞቐ ደረጃ ጸሎት እዩ። እዚ መልሲ ኣብ ምምጻእ ጊዜ ምስ ዝነውሕ መልሲ ክሳብ ዝመጽና ብዘይምሕላል እንገብሮ ጸሎት እዩ። እዚ በቲ የሱስ ኣብ ሉቃስ 11፡5-10 ዝሃቦ ምሳሌ ተገሊጹ ኣሎ። ብተወሳኺ ናይ ዳንኤል ጽንዓት ዘለዎ ጸሎት ኣብነት ክኾነና ይኽእል እዩ ፡ ሰይጣን ነቲ ካብ ኣምላኽ ዝመጸ መልሲ ብምድንጓዩ ዝርአ ልውጢ እኳ እንተዘይነበረ፡ ዳንኤል "ምኹሕኳሕ" ብምቕጻሉ መልሲ ጸሎቱ ረኸበ። (ዳንኤል 10) ።

## ዓይነታት ጸሎት

ጳውሎስ፡ ኣመንቲ ኩሉ ግዜ "ብኹሉ ጸሎት" ክጽልዩ ይጽውዕ (ኤፌሶን 6፡18) ። ኣብ ካልእ ትርጉም መጽሓፍ ቅዱስ ከኣ፡ "ብኹሉ ዓይነት ጸሎት" ምጽላይ (Goodspeed Translation) ዝብል ነንብብ። እዚ ዝተፈላለዩ ዓይነታት ጸሎት ከም ዘለዉ ዘማላኽት ኮይኑ ንሳቶም ድማ፤

### 1. ኣምልኾን ውዳሴን/ምስጋናን፤

ናብ መቕደስ ኣምላኽ ብኣምልኾን ውዳሴን/ምስጋናን እቶ፡

*ኣብ ደጌታቱ ብምስጋና፣ ኣብ ኣጸዱውን ብውዳሴ እተዉ፣ ኣመስግንዎ ንስሙ ኸኣ ባርኹ። (መዝሙር 100:4)*

ኣምልኾ ክብርን ተወፋይነትን ንእግዚኣብሄር ምሃብ እዩ። ምስጋና፡ መግለጺ ነቲ እግዚአብሔር ዝገበሮ ውሬታ ጥራሕ ዘይኮነስ ናይ መንነቱ መግለጺ'ውን እዩ። ንስኻ ንኣምላኽ ብመንፈስን ብሓቅን ከተምልኾ ይግባእ፤

*“ኣምላኽ መንፈስ እዩ፡ እቶም ዚሰግድሉ ድማ ብመንፈስን ብሓቅን ኪሰግዱሉ ይግባኦም። ኣቦ ኸምዚ ዝበሉ ሰገድቲ እዩ ዚደሊ እሞ፡ እቶም ናይ ሓቂ ሰገድቲ ነቦ ብመንፈስን ብሓቅን ዚሰግዱሉ ሰዓት ክትመጽእ እያ፡ ንሳ ኸኣ ሕጂ እያ።” (ዮሃ 4፡23-24)*

ንኣምላኽ ብሓቂ ምምላኽ ማለት በቲ ኣብ ቃል ኣምላኽ ዝተገልጸ መሰረት ጌርካ ተምልኾ ማለት እዩ። ብመንፈስ ምምላኽ፡ ካብ ኩሎም ካልኦት ነገራት ንኣምላኽ ቀዳምነት ሂብካ፡ ብሓይሊ መንፈስ ቅዱስ፡ ካብ ውሽጢ ስብእናኻ ብልቢ ክትገብሮ ከለኻ እዩ። ብመንፈስ ከተምልኽ ከለኻ መንፈስ ቅዱስ ንኣምልኾኻ ክመርሕ ተፍቅደሉ ማለት እዩ። ኣብ ኣምልኾ፡ ሰብ ዝሰርዖ ኣገባባት/ሜላታት ወይ ድማ ስርዓተ ኣምልኾ/ልምዲ ኣይትጠቀም። ብተወሳኺ ብኣእምሮኻ ካብ ካልእ ቦታ ዝሓዝካዮ ጭርሖ ወይ ጸሎት ወይ መዝሙር ኣይትድገም።

ኣብ ክንድኡ ንውሽጣዊ ሸጓሹግ ልብኻን ኣእምሮኻን ከፊትካ፡ ብናይ ገዛእ ርእስኻ ቃላት ብምስጋናን ኣምልኾን ንእግዚኣብሄር ክብ ኣብሎ። ሓደ ሓደ ግዜ፡ መንፈስ ቅዱስ ምሉእ ብምሉእ ይቆጻጸረካ እሞ፡ “ብካልእ ቋንቋታት፡” ናይ ጸሎት ቋንቋኻ፡ ምምላኽ ትጅምር።

ምስጋናን ኣምልኾን በዞም ዝስዕቡ ክስነ ይከኣል፡

| | |
|---|---|
| ብመዝሙር፡ | መዝ ዳዊት 9፡2,11፤ 40፡3፤ ማርቆስ 14 ፡ 26 |
| ብድምጺ ውዳሴ/ምስጋና፡ | መዝ ዳዊት 103፡1 |
| ብጭድርታ፡ | መዝ ዳዊት 47፡1 |
| ኣእዳው ብምልዓል ፡ | መዝ ዳዊት 63:4፤ 134 ፡ 2፤ 1ጢሞቴዎስ 2፡8 |
| ብጣቓዒት፡ | መዝ ዳዊት 47:1 |
| ብመሳርሒ ሙዚቃ ፡ | መዝ ዳዊት 150:3-5 |
| ደው ብምባል ፡ | 2ይ ዜና መዋእል 20፡19 |
| ብስግዳን፡ | መዝ ዳዊት 95:6 |
| ብሳዕስዒት ፡ | መዝ ዳዊት 149፡3 |
| ብምብርካኽ ፡ | መዝ ዳዊት 95:6 |
| ብምድቃስ/ብምዝርጋሕ፡ | መዝ ዳዊት 149:5 |

### 2. ተወፋይነት፤

እዚ ዓይነት ጸሎት፡ ህይወትካን ፍቓድካን ንኣምላኽ ምውፋይ ማለት እዩ። እዚ ኸኣ ንቅብኣት እግዚአብሔርን ንዕዮኡን ንዕላማታቱን ኩሉ ነገርካ ምውፋይ የጠቓልል።

### 3. ልመና፤

ናይ ልመና ጸሎት ምሕጽንታታት ወይ ጥርዓናት ናብ እግዚኣብሄር እነቕርበሉ ጸሎት እዩ። ልመናታት ብመሰረት ፍቓድ ኣምላኽ ከምቲ ኣብ ቅዱስ ቃሉ ዝተገልጸ ክግበር ኣለዎ። ልመናታት ኣብ ናይ ምሕታት፥ ምድላይ ወይ ምኹሕኳሕ ደረጃታት ክኾኑ ይኽእሉ እዮም። ምህለላ ተመሳሳሊ ቃል ናይዚ ዓይነት ጸሎት እዩ። ምህለላ "ንኣምላኽ ምልማን ወይ ንሓደ እትደልዮ ነገር ንኽትረክብ ኢልካ ብዘይምቑራጽ እትገብሮ ጸሎት እዩ።

## 4. ኑዛዜን ንስሓን፤

ናይ ኑዛዜ ጸሎት ንሓጢኣትካ ምእ'ማንን ይቕሬታ ምሕታትን የጠቓልል።

> *"ሓጢኣትና እንተ ተናዚዝና፥ ንሓጢኣትና ይቕረ ኪብለልና፥ ካብ ኲሉ ዓመጻውን ኬንጽሃና እሙንን ጻድቕን እዩ።" (1ዮሃ 1፥9)*

## 5. ኣማላድነት (ማልዶት)፤

ኣማላድነት ስለ ኻልኦት ምጽላይ ማለት እዩ። ኣማላዲ ማለት ሓደ ናይ ካልእ ሰብ ቦታ ዝሕዝ ወይ ናይ ካልእ ጉዳይ ዝጣበቕ ማለት እዩ። ኣብዚ ዓይነት ጸሎት እዚ እዩ ዝቕጽል ትምህርቲ ዘተኩር።

# ርእሰ ገምጋም

1. መሪሕ ጥቕሲ ዘኪርካ ጽሓፍ።

2. ጸሎት እንታይ ማለት እዩ፧

3. ጸሎት ብኸመይ ከም ዝምለስ ግለጽ።

4. ግደ ጸሎት ኣብ ህይወት የሱስ ክርስቶስ ኣጠቓሊልካ ጽሓፍ።

5. ኣብዚ ምዕራፍ'ዚ ዝተዘተየሎም ደረጃታት ጸሎት ፈላሊኻ ግለጽ።

6. ኣብዚ ምዕራፍ ዝተዘተየሎም ሓሙሽተ ዓይነታት ጸሎት ብሕጽር ዝበለ ጽሑፍ ግለጽ።

(መልሲ ፈተነ ኣብ መዛዘሚ ናይ መወዳእታ ምዕራፍ ናይዚ መጽሓፍ ተዋሂቡ ኣሎ።)

# ተወሳኺ መጽናዕቲ

1. ነቶም ኣብ ታሕቲ ምእንቲ ኣህጉራትን ዓለምን ንኽትጽሊ ዝሕግዙ መምርሒታት ጸሎት ተጠቒምኩም ጸልዩ፡
   ሰኑይ፡ ስለ እስያ፡

   ሰሉስ፡ ስለ ኤውሮጳ፡

   ረቡዕ፡ ስለ ኣፍሪቃ፡

   ሓሙስ፡ ስለ ሰሜን ኣመሪካ፡

   ዓርቢ፡ ደቡብ (ንላቲን) ኣመሪካ፡

   ቀዳም፡ ንነተን ኣብ ማእከል ውቅያኖስ ዝርከባ ደሴታትን (ደሴታት ኣሽያንያ)

   ሰንበት፡ ንመላእ ዓለምን።

2. ነዞም ዝስዕቡ ቅዱሳት ጽሑፋት ደጊምካ ኣጽንዕ ድሕሪኡ ብዝተፈላለየ ኣቃውማ ጸሊ፡

| | |
|---|---|
| ደው ኢልካ | 1ይ ነገስት 8:22፤ ማርቆስ 11:25 |
| ብስግዳን | መዝሙር ዳዊት 95:6 |
| ተንበርኪኽካ | 2ይ መዋ. ዜና 6፡13፤ መዝሙር ዳዊት 95:6፤ ሉቃስ 22፡41፤ ግ/ሃ 20፡36 |
| ብገጽካ ተደፊእካ | ዘሁልቍ 16፡22፤ እያሱ 5:14፤ 1ይ ዜና መዋእል 21:16፤ ማቴዎስ 26፡39 |
| ኣእዳውካ ዘርጊሕካ | ኢሳይያስ 1፡15፤ 2ይ ዜና መዋእል 6፡13 |
| ኣእዳው ኣልዒልካ | መዝሙር ዳዊት 28:2፤ድጉዓ ኤርምያስ 2:19፤ 1ጢሞቴዎስ 2፡8 |

3. ቀጺልካ ከምቲ ቁዱስ ጽሑፍ ዝመርሓካ ብዝተፈላለየ መገዲ ንኣምላኽ ኣመስግኖን ወድሶን ኣምልኾ፡

| | |
|---|---|
| ብመዝሙር | መዝሙር ዳዊት 9፡2-1፤ 40፡3፤ ማርቆስ 14፡26 |
| ብዝስማዕ ውዳሴ | መዝሙር ዳዊት 103፡1 |
| ብዓውታ | መዝሙር ዳዊት 47፡1 |
| ኣእዳው ብምልዓል | መዝሙር ዳዊት 63:4፤ 134 ፡ 2፤ 1ጢሞቴዎስ 2፡8 |
| ብጣቝዒት፡ | መዝሙር ዳዊት 47:1 |
| ብመሳርሒ ሙዚቃ | መዝሙር ዳዊት 150:3-5 |
| ብደው ምባል | 2ይ ዜና መዋእል 20፡19 |
| ብስግዳን | መዝሙር ዳዊት 95:6 |
| ብሳዕስዒት | መዝሙር ዳዊት 149፡3 |
| ብምብርካኽ | መዝሙር ዳዊት 95:6 |
| ብምድቃስ | መዝሙር ዳዊት 149:5 |

# ምዕራፍ ክልተ
# ናይ ኣማላድነት ጸሎት

***ዕላማታት፤***

*ነዛ ምዕራፍ ምስ ወዳእካ ነዚ ክትገብር ክትክእል ኢካ*

- *ትርጉም ኣማላድነት ንምግላጽ፡*
- *ኣማኒ ከም ኣማላዲ ዝገብሮ ማልዶት ብመሰረት መጽሓፍ ቅዱስ ክትገልጽ፡*
- *የሱስ ክርስቶስ ንናይ ኣማላድነት ጸሎት ኣርኣያና ምኳኑ ክትርዳእ፡*
- *ኣማላድነት ብኸመይ ከም ዝግበር ክትገለጽን*
- *ኣማላድነት ስለ ምንታይ ኣገዳሲ ከም ዝኾነ ከተብርህን።*

***መሪሕ ጥቕሲ፥***

> ***ስለዚ ድማ ኑቶም ብእኡ ኣቢሎም ናብ ኣምላኽ ዚመጹ፡ ኩሉ ጊዜ ምእንታኦም ኪልምን ዚነብር ስለ ዝኾነ፡ ፈጺሙ ኺድሕኖም ይኽእል እዩ።*** *(እብ 7:25)*

***መእተዊ***

*ኣብ መወዳእታ ክፋል ናይ ዝሓለፈ ትምህርቲ ኣማላድነት ምእንቲ ካልኦት ምጽላይ ምኳኑ ተማሂርካ ኢኻ። ኣማላዲ ማለት ናይ ካልእ ቦታ ዝሕዝ ወይ ናይ ካልእ ጉዳይ ዝጣበቕ ማለት እዩ። በዚ ኸምዚ ኽትጽሊ ኸለኻ፡ ተማልድ ኣለኻ ማለት እዩ፦*

*"ኣማላድነት፡ ሓደ ሰብ ንኻልእ ወይ ንኻልኦት ምትእትታው ኣምላኽ ኣዝዩ ዘድልዮም ሰባት ወኪሉ ናብ ኣምላኽ ዝልምነሉ “ቅዱስ፡ ኣእማኒ፡ ጽንዓት ዝመልአ ጸሎት” ተባሂሉ ክግለጽ ይኽኣል።*

*ዝቕጽል ክፋል ናይዚ ትምህርቲ ኣብዚ ዓይነት ጸሎት ዘተኮረ እዩ። ኣብዚ ትምህርቲ እዚ መጽሓፍ ቅዱሳዊ ሰረት ኣማላድነት፡ ብዛዕባ እቲ ናይ ኣማላድነት ኣርኣያና ዝኾነ ጎይታናን መድሓኒናን የሱስ ክርስቶስ፡ ትግባረ ኣማላድነትን ስለምንታይ ኣገዳሲ ኣገልግሎት ምኳኑን ክትመሃር ኢኻ።*

***መጽሓፍ ቅዱሳዊ ሰረት ኣማላድነት***

*መጽሓፍ ቅዱሳዊ ሰረት ኣማላድነት ናይ ሓድሽ ኪዳን ኣመንቲ፡ ከም ናይ እግዚኣብሄር ካህናት፡ ጽውዓና ንኣገልግሎት ኣማላድነት እዩ። ቃል ኣምላኽ፡ ቅዱስ ክህነት* (1ጴጥ 2:5) *፡ ናይ መንግስቲ ክህነት* (1ጴጥ 2:9) *፡ ናይ መንግስቲ ካህናት* (ራእ 1:5) *ምኳንና ይሕብር።*

*ነዚ ጻውዒት ክህነት ናይ ኣማላድነት ንምርዳእ ነቲ ኣብ ናይ ብሉይ ኪዳን ናይ ሌዋውያን ኣገልግሎት ክህነት ከም ኣብነት ክውሰድ ይከኣል። ኣብ ብሉይ ኪዳን ናይቲ ካህን ሓላፍነት* ***ኣብ ቅድሚን ኣብ መንጎን*** *ደው ምባል እዩ ነይሩ፡ ማለት መስዋእቲ ሕሩድን መስዋእቲ ብልዕን ንምቕራብ ኣብ ቅድሚ እግዚኣብሄር ይቐርብ ከምኡውን ንኣምላኽን ነቲ ሓጥእ ሰብን ንምትዕራቕ ኣብ መንጎ ኣምላኽን እቲ ሰብን ኣብቲ ቦታ መስዋእቲ ደም ደው ይብልን ነበረ።*

*እብራውያን* 7:11-19*፡ ኣብ መንጎ ናይ ብሉይ ካህናትን ናይ ሓድሽ ኪዳን ካህንን ኣገልግሎት ዘሎ ፍልልይ ይገልጽ። ናይ ብሉይ ኪዳን ናይ ሌዋውያን ክህነት ብዘርኢ ነገድ ሌዊ ኣቢሉ ካብ ወለዶ ናብ ወለዶ ይመሓላለፍ ነይሩ። ኣብ ብሉይ ኪዳን ዝተዘርበሉ "ክህነት መልከጼዴቅ"፡ ጐይታ የሱስ ሊቀ ካህናት ዝኾነሉ "ሓድሽ ስርዓት" መንፈሳዊ ክህነት እዩ። ብደሙን ብመንፈሳዊ ልደትናን፡ ከም ሓደስቲ ፍጡራት፡ ብክርስቶስ ናባና ይመሓላለፍ።*

***እቲ ኣርኣያ/ኣብነታዊ ኣማላዲ***

*እግዚኣብሄር ንየሱስ ናብ ምድሪ ዝለኣኸሉ ዕላማ ኣብ ቦትኡ ኾይኑ ከማልድ ምኳኑ መጽሓፍ ቅዱስ መዝጊብዎ ኣሎ።*

*ደጊም ሓደ እኳ ኸም ዘልቦ ረኣየ፡ ሓደ እኳ ዜማልድ ስለ ዘይነበረ ተገረመ። ሽዑ ቅልጽሙ ረድኦ፡ ጽድቁውን ደገፎ።* *(ኢሳ. 59፡16)*

የሱስ፡ ልክዕ ከምቲ ናይ ብሉይ ኪዳን ካህናት ዝገበርዎ ዝነበሩ፡ ኣብ ቅድሚ ኣምላኽን ኣብ መንጎ ኣምላኽን ሓጥእ ሰብን ደው ይብል፤

***"ማለት፡ ኣምላኽ ሓደ በይኑ እዩ እሞ እቲ ኣብ መንጎ ኣምላኽን ሰብን ዘሎ ማእከላይውን (ኣማላዲ)፡ እቲ ሰብ፡ ክርስቶስ የሱስ፡ ሓደ በይኑ እዩ።" (1ጢሞቴዎስ 2፡5)***

***"እቲ ዝፈርዶም መን እዩ፤ ክርስቶስ የሱስ እቲ ዝሞተ፡ ኤረ ኻብ ምዉታት እኳ ዝተንስአ፡ ኣብ የማን ኣምላኽ ኰይኑውን ምእንታና ዝልምን ዘሎ እዩ።" (ሮሜ 8፡34)***

***"ስለዚ ድማ ነቶም ብእኡ ኣቢሎም ናብ ኣምላኽ ዚመጹ፡ ኲሉ ጊዜ ምእንታኦም ኪልምን ዚነብር ስለ ዝኾነ፡ ፈጺሙ ኼድሕኖም ይኽእል እዩ።" (እብራውያን 7:25)***

የሱስ ነቲ ጻድቕ ኣምላኽን ነቲ ሓጥእ ሰብን ኣብ ቦታ ናይ ሓጢኣት መስዋእቲ ደም የቕርቦም። ድሕሪ ደጊም ከምቲ ኣብ ብሉይ ኪዳን ዝገበር ዝነበረ ደም እንስሳታት ኣድላዩ ኣይኮነን። ሕጂ ሳላ'ቲ ንሕድገት ሓጢኣት ኣብ መስቀል ቀራንዮ ዝፈሰሰ ደም የሱስ ናብ እግዚኣብሄር ክንቀርብ ትብዓት ኣሎና። ሳላ ደም የሱስ ብዘይ ፍርሒ ብትብዓት ናብ እግዚኣብሄር ክትቀርብ ትኽእል ኢኻ (እብራውያን 4፡14-16) ።

የሱስ ኣብዚ ምድሪ ኣብ ዝነበረሉ እዋን ኣማላዲ እዩ ነይሩ። ስለ እቶም ዝሓመሙን ብኣጋንንቲ ዝተታሕሓዙን ጸልዩ፡ ምእንቲ ደቀ መዛሙርቱ ጸልዩ፣ ንኹሎም እቶም ብእኡ ዝኣምኑ ከማልድ ከሎ ስሌኹምውን ጸልዩ እዩ። የሱስ ድሕሪ ሞቱን ትንሳኤኡን ማለት፡ ናብ ሰማይ ምስ ተመልሰ ከይተረፈ ናይ ኣማላድነት ኣገልግሎቱ ኣየቋረጸን፡ ሕጂ ድማ ኣብ ሰማይ ከም ኣማላዲና ኮይኑ የገልግል ኣሎ።

## ከመይ ጌርካ ኢኻ ተማልድ፤

ንሕና ከም ኣማለድቲ፡ ንናይ ብሉይ ኪዳን ክህነታዊ ስራሕ ለዋውያንን ናይ ሓድሽ ኪዳን ቅዲ የሱስን ተኸቲልና ኣብ ቅድሚ ኣምላኽን ኣብ መንጎ ጻድቕ ኣምላኽን ሓጥእ ሰብን ደው ንብል። ግናኸ ቅድሚ "ኣብ ቅድሚ" ኣምላኽ ደው ኢልና ብኣድማዕነት ነዚ ኣገልግሎት'ዚ ንምፍጻም ምስ እግዚኣብሄር ጥቡቕ ዝምድና ክነማዕብል ይግባእ።

ዘሁልቍ ምዕራፍ 14 ኻብቶም ዓብዪቲ ኣብ መጽሓፍ ቅዱስ እተመዝገቡ ናይ ኣማላድነት ጸሎታት ሓደ እዩ። ሙሴ ኣብ መንጎ እግዚኣብሄርን ሓጥእ ሰብን ደው ክብል ዝኽኣለ "ኣብ ቅድሚኡ" ደው ኢሉ ጥቡቕ ርክብ ስለ ዘማዕበለ እዩ። እግዚኣብሄር ከምቲ ምስ ካልኦት ነብያት ዝገበሮ ብራእይን ብሕልምን ዘይኮነስ ከም ዓርኪ ንዓርኪ ገጽ ንገጽ ምስ ሙሴ ከም እተዛረበ ኣብ ዘሁልቍ 12፡8 ተመዝጊቡ ንረኽቦ።

ከም ኣመንቲ ሓድሽ ኪዳን መጠን ከምቲ ኣብ ግዜ ብሉይ ኪዳን ዝግበር ዝነበረ ስለ ሓጢኣት እንስሳታት ኣይንሰውእን ኢና። ኣብ ክንድኡ ኣብ ቅድሚ ጐይታ ደው ኢልና መንፈሳዊ መስዋእቲ ምስጋና (እብራውያን 13፡5) ከምኡ'ውን ናይ ገዛእ ርእስና መስዋእቲ ሓጢኣትን ነቕርብ (ሮሜ 12፡1) ። እቲ ምስ እግዚኣብሄር ዘለና ጥቡቕ ዝምድና ኸኣ "ኣብ መንጎ" እግዚኣብሄርን ካልኦትን ደው ክንብልን ንኣታቶም ወኪልና ከም ተጣበቕትን ኣማለድትን ኮይንና ከነገልግል የኽእለና።

ጴጥሮስ ነዚ ክህነታዊ ኣገልግሎት ንምግላጽ ክልተ ቃላት ተጠቒሙ፡ "ቅዱስ"ን "መንግስት" ን ። ኣብ ቅድሚ ጐይታ ደው ንምባል ቅድስና የድሊ (እብራውያን 12፡14) ። ንሕና ነዚ ብናይ ገዛእ ርእስና ጽድቂ ዘይኮነስ ብጽድቂ ክርስቶስ ጥራይ ኢና ክንገብሮ እንኽእል። ንጉሳውነት፡ ንሕና ከም ኣባላት ንጉሳዊ ቤተሰብ ናብ ማሕደር ዝፋን ኣምላኽ ክንእቱ መሰል ከም ዝተዋህበና ዝገልጽ ንጉሳዊ ስልጣን እዩ።

ሓደ ሓደ ግዜ እዚ ናይ ክህነታዊ ኣማላድነት ብምስትውዓል እዩ ዝግበር። እዚ ንስኻ ብናይ ገዛእ ርእስኻ መበቀል ቋንቋ ንኻልኦት ከተማልድን ነቲ እትብሎ ዘለኻ ክትርዳእን ከሎኻ ዘጋጥም እዩ፤

***"እምብኣርሲ ስለ ኹሉ ሰብ፡ ብኹሉ ኣምልኾን ምርዛንን ሃዲእና ብዘይ ህውከት ምእንቲ ኽንነብርሲ፡ ስለ ነገስታትን ስለ ኹሎም መኳንንትን ልማኖን ጸሎትን ምህልላን ምስጋናን ኪግበር፡ ቅድሚ ኹሉ እምዕድ ኣሎኹ።" (1ጢሞ 2፡1-2)***

ኣብ ካልእ ግዜ ድማ ኣማላድነት ብመንፈስ ቅዱስ ይግበር። እዚ ምስ ከቢድ መንፈሳዊ ጾር ዝመጽእ ምጉሩምራም ክኸውን ይኽእል፣ ብዘይተፈልጠ ቋንቋውን ክኸውን ይኽእል እዩ። እዚ ምስ ዝኸውን መንፈስ ቅዱስ ብኣኻትኩም ኣቢሉ ከም ፍቓድ ኣምላኽ ብቐጥታ ናብ እግዚኣብሄር እናጸለየ ይዛረብ ናለት እዩ።

> *“መንፈስ ድማ ከምኡ ንድኻምና ይድግፎ እዩ። ከመይ ጌርና ኽንጸሊ ኸም ዚግብኣና፡ ኣይንፈልጦን ኢና፡ ስለዚ እቲ መንፈስ ባዕሉ እዩ ብዘይንገር እህህታ ዚልምነልና።”* (ሮሜ 8፡26)

> *“እቲ ብቛንቋ ዚዛረብ ምስጢራት ብመንፈስ ይዛረብ ኣሎ፡ ሓደ እኳ ኣየስተውዕሎን እዩ እሞ፡ ንኣምላኽ እምበር፡ ንሰብ ኣይኮነን ዚዛረብ ዘሎ።”* (1ቆሮ 14፡2)

እዚ ዓይነት ኣማላድነት ብኣእምሮኻ ኣይትርድኦን ኢኻ፡ ግናኸ "ብፍቓድ ኣምላኽ" ስለ ዝግበር ዝያዳ ኣድማዒ ጸሎት'ዩ። ኣእምሮኻን ፍቓድካን ብመንፈስ ቅዱስ፡ ብዘይተፈልጠ ቋንቋ ዝጽልዮ ጸሎት እዩ።

## ኣማላድነት ስለ ምንታይ ኣገዳሲ ኮይኑ፧

ከም ዝፍለጥ ኣማላድነት የሱስ ኣብ ናይ ምድሪ ኣገልግሎቱ ኣተኩሮ ዝሃቦ ኣገልግሎት እዩ። ኣገዳስነቱ ኣብ መጽሓፍ ቅዱስ፡ ብውጽኢታዊ ኣማላድነት ዓወት ናይ ዝረኸቡ ደቂ ተባዕትዮን ደቂ ኣንስትዮን ዛንታታት ተገሊጹ ኣሎ።

ብውጽኢታዊ ኣማላድነት ኣቢልካ ብመንፈሳ ኩኔታ/ዓይኒ ናብ ዝኾነ ክፋል ዓለም ክትከይድ ትኽእል ኢኻ። ጸሎትካ ንዘይተበጽሑ ሃገራት ናይ ጂኦግራፍያዊ፡ ባህላውን ፖለቲካውን ዕንቅፋታት ክሰግር ስለ ዝኽእል ናይ ርሕቀት ደረት የብሉን። ብጸሎትካ ንዕሜ ውልቀሰባትን ሃገራትን ክትጸሉ ትኽእል ኢኻ። ንህይወትን ነፍስን ናይ ሰብኡትን ኣንስትን፡ ኣወዳትን ኣዋልድን ንምድሓን ከተማልድ ከለኻ ወንጌል መንግስቲ ኣምላኽ ኣብ መላእ ዓለም ኣብ ምስፋሕ ብተግባር ትሕግዝ ኣሎኻ።

---

[1] **ንተወሳኺ ሓበሬታ ብዛዕባ ብኻልእ ቋንቋታት ምዝራብ ንምርካብ** "Ministry Of The Holy Spirit" **ዝብል ኣርእስቲ ናይ** Harvestime International Institute **ትምህርቲ ተወከሱ።**

## ርእሰ ገምጋም

1. **መሪሕ ጥቕሲ ናይዚ ምዕራፍ ዘኪርካ ጽሓፍ፧**

2. **ናይ ኣማላድነት ጸሎት እንታይ ማለት እዩ፧**

3. **ብመሰረት መጽሓፍ ቅዱስ ኣማኒ ከም ኣማላዲ ክገብሮ ዘለዎ ግለጽ፧**

4. **ናይ ኣማላድነት ኣርኣያና መን እዩ፧**

5. **ኣማላድነት ብኸመይ ከም ዝፍጸም ግለጽ፧**

6. **ኣማላድነት ስለምንታይ ኣገዳሲ ኾይኑ፧ ግለጽ፧**

(**መልሲ ርእሰ ገምጋም ኣብ መዛዘሚ ናይ መወዳእታ ምዕራፍ ናይዚ መጽሓፍ ተዋሂቡ ኣሎ።**)

## ንተወሳኺ መጽናዕቲ

**ሓደ ካብቶም ዓበይቲ ኣብነታት ናይ ኣማላድነት ጸሎት፡ እቲ ኣብ ዮሃንስ 17 ተመዝጊቡ እንረኽቦ ናይ ጎይታ ጸሎት እዩ። ናይ ጎይታ ጸሎት ንምጽናዕ ነዞም ዝስዕቡ መግለጺታት ተጠቐም፤**

**- የሱስ ስለ ርእሱ ጸሊዩ፡ ዮሃ** 17፡1-5

**ስለ ርእሱ ዝሓተቶ ሕቶታት ኣጠቓሊልካ ጽሓፍ፡**

- ________________________________________________

**- የሱስ ስለቶም ናይ ቀረባ ደቀ መዛሙርቱ ጸልዩ፡ ዮሃ** 17፡6-19

**ንሱ ስለቶም ናይ ቀረባ ደቀ መዛሙርቱ ዝሓተቶ ሕቶታት ኣሕጽር ኣቢልካ ጽሓፍ፡**

---

**- የሱስ ስለቶም ናይ መጻኢ ደቀ መዛሙርቱ ጸልዩ፡ ዮሃ** 17፡20-23

**ንሱ ስለቶም ናይ መጻኢ ደቀ መዛሙርቱ ዘቕረቦ ፍሉይ ልመናታት ዘርዝር፤**

- ________________________________________________

**- የሱስ ጸሎቱ ዛዚሙ፡ ዮሃ** 17፡24-26

**ንሱ ንጸሎቱ ብኸመይ ከም ዝዛዘሞ ብሓጺር ግለጽ፤**

` ________________________________________________

**- ናይ የሱስ ፍሉይ ድሌት እንታይ እዩ ነይሩ፧**

________________________________________________

**- ንሰዓብቱ ንጸሎት ኣመልኪቱ እንታይ ንደቀ መዛምርቱ ተዛሪብዎም፧**

-

---

**የሱስ "ኣብኦም" እንታይ ክኸውን ይደሊ ነይሩ፧**

---

# ምዕራፍ ሰለስተ
# መንፈሳዊ ቀረባት ንኣማላድነት

***ዕላማታት፤***

*ነዛ ምዕራርፍ ምስ ወዳእካያ ነዞም ዝስዕቡ ምግባር ክትክእል ኢኻ*

- *ኣብ ምምላድ መንፈሳዊ ቀረባት እንተላይ ኣብ ታሕቲ እተዘርዘሩ ክትጥቀም፣*
- *ዝተዋህበ ሓይልን ስልጣንን፡*
- *ምእሳርን ምፍታሕን*
- *ስም የሱስ*
- *ደም የሱስን*
- *ጾምን*

***መሪሕ ጥቕሲ፤***

> ***"ነቶም ዓሰርተው ክልተ ብሓባር ጸዊዑ፡ ኣብ ልዕሊ ኹሎም ኣጋንንቲ ሕማምውን ኪሕውዩ ሓይልን ስልጣንን ሃቦም።"*** *(ሉቃስ 9፡1)*

## ***መእተዊ***

እግዚኣብሄር ንዝተጸዋዕናሉ ናይ ኣማላድነት ኣገልግሎት እንፍጽመሉ ኣዳልዩልና እዩ። ኣብዚ ምዕራፍ ነዞም ጸጋታት ከምይ ጌርና ክንጥቀመሎም ከም እንኽእል ክንመሃር ኢና። እዚኦም ዓቢይቲ መንፈሳዊ ጸጋታት፡ ዝተዋህበ ሓይልን ስልጣንን፣ ምእሳርን ምፍታሕን፣ ስም የሱስን ደም የሱስን፡ከምኡ ኸኣ ጾምን ዘጠቓልሉ እዮም።

## 1. ***ዝተዋህበ ሓይልን ስልጣንን***

ምእንቲ ነፍሲ ሰብኡትን ኣንስትን፣ ኣወዳትን ኣዋልድን፣ ሃገርን፣ መንፈሳውን ፖለቲካውን መራሕቲ፣ ከነማልድ ከለና ምስ ጸላኢና ሰይጣን፡ ብግብሪ ኢና እንዋጋእ ዘሎና። እዚ ብገዛእ ዓቕምና ወይ ሓይልና ዘይኮነስ በቲ ብየሱስ ዝተዋህበና መንፈሳዊ ሓይልን ስልጣንን ኢና እንገብሮ፤

> ***"ነቶም ዓሰርተው ክልተ ብሓባር ጸዊዑ፡ ኣብ ልዕሊ ኹሎም ኣጋንንቲ ሕማምውን ኪሕውዩ ሓይልን ስልጣንን ሃቦም።"*** *(ሉቃስ 9፡1)*

*ኣብ መንጎ ሓይልን ስልጣንን ፍልልይ ኣሎ።* ኣብነት ናይ ሓደ ፖሊስ ንውሰድ። ፖሊስ ምልክት ስልጣኑ ዝኾኑ ኣርማን ዲቪዛን ኣለዎ። ንሱ ስልጣን ዘለዎ በቲ ኣብቲ መንግስቲ ዘለዎ ስፍራ እዩ። ኲሎም ሰባት ንስልጣኑ ስለ ዘየኽብሩሉ ንሱ ኸኣ ብረት ይሕዝ። እቲ ዚሓዞ ዕጥቂ ወይ ብረት ከኣ ሓይሉ እዩ። ናትካ ስልጣን ዝመጾ ብየሱስ ክርስቶስን ከም ኣማኒ በቲ ኣብ ክርስቶስ ዘለካ ስፍራን እዩ። እቲ ኣብ ልዕሊ ጸላኢ ዘለካ ሓይሊ ካብ መንፈስ ቅዱስ እዩ ዝመጽእ።

> ***"እንሆ፡ ኣነ ተስፋ ኣቦይ ክሰደልኩም እየ። ንስኻትኩም ግና ካብ ላዕሊ ሓይሊ ኽሳዕ እትለብሱ፡ ኣብ ከተማ የሩሳሌም ጸንሑ፡ በሎም።"*** *(ሉቃስ 24፡49)*

ንስኻ ምስ ሰይጣን ኣብ ትዋጋኣሉ እዋን፡ ጸሎትኻ ኣድማዒ ምእንቲ ክኸውን፡ ክምቲ ፖሊስ፡ ስልጣንን ሓይልን ክህልወካ የድልየካ። ኣመንቲ ነቲ ብክርስቶስ ዝረኸብዎ ሓድሽ ውልድነትን ኣብ ክርስቶስ ዘለዎም ስፍራን መረጋገጺ፡ ስልጣን ይወሃቡ፡ ገሊኦም ግን ብኣድማዕነት ከማልዱ ዘኽእሎም ሓይሊ መንፈስ ቅዱስ ክቕበሉ ናብ ጎይታ ፈጺሞም ኣይመጹን እዮም። ሓይሊ ምስ ስልጣን ተደሚሩ ብኣድማዒነት ከተማልድ የኽእለካ።

ሰይጣን ውሱን ሓይሊ ኣለዎ፡ ስልጣን ግን የብሉን። የሱስ ንኣና ኣብ ልዕሊ ኩሉ ሓይሊ ጸላኢ ክንገዝእ ሓይልን ስልጣንን ሂቡና እዩ። እቲ የሱስ ዝሃበና ሓይሊ ኣብ ኣማላድነት ንፍሉያት ዕላማታት እብ ምውዓል ዝቐንዐ ሓይሊ እዩ፤

## ስልጣን ኣብ ልዕሊ ጸላኢ፤

ነቶም ፈውስን ምንጋፍን ዘድልዮም ብጸሎት ከተማልድ ስልጣን ኣሎካ፤

> ***ንቶም ዓሰርተው ክልተ ብሓባር ጸዊዑ፡ ኣብ ልዕሊ ኹሎም ኣጋንንቲ ሕማምውን ኬሕውዩ ሓይልን ስልጣንን ሃቦም። (ሉቃ 9፡1)***

## ስልጣን ኣብ ልዕሊ ሓጢኣት፤

ምእንቲ እቶም ድሕነት ዘድልዮም ከተማልድ ስልጣን ኣሎካ፤

> ***"ሓጢኣቶም ንዝሐደግኩምሎም ይሕደገሎም፡ ንዝሐዝኩምሎም ከኣ ይተሐዘሎም እዩ፡ በሎም።" (ዮሃ 20፡23)***

## ስልጣን ንምስፋሕ ወንጌል፤

ጎይታ፡ ንምስፋሕ ወንጌል ዓየይቲ ክልእኽ ክትጽሊ ስልጣን ኣሎካ፡

> ***"ሽዑ ንደቀ መዛሙርቱ፡ እቲ እኽሊ ብዙሕ እዩ፡ ዓየይቲ ግና ሒደት እዮም። ስለዚ ነቲ ጐይታ እኽሊ ንእኽሉ ዓየይቲ ኺልእኽሉ ለምንዎ፡ በሎም።" (ማቴዎስ 9:37-38)***

## ምእሳርን ምፍታሕን

"ምእሳር" ዝብል ቃል ካብ "***ኣሳር***" ዝብል ናይ እብራይስጢ ቃል ዝመጸ ኮይኑ ትርጉሙ ድማ "ምእሳር፡ ምቑራን፡ ምዕጣቕ፡ ምትእሳር" የጠቓልል። እዚ ቃል'ዚ ኣብ ብሉይ ኪዳን ኣስታት 70 ግዜ ዝተጻሕፈትን እብራውያን ብዙሕ ግዜ ንኣፍራስን ኣእዱግን ምእሳር ንምምልካት ይጥቀሙሉ ዝነበሩ እዩ (2ይ ነገ 7፡10) ።

እቲ የሱስ ኣብ ማቴዎስ 12፡28-29 ዝሃቦ መግለጺ ዓብዪ ትርጉም ወይ ከኣ ኣገዳስነት ኣለዎ።

> ***"ኣነ ኣጋንንቲ ብመንፈስ ኣምላኽ ዘውጽኦም ካብ ኰንኩ ግና፡ እንሆ፡ መንግስቲ ኣምላኽ ናባኻትኩም መጺኣ። ወይስ ቅድም ነቲ ሓያል ከይኣሰረ፡ ናብ ቤት ሓያል ኣትዩ ኣቓሑኡ ኺብዝብዝ ዚኽእል መን ኣሎ፧ ድሕርዚ እዩ ቤቱ ዚብዝብዝ።" (ማቴዎስ 12:28-29)***

ነቲ ሓያል ከይኣሰርካ ንብረቱ ምውሳድ ዝከኣል ኣይኮነን። የሱስ፡ እቲ ሓያል ክብል ከሎ፡ ንሰይጣን እዩ ዚጠቅስ ዘሎ። እቶም ካብኡ ክውሰዱ ዘለዎም ንክብራት ንብረታት ሓደን ኣዝዩ ዝኸበረን፡ እቶም ዝጠፍኡ ውልቀሰባት ማለት፡ እቶም ናቱ ባርት ዝኾኑ፡ እንተላይ እቶም "ኣጋንንቲ ዝሓዝዎም" ሰባት እዮም።

የሱስ ንኣመንቲ ናይ ምእሳርን ምፍታሕን ሓይሊ ሂብዎም፤

> ***"መርሑታት መንግስተ ሰማያት ክህበካ እየ፡ ኣብ ምድሪ ዝኣሰርካዮ ኹሉ ኣብ ሰማይ እሱር ኪኸውን እዩ። ኣብ ምድሪ ዝፈታሕካዮ ኹሉ ድማ ኣብ ሰማይ ፍቱሕ ኪኸውን እዩ።" (ማቴዎስ 16፡19)***

የሱስ፡ ንእኩያት መናፍስቲ ቅድሚ ከተውጽኦም ኢልካ ምግናሕካ፡ ንኣኦም ምእሳር ኣገዳሲ ምዃኑ ምሂሩ እኳ እንተነበረ፡ እቲ ናይ ምእሳርን ምፍታሕን ኣገባብ ግን ካብ ምውጻእ ኣጋንንቲ ንላዕሊ ኣዝዩ ዝሰፈሐ እዩ። ሓይሊ ጸላኢ ኣብ ሕይወትካ፣ ቤትኻ፣ ማሕበረሰብካን ሕብረት ቤተክርስትያንካን ከይሰርሕ ክትኣስሮ ትኽእል ኢኻ። ንሰብኡትን ኣንስትን፡ ካብ ባርነት ሓጢኣትን ጭንቀትን ተስፋ ምቑራጽን ጸላኢ ክትፈትሕ ትኽእል ኢኻ። ካብ ነፍሲ ወከፍ ኩነታት ይኹን ሽግር ወይ ብድሆ መንፈሳዊ ምፍታሕ ኣሎ። እቲ ቁልፊ፡ ብናይ ኣማላድነት ጸሎት ንሓይሊ ጸላኢ ምእሳርን ነቶም ሰባት፡ ኩነታትን ሽግራትን ብድሆታን ምፍታሕን እዩ።

## ስም የሱስ

ስም የሱስ እቲ ክንልምነሉ እተዋህበና ስልጣን ዘለዎ ስም እዩ። የሱስ ከምዚ ብምባል ቃል ኣትዩልና፤

> ***"ብስመይ ገለ እንተ ለመንኩም፡ ክገብረልኩም እየ።" (ዮሃ 14፡14)***
>
> ***"ነቦ ብስመይ ዝለመንኩምዎ ዘበለ ኹሉ ኺም ዝሀበኩም፡ ብሓቂ፡ ብሓቂ እብለኩም ኣሎኹ።" (ዮሃ 16፡23)***

*“ነቶም ዚኣምኑውን እዚ ተኣምራት እዚ ኺሰዕቦም እዩ ፥ ብስመይ ኣጋንንቲ ኺውጽኡ፡ ብሓድሽ ልሳን ከኣ ኪዛረቡ፡ ኣትማን ኪሕዙ እዮም፡ ዚቐትል እንተ ሰተዩ ኸኣ፡ ኩቶ ኣይኪጐድኦምን እዩ፡ ኣእዳዎም ኣብ ሕሙማት ኬንብሩ ንሳቶምውን ኪሐውዩ እዮም።” (ማር 16፡17-18)*

*“የሱስ ቀሪቡ ኸምዚ ኢሉ ተዛረቦም፡ ኣብ ሰማይን ኣብ ምድርን ኲሉ ስልጣን ተዋሂቡኒ ኣሎ። ስለዚ ኺዱ ንዅሎም ኣህዛብ ብስም ኣቦን ወድን መንፈስ ቅዱስን እናኣጥመቕኩም፡ ዝኣዘዝኩኹም ኲሉ ኺሕልዉ ኸኣ እናመሀርኩም፡ ደቀ መዛሙርቲ ግበርዎም። እንሆ ድማ፡ ኣነ ኽሳዕ መወዳእታ ዓለም ኲሉ መዓልቲ ምሳኻትኩም እየ።” (ማቴዎስ 28:18-20)*

ብስም የሱስ ክትጽሊ፣ ክትሰብኽ፡ ክትምህር፡ ከተጠምቕ፡ ኣጋንንቲ ከተውጽእን ኣብ ልዕሊ ሕሙማት ኢድካ ኣንቢርካ ክትፍውስን ንኹሉ ሓይሊ ጸላኢ ክትኣስርን ስልጣን ተዋሂቡካ እዩ። ስም የሱስ ካብ ዝኾነ ስም ንላዕሊ ሓያል እዩ፤

*“ኣብታ እትመጽእውን እምበር፡ ኣብዛ ዓለም እዚኣ ጥራይ ዘይኰነ፡ ኣብ ልዕሊ ዅሉ ሽመትን ስልጣንን ሓይልን ጐይትነትን ዚሰመ ዘበለ ስምን ምስ ኣርኣሶ።” (ኤፌሶን 1፡21)*

*“ስለዚ ኸኣ ኣብ ሰማያትን ኣብ ምድርን ኣብ ትሕቲ ምድርን ዘሎ ዅሉ ብርኪ ብስም የሱስ ምእንቲ ኺምብርከኽ፡ ልሳን ዘበለውን ንኽብሪ እግዚኣብሄር ኣቦ ኢሉ የሱስ ክርስቶስ ጐይታ ምዃኑ ኺእመን እዩ ኣምላኽ ናብ ልዕሊ ዅሉ ልዕል ዘበሎ፡ ካብ ኲሉ ስም ልዕል ዝበለ ስምውን ዝሃቦ። ።” (ፊልጲ. 2:9-11)*

## ደም የሱስ

ደም የሱስ ሓደ ካብቶም ንከነማልድ ዘኽእሉና መንፈሳዊ ጸጋ እዩ። ብደሙ ኢና ናብ ዙፋን እግዚኣብሄር ኣቦ ንቐርብ፤

*“ስለዚ፡ ኣሕዋተየ፡ በቲ መጋረጃ፡ ማለት ብስጋኡ ዝቐደሰልና ሓድሽን ህያውን መገዲ ብደም የሱስ ናብ መቕደስ ንምእታው ትብዓት ካብ ዚህልወና፡ ኣብ ቤት ኣምላኽውን ዓብዩ ኻህን ካብ ዝህልወናስ፡ ልብና ኻብ ክፉእ ሕሊና ተነጺጉ፡ ስጋናውን ብጹሩይ ማይ ተሐጺቡ፡ ምሉእ ብተረዳእናዮ እምነት ብቕኑዕ ልቢ ንቕረብ።” (እብ 10 ፥ 19-22)*

"ቅድስተ ቂዱሳን" ኣዝዩ ቅዱስ ስፍራ ኮይኑ እግዚኣብሂር ዝሓድረሉ ቦታ እዩ። ናብዚ ህላወ እግዚኣብሄር ዘለዎ ስፍራ፡ ብሃይማኖታዊ ስርዓት ወይ ብዝተሓላለኸ ኣምልኾኣዊ ኣገባባት ክንኣቱ ኣይንኽእል ኢና። እዚ ስፍራ እዚ ብደም የሱስ ክርስቶስ ጥራይ'ዩ ዝእቶ ወይ ዝብጻሕ።

ዛዕባ ደም፡ ካብ ዘፍጥረት ክሳብ ራእይ ዮሃንስ ኣብ ምሉእ መጽሓፍ ቅዱስ ከም ቀይሕ ፈትሊ ዝዝርጋሕ እዩ። መጽሓፍ ቅዱስ ነፍሲ ስጋ ኣብ ደም ከም ዘሎ ይገልጽ (ዘሌዋውያን 17፡11-14) ። ናይ ሓጢኣት መቕጻዕቲ ሞት ስለዝኾነን (ሮሜ 6፡23) ነፍሲ ስጋ ኣብ ደም ብምህላዉን፡ እግዚኣብሄር ሕድገት ሓጢኣት ብደም ምፍሳስ ጥራይ'ዩ ዝርከብ ዝብል ስርዓት ኣቑሙ፤

*“ከምቲ ሕጊ ኣሰታት ኲሉ ብደም እዩ ዚጸራ፡ ብዘይ ምፍሳስ ደምውን ይቕሬታ ኣይከውንን እዩ።” (እብ 9 ፥ 22)*

ንፈለማ ግዜ ናይ ደም መስዋእቲ ዝገበረ እግዚኣብሄር እዩ። እዚ ኸኣ ኣብ ገነት ኤደን ድሕሪ ኣዳምን ሄዋንን ሓጢኣት ምስ ፍጸሙ ዕርቓኖም ስለ ዝኾኑ እግዚኣብሄር እንስሳታት ቐቲሉ ዕርቃኖም ብቁርበት (ደበሎ) ናይቶም እስንስሳ ዝሸፈነሉ እዋን እዩ ነይሩ። እዚ ንጽድቂ ክርስቶስ ይውክል። ኣገዳስነት መስዋእቲ ደም ኣብ ናይ ደም ታሪኽ ቃየልን ኣቤልን፣ ኣብቲ ናይ እስራኤላውያን ስርዓት ኪዳን ግዝረትን ሌዋውያንን ኣብ ቤት መቕደስ ዝገብርዎ ጽንብላትን ነጺሩ ይግለጽ። ኣብ ብሉይ ኪዳን ሰብ ኣብ ዝሓጥኣሉ እዋን ካብ ሓጢኣቱ ንምምጻህ ደም እንስሳታት ብተደጋጋሚ ከም መስዋእቲ ይቐርብ ነይሩ። እብራውያን 8 ነቲ ኣገባብ "ብሉይ ኪዳን" ኢሉ ይገልጾ።

ኣብ ሓድሽ ኪዳን እግዚኣብሄር ንየሱስ ሓንሳብን ንሓዋሩን ምእንቲ ስርየት ሓጢኣት ደሙ ከፍስስ ለኣኾ። እዚ ዝፈሰሰ ደሙ ኸኣ "ናይ ሓድሽ ኪዳን ደም" ተባሂሉ ክግለጽ ኮሎ (ማር 14፡24) ናይ ሓድሽ ኪዳን ማእከላይ ድማ'ዩ (እብራውያን 8፡6) ። ሓዲሽ ኪዳን ብምባሉ ነቲ ቀዳማይ (ብሉይ) ኪዳን ኣአረጎ፡ ማለት እቲ ከም መስዋእቲ ሓጢኣት ዝቐርብ ዝነበር ደም እንስሳታት ድሕሪ ደጊም ኣየድልን እዩ፡ ማለት እዩ።

*“ብደም ድቤላታትን ምራኹትን ዘይኰነስ፡ ብደም ርእሱ ናይ ዘለኣለም ምድሓን ረኺቡ ሓደ ጊዜ ናብቲ መቕደስ ኣተወ።” (እብ. 9፡12)*

እብራውያን 12:24 ደም የሱስ ምእንታና ከም ዝዛረብን እቲ ዛረቦ ድማ ንኣና ውሽጣዊ ዘለኣለማዊ ረብሓ ከም ዝህበናን ይሕብር። ሃዋርያ ጳውሎስ፡ ኣብ እብራውያን 10፡22፡ "ነታ እሙንቶ ተሰፋና ኣጽንዑ፡” ኢሉ ዝተዛረቦ፡ ምስተን ቀዲምና ዝተዛረብናለን ጥቕስታት ይመሳሰል። እዚ ድማ ናብ ቅድሰ-ቂዱሳን ንምእታው መሰል ከምዘለና ዘመልክት እዩ።

ከምቲ ነቲ ብደም የሱስ ዝረኸብካዮ ረብሓ ብምዝራብካ ዝደሓንካ፡ ብተመሳሳሊ መገዲ ድማ ብጸሎት ናብ ህላወ እግዚኣብሄር ትኣቱ።

*"ስብ ብልቡ ኣሚኑ ይጸድቕ፡ ብኣፉ ተኣሚኑውን ይድሕን እዩ፥ ስለዚ ብኣፍካ የሱስ ጐይታ ምዃኑ እንተ ነገርካ፥ ብልብኻውን ኣምላኽ ካብ ምዉታት ከም ዘተንስኦ እንተ ኣመንካ፥ ክትድሕን ኢኻ።" (ሮሜ 10 ፥ 9-10)*

ብመጠን ኣብ ደሙ ዘሎ ስልጣን ምእ'ማንካ (ምዝራብካ) ኣብ ደሙ ዘሎ ሓይሊ ይግለጽ። ብመጠን ዝተኣመንካዮ እግዚኣብሄር ንጸሎትካ ይምልስ። ብምእ'ማንካ ናብቲ ንሱ ዝሓድረሉ ስፍራ ክትኣቱ ትብዓት ይህልወካ።

## ጾም

ንውጽኢታዊ ኣገልግሎት ኣማላድነት ዝሕግዝ ካልእ መንፈሳዊ ጸጋ፡ ጾም እዩ። እቲ ዝቐለለ ትርጉም ጾም፡ ብዘይ መግቢ ምኻድ እዩ። ጾም ሓደ ካብቲ ኣገልገልቲ ኣምላኽ ብምዃና ክንገብሮ ዘለና ነገር እዩ (2ይ ቆሮ 6፡3-10) ። ጾምን ጸሎትን ኣብታ ቀዳመይቲ ቤተ ክርስቲያን ልሙድ'ዩ ነይሩ፡ (ግብሪ ሃዋርያት 14፡23) ጳውሎስ "ርእስና ብጾም ክንህብ" የተባብዓና (1ይ ቆሮንጦን 7፡5) ።

## ዓይነታት ጾም፤

ብመሰረት መጽሓፍ ቅዱስ ክልተ ዓይነት ጾም ኣሎዉ፡ ናይ ምሉእ ግዜ ጾምን ከፊላዊ ጾምን። ናይ ምሉእ ግዜ ጾም መግቢ ፈጺምካ ዘይተበልዓሉን ማይ ይኹን ካልእ ፈሳሲ ዘይትሰትየሉን እዩ። ናይ'ዚ ኣብነት ኣብ ግብሪ ሃዋርያት 9፡9 ንረክቦ። እቲ ከፊላዊ ጾም ድማ እቲ ኣመጋግባ ምስ ዝድረት እዩ። ናይዚ ኣብነት ከኣ ኣብ ዳንኤል 10፡3 ንረክቦ።

## መጽሓፍ ቅዱሳዊ ኣብነታት ጾም

- ግዙእ ኣብርሃም ንይስሃቅ ትብቕዕ መርዓት ኣብ ዝደልየሉ ዝነበረሉ እዋን ዚጸለዮ እዩ (ዘፍጥረት 24፡33) ።
- ሙሴ ምግላጽ ሕግን ድንኳንን ንኽቕበል 40 መዓልትን ለይትን ጾመ (ዘጸ 34) ።
- ሃና ምእንቲ ቆልዓ ጾመት (11 ሳሙ 1፡7-8) ።
- ነህምያ ንየሩሳሌም ንምሕዳስ ጾመ (ነህምያ 1፡4) ።
- ኣይሁድ እግዚኣብሄር ካብቲ ሃማን ዝመደቦ እኩይ ናይ ሞት ኣዋጅ ምእንቲ ከድሕኖም ጸይሞም (ኣስቴር 4) ።
- መላእ ነባሪ ከተማ ነነዌ ነቲ ናይ ዮናስ ናይ ንስሓ ጻውዒት ብጾም ምላሽ ሂቡ (ዮና 3፡5- 10) ።
- ዳዊት ነቲ ኣምላኽ ዝሃቦ ተስፋ ንግስነት እስራኤል ቅድሚ ምቕባሉ ይጾውም እዩ ነይሩ (1ሳሙ 31) ።
- ዳንኤል ን21 መዓልቲ ጾመ፡ ኣብ መደምደምታ ድማ ነቶም ኣብ ምርኮ ዝነበሩ እብራውያን ነጥበ መቐይሮ ዘበገሰ መልእኽቲ ካብ እግዚኣብሔር ተቐቢሉ።
- የሳፋጥ ቅድሚ ናብ ውግእ ምውጻኡ ጾም ኣዊጁ (2ዜና 20፡3) ።
- እዝራ ኣብ ጥቓ ሩባ ኣሃዋ ካብ ምርኾ (ባቢሎን) ንዝተመልሱ ናይ ንስሓ ጾም ኣዊጁ (እዝራ 8-9) ።
- የሱስ ቅድሚ ኣገልግሎት ምጅማሩ ጸይሙ (ማቴ 4) ።
- ሃዋርያ ጳውሎስ ድሕሪ ምልዋጡ ጸይሙ (ግብሪ ሃዋርያት ምዕራፍ 9) ።
- ጴጥሮስ ንኣህዛብ ወንጌል ከካፍል ተልእኾ ዝተቐበለ ብግዜ ጾም እዩ፣ ቆርኔሌዎስ ድማ ምስጢር ክቕበል ተዳልዩ ነበረ (ግብሪ ሃዋርያት ምዕራፍ 10) ።
- መንፈስ ቅዱስ ንጳውሎስን በርናባስን ንሚስዮናዊ ኣገልግሎት ክፈላልዮም ከሎ ደቀ መዛሙርቲ ይጾሙን ይጽልዩን ነበሩ (ግብሪ ሃዋርያት ምዕራፍ 13፡2) ።

## ዕላማታት ጾም፤

ጾም ንኣምላኽ ኣይቕይሮን እዩ፡ ንኣኻ እዩ ዝቕይረካ። እግዚኣብሄር ምስኡ ዘለካ ርክብ መሰረት ገይሩ እዩ ዝዛረባካ። ምስ እትቕየር ሽዑ እቲ ኣምላኽ ምሳኻ ዝገብሮ ርክብ ይጽሎ እዩ። ንኣምላኽ ወይ ንመደቡ ከተቕይር ኢልካ ኣይትጹም፡ ምኽንያቱ ኣምላኽ ይኹን መደቡ ስለ ዘይቅየር። እንተኾነ ጾም ነቲ ምስ እግዚኣብሄር ዘሎካ ርክብ ብርግጽ ይቕይሮ እዩ። ናይ'ዚ ኣብነት ናይ ከተማ ነነዌ ኣብ መጽሓፍ ዮናስ ነንብብ።

ኣብ ሓደ ኣጋጣሚ ደቀ መዛሙርቲ የሱስ ንሓደ ጋኔን ዝሓዞ መንእሰይ ንምንጋፍ ሓይሊ ምስ ሰኣኑ የሱስ፡ "ከምዚ ዓይነት"፡ ብጾምን ጸሎትን ጥራይ ከም ዝወጸ ገለጸሎም (ማር 9፡29) ። ኣብ ህይወት፡ ብዘይጾምን ጸሎትን ክፍትሑ ዘይኽእሉ ዝተወሰኑ

ኩነታት ኣለዉ። እቲ ናይ መወዳእታ ዘመን እናቐረበ ኣብ ዝኸደሉ እዋን፡ ቅድሚ ሕጂ ኣጋጢሞሙና ዘይፈልጡ ከምዚ ዓይነት" ኩነታት፡ በዳህቲ ቅልውላዋት ከጋጥመና እዩም። ነዚም በዳህቲ ቅልውላዋት ንኽስዕር ጾም የድልየና።

ጾም ንጹር መንፈሳዊ ዕላማታት ኣለዎ። ነዞም ዕላማታት ምርዳእ ኣገዳሲ'ዩ። ብዘይ ብቑዕ ምኽንያት ወይ ፍሉይ ዕላማ ዘይብሉ ጾም እንተ ጾምካ፡ እቲ ጾምካ ውጽኢታዊ ኣይከውንን እዩ። ነዞም ኣብ ታሕቲ ተዘርዚሮም ዘለዉ መወከሲታት ሰባት ብዝተፈላለዩ ምኽንያታት ከም ዝጾሙ እዮም ዝሕብሩ፡ ነፍሲ ወከፍ መወከሲ ፈሊኻ ኣጽንዓዮ፤

| | |
|---|---|
| – ካብ ኣምላኽ ዝመጸ መልእኽቲ ንምምላስ፡ | ዮናስ 3፡5 |
| – ኣብ ፈተና ናይ ምድረበዳ ጉዕዞ፡ | ሉቃስ 4፡1 |
| – ኣብ እዋን ሃገራዊ ስግኣት ወይ ውግእ፡ | 2ይ ዜና መዋእል 20፡3 |
| – ምግላጽ ካብ ኣምላኽ ኣብ እትደልየሉ እዋን፡ | ዳንኤል 9፡3-4 |
| – ውሳነታት ክትገብር ኣብ እትደልየሉ፡ | ግብሪ ሃዋርያት 13፡2-3 |
| – ኣብ ቅድሚ ሰበ-ስልጣን ፍሉይ ሕቶታት ከተቕርብ ምስ ትደሊ፡ | ኣስቴር 4፡16 |
| – ምስ ኣጋንንታዊ ስርሓት ፊት ንፊት ንምግጣም ምድላው፡ | ማርቆስ 9፡29 |
| – ኣብ ቅድሚ እግዚኣብሄር ንርእስኻ ንምትሓት፡ | መዝ. ዳዊት 35፡13፤ 69፡10 |
| – ካብ ሓጢኣት ንምንሳሕ፡ | ዮኤል 2፡12 |
| – ንድኻታት ብስጋ ይኹን ብመንፈስ ንምምጋብ፡ | ኢሳይያስ 58፡7 |
| – ድምጺ ኣምላኽ ንምስማዕ፡ | 2ይ ሳሙኤል 12፡16,22፤ ዮናስ 3፡5,10 |
| – ንማእሰርቲ እከይ ንምፍታሕ፡ ኣርዑት ንምልዓልን፡ ነቶም ኣብ ምርኾ ዘለዉ ሓራ ንምውጻእን፡ ንኹሉ ቀንበር ንምስባርን፡ | ኢሳይያስ 58፡6 |

## ንውሓት ግዜ ጾም፤

ንውሓት እትጾም እዋን በቲ መንፈስ ቅዱስ ንልብኻ ዝዛረቦ እዩ ዝውሰን። ንሱ ንሓጺር ወይ ነዊሕ ግዜ ክትጾውም ክመርሓካ ይኽእል። ዛንታ ኤሳውን ያእቆብን ትዝክሮ'ዶ፤ ያእቆብ ኣብ ፈለማ ንርእሱ መግቢ ይሰርሕ እኳ እንተነበረ፡ መሰል ውልድነት (ውርሻ) ኢሉ ንሓዉ ኣታሊልዎ። ኤሳው ነታ መግቢ እንተ ዝገድፋ (እንተ ዝጸውም) ክንደይ ዝሓሸ ምኾነ ነይሩ!

ጾምካ ዘይትፈልጥ እንተኾንካ ብሓንቲ ግዜያት መግቢ (ቁርሲ ወይ ምሳሕ ወይ ድራር) ምጻም ጀምር። ቀጺልካ ሓደ መዓልቲ፡ ካብ ጸሓይ ትዓርበሉ ክሳብ ንጽባሒቱ ጸሓይ እትዓርብ ክትጸውም ክትፍትን ትኽእል ኢኻ። ቀስ ኢልካ ድማ ጾምካ ናብ ዝነውሐ ግዜ ክትሰጋገር ትኽእል። ኣብ ናይ ነዊሕ ግዜ ጾም፡ ኩሉ ግዜ ማይ ክትሰቲ ይግባእ። ንነዊሕ እዋን ብዘይ መግቢ ክትከይድ ትኽእል ኢኻ፡ ንመስርሕ ኣካላት ንምዕቃብ ግን ማይ የድሊየካ።

## ሓባራዊን ውልቃውን ዓይነታት ጾም፡

ጾም ኣብ መንጎ እቲ ሰብን እግዚኣብሄርን ዝግበር ውልቃዊ ጉዳይ እዩ። ብትሕትና ዝግበር እምበር ንትምክሕቲ ኣይኮነን፤

> *"ክትጾሙ ኸሎኹም፡ እቶም ግቡዛት፡ ጽዋሞት ምኺናም ብሰብ ምእንቲ ኺርኣዩ፡ ገጾም የጸምልዉ እዮም እሞ፡ ከማታቶም ጽምልዋት ኣይትኹኑ። ዓስቦም ከም ዝወሰዱ ብሓቂ እብለኩም ኣሎኹ። ንስኻስ ክትጸውም ከሎኻ፡ ጽዋማይ ምኺንካ በቲ ኣብ ሕቡእ ዘሎ ኣቦኻ ደኣ እምበር፡ ብሰብ ምእንቲ ኸይትርኤ፡ ርእስኻ ተለኽ፡ ገጽካውን ተሐጸብ። እቲ ብሕቡእ ዚርኢ ኣቦኻ ድማ ብግሆዶ ኪኸሕሰካ እዩ።" (ማቴዎስ 6፡16-18)*

መራሕቲ ኣብያተ ክርስትያናን ህዝባዊ ጾም ክእውጁ ከለዉ ንኹሉ ኣባል ቤተ ክርስቲያን ንጾም ክሓቱ ይኽእሉ እዮም፤

*ኣብ ጽዮን መለኸት ንፍሑ፣ ጾም ቀድሱ፣ ኣኼባ ጸውዑ። (ዮኤል 2፡15)*

## እግዚኣብሄር ዝፈትዎ ጾም፡

ኢሳይያስ 58 ብዛዕባ እግዚኣብሔር "ዝፈትዎ" ወይ ዝቕበሎ ጾም ይዛረብ። እግዚኣብሄር ዝፈትዎ ጾም፡፤

– ርእስኻ ኣብ ቅድሚ ኣምላኽ ትሕት ትብለሉ፡ ጥቕሲ 5

– ንማእሰር እከይ ንምፍታሕ፡ ጥቕሲ 6
– ቐንበር/ኣርዑት ንምስባር፡ ጥቕሲ 6
– ንጥቑዓት ምውጻእ ሓራ፡ ጥቕሲ 6
– ካብ ንሰብ ይጥዓሞ ዝብል መንፈስ ወጺእካ ግሁድ (ንጹር) ረዲኤት ምግባር፡ ጥቕሲ 7

## ውጽኢት ጾም፤

ክትጸውም ከለኻ እቲ ቀዳማይ ዝፍጸም ነገር እግዚኣብሄር ርእሱ ክገልጸልካ ይጅምር። እግዚኣብሄር ከምዚ ይብል፡ **“ሽዑ ኽትጽውዕ፡ እግዚኣብሄር ከኣ ኪመልሰልካ፡ ኩተእዊ፡ ንሱ ድማ፡ እኔኹ፡ ኪብል እዩ**" (ኢሳ 58፣9) ፡፡ ካልኦት ኣብ ኢሳይያስ 58 ዝተዘርዘሩ ውጺኢታት ጾም ድማ፤

- **ብርሃን፦** ኣብ ጥቕሲ 8-10፡ እግዚኣብሄር “እቶም ናይ ጸልማት ዘመናት ህይወትካ ከም ናይ ወርሒ ብርሃን ክኸውን'ዩ።' ሰባት ንመንፈሳዊ ብርሃንካ ከጥፍእዎ ዝኽእሉ እተመሰሎም ብርሃንካ ግና ከም ብሓድሽ ከም ናይ ወጋሕታ ብርሃን ደሚቑ ክወጽእ እዩ።
- **ኣንፈት፡** ጥቕሲ 11 "እግዚኣብሄር ንኹሉ ጊዜ ክመርሓኩም እዩ"።
- **ቀረብ፡** ኣብ ጥቕሲ 11 ኣምላኽ፡ ኣብ ምድሪ ኣጻምእ ንነፍስኻ “ንስጋውን መንፈሳውን” ከም ዘጽግብ፡ ይዛረብ። ብተወሳኺ ኣብዚ ጥቕሲ'ዚ ብዛዕባ ደረት-ኣልቦ መንፈሳዊ ጸጋታት ይዛረብ። ንስኻ ኸኣ ከም ማይ ዝጸገበ ኣታኽልትን ከምቲ ማዩ ዘይነጽፍ ዓይኒ ማይን ክትከውን ኢኻ
- **ምሕዳስ፡** ኣብ ጥቕሲ 11 እግዚኣብሄር፡ "ንዝደኸሙ ዓጻጽምቲ ከም ዘበርትዕ"፡ ክሕብር ከሎ ኣብ ጥቕሲ 8 ኸኣ "ምሕዋይኩም ቀልጢፉ ከም ዝበቍል ይእውጅ።
- **ዳግም ምሕዳስ፦** ኣብ ጥቕሲ 12፡ “ደቅኻ ነቲ ቐደም ዝዐነወ ክነድቁ እዮም፡ ንመሰረት ብዙሓት ወለዶ ኸተቕውም ኢኻ። ነዳቒ ፍሩስን፡ መሳፍሮ ዚኸውን መገዲ መዐረይን ተብሂልካ ኽትስመ ኢኻ፡” ይብል።"

## ንኣማላድነት ዝኸውን ጸጋታት

ኣማኒ ብኣድማዕነት ንምምላድ ዝኽእልዎ ሓያል መንፈሳዊ ጸጋታት ኣለዎ። ንሳቶም ከኣ ከምቲ ኣቐዲሞም እተገልጹ፡

- ዝተውሃበ ስልጣንን ሓይልን፡
- ምእሳርን ምፍታሕን፡
- ስም የሱስ፡
- ደም የሱስን
- ጾምን እዮም።

# ርእሰ ገምጋም

1. መሪሕ ጥቕሲ ዘኪርካ ጽሓፍ፤

2. ኣብ መንን መንፈሳዊ ሓይልን ስልጣንን ዘሎ ፍልልይ ግለጽ።

3. ንሓደ ነገር ብመንፈስ ምእሳር ማለት እንታይ ማለት እዩ፤

4. ሓደ ነገር ብመንፈስ ምፍታሕ ማለት እንታይ ማለት እዩ፤

5. ኣበየናይ ናይ መጽሓፍ ቁዱስ ክፋል'ዩ ናይ ምእሳርን ምፍታሕን ስልጣን ዝሀበና፤

6. ኣብ ኣገልግሎት ኣማላድነት ስም የሱስ ሓያል ጸጋ ዝኾነሉ ምኽንያት ጽሓፍ።

7. ኣብ ኣገልግሎት ኣማላድነት ደም የሱስ ሓያል ጸጋ ዝኾነሉ ምኽንያት ኣብርህ።

8. ነቶም ክልተ ዓይነታት መጽሓፍ ቅዱሳዊ ጾም ዘርዚርካ ጽሓፍ።

9. ዕላማታት ናይ ጾም ኣጠቓልልካ ግለጽ።

10. ኣየናይ መወከሲ ቅዱስ ጽሑፍ'ዩ ነቲ እግዚኣብሄር "ዝመርጾ ወይ ዝቕበሎ" ጾም ኣምላኽ ዝገልጽ፤

11. ገለ ካብቶም ካብ ጾም እንረኽቦም ኣወንታዊ ውጽኢታት ጽሓፍ፤

(መልሲ ፈተነታት ኣብ መደምደምታ ናይ መወዳእታ ምዕራፍ ናይዚ መምርሒ ተዋሂቡ ኣሎ) ።

## ንተወሳኺ መጽናዕቲ

**ስም የሱስ ንኣምላኽ እንልምነሉ ስልጣን እዩ። ብዛዕባ ስም "የሱስ" ዝወረሶ ዓብዪ ሓይሊ ዘለካ ኣፍልጦ ንምዕባይ ነዞም ኣብ ታሕቲ ዝተዘርዘሩ ኣስማት የሱስ ተወከስ፤**

**ጠበቓ፡ 1ይ ዮሃንስ** 2፡1

**ኩሉ ዝኽእል፡ ራእይ** 1፡8

**ኣልፋን ኦሜጋን፡ ራእይ** 21፡6

**ኣሜን፡ ራእይ ዮሃንስ** 3፡14

**ደራሲ እምነትና እብራውያን** 12፡2 **ደራሲ ዘለኣለማዊ ድሕነት እብራውያን** 5፡9

**ካብ ኣምላኽ እተወልደ፡ 1ዮሃ** 5፡18

**ፍቁራት፡ ኤፌሶን** 1፡6

**ጨንፈር፡ ዘካርያስ** 3፡8

**እንጌራ ህይወት፡ ዮሃ** 6፡48

**ብሩህ ናይ ወጋሕታ ኮኾብ፡ ራእይ** 22፡16

**ሓለቓ ሰራዊት ጐይታ እያሱ** 5፡15

**እምኒ መሰረት፡ እምኒ ማእዝን፡ 1ይ ጴጥሮስ** 2፡6

**ካብ ዓሰርተ ሽሕ ዝዓብዪ መዝሙር ሰሎሞን** 5፡10

**ክርስቶስ፡ ዮሃንስ** 1፡41

**ኣማኻሪ፡ ኢሳይያስ** 9፡6

**መድሓኒ፡ ሮሜ** 11፡26

**ደገ፡ ዮሃንስ** 10፡9

**ኣማኑኤል፡ ማቴዎስ** 1፡23

**ናይ ዘለኣለም ህይወት፡ ቀዳማይ ዮሃ** 5፡20

**እሙንን ሓቀኛን፡ ራእይ** 19፡11

**እሙን ምስክር፡ ራእይ** 1፡5

**ቀዳማይ ውሉድ፡ እብራውያን** 1፡6

**ቀዳማይን ዳሕረዋይን፡ ራእይ** 22፡13

**ክቡር ጎይታ፡ ኢሳይያስ** 33፡21

**ዓብዪ ሊቀ ካህናት፡ እብራውያን** 4፡14

**ርእሲ ኣካል፡ ቈሎሴ** 1፡18

**ልዕሊ ኹሉ፡ ኤፌሶን** 1፡22

**ርእሲ መኣዝን፡ መዝሙር** 118፡22

**ወራሲ ኩሉ፡ እብራውያን** 1፡2

**ናይ እስራኤል ቅዱስ፡ ኢሳይያስ** 41፡14

ተስፋ ክብረ፡ ቆሎሴ 1፡27

ኣነ እየ፡ ዮሃንስ 8፡58

ምስሊ ናይቲ ዘይርአ ኣምላኽ፡ ቈሎሴ 1፡15

የሱስ ክርስቶስ ጐይታና ሮሜ 1፡3

ንጉስ ክብረ፡ መዝሙር 24፡7

ገንሸል ኣምላኽ፡ ዮሃ 1፡29

ብርሃን ዓለም፡ ዮሃ 8፡12

ዕንበባ ሸወን፡ መዝሙር ሰሎሞን 2፡1

ህያው እንጌራ፡ ዮሃ 6፡51

ጎይታ፡ ኣምላኽ፡ ኲሉ ዝኽእል፡ ራእይ 4፡8

ጎይታ ኲሉ፡ ግብረ ሃዋርያት 10፡36

ጽድቅና፡ ኤርምያስ 23፡6

ፍቕሪ፡ 1ዮሃ 4፡8

ንዑቕ፡ ብሰብ ድርቡይ፡ ብዓል ስቓይ፡ ብሕማም ልዱይ፡ ኢሳይያስ 53፡3

መምህር፡ ማቴዎስ 23፡10፡ ዮሃንስ 3፡2

መሲሕ፡ ዳንኤል 9፡25

ቅዱስ፡ ዳንኤል 9፡24

ናዝሬታዊ፡ ማቴዎስ 2፡23

በይኑ ጥበበኛ ኣምላኽ፡ 1ይ ጢሞቴዎስ 1፡17

ፋሲካና፡ 1ቆሮ 5፡7

ሓኪም፡ ሉቃስ 4፡23

መስፍን ሰላም፡ ኢሳይያስ 9፡6

መተዓረቒ፡ ሮሜ 3፡25

ተበጃዊ፡ ኢሳይያስ 59፡20

ትንሳኤ፡ ዮሃ 11፡25

ጻድቕ ኣገልጋሊ፡ ኢሳይያስ 53፡11

ከውሒ፡ 1ይ ቈረንቶስ 10፡4

ጽጌረዳ ሳሮን መዝሙር ሰሎሞን 2፡1

መድሓኒ ዓለም፡ 1ይ ዮሃንስ 4፡14

ጓሳ፡ ዮሃንስ 10፡11

ወዲ ኣምላኽ፡ ሮሜ 1፡4

ወዲ ሰብ፡ ግብረ ሃዋርያት 7፡56

ወዲ ማርያም፡ ማርቆስ 6፡3

**እምኒ፡ ማቴዎስ** 21፥42

**ሓቀኛ መሰረት፡ ኢሳይያስ** 28፥16

**መገዲ፡ ሓቂ፡ ህይወት፡ ዮሃንስ** 14፥6

**ዘይንገር ህያብ፡** 1**ቆሮ** 9፥15

**ወይኒ ዮሃንስ** 15፥1

**ግሩም፡ መካር፡ ብርቱዕ፡ ኣቦ ዘለኣለም፡ ምስፍን ሰላም፡ ኢሳይያስ** 9፥6

**ቃል ኣምላኽ፡ ራእይ** 19፥13

# ምዕራፍ ኣርባዕተ
# ከመይ ጌርና ነማልድ

**ዕላማታት፥**

ነዛ ምዕራፍ ምስ ወዳእካ ነዞም ዝስዕቡ ክትገብር ክትክእል ኢካ

- ከመይ ጌርካ ከም እተማልድ ክትገልጽ፥
- ንውጽኢታዊ ኣማላድነት ዝሕግዙ መምርሒታት የሕጺርካ ክትጽሕፍ፥
- እንታይ ከም እተማልድ ከትፈልጥን
- ተስፋታት ኣምላኽ ጠቒስካ ከተማልድን።

**መሪሕ ጥቕሲ፥**

***"ከምቲ ፍቓዱ ጌርና ሓደ ነገር እንተ ለመንናዮ፥ ይሰምዓና እዩ፥ እቲ ኣብኡ ዘሎና ትብዓት ድማ እዚ እዩ።ካቲ ዝለመንናዮ ዘበለ ኸም ዚሰምዓና ኻብ እንፈልጥ ድማ፥ እቲ ካብኡ ዝለመንናዮ ልማኖ ድሮ ኸም ዝረኸብናዮ፥ ንፈልጥ ኢና።"*** (**1ይ ዮሃንስ** 5፡14-15)

## መእተዊ

ኣብ ኣማላድነት ጸሎት እቲ መሰረታዊ ነገር ክሳብ ክንደይ ብዓውታ ከም እንጽሊ፥ ወይ ንጸሎት ንክንደይ ሰዓታት ዝኣክል ኢና እንህብ ኣይኮነን። እዚ ምግባር ጌጋ'ዩ ንምባል ዘይኮነስ ልመናና ንኣምላኽ ከነቕርብ ኮሎና እቲ እንልምኖ ክሳብ ክንደይ እዩ ቅኑዕ ክንፈልጥ ይግባእ። ናይ ሰይጣን ቀንዲ ዕላማ እግዚኣብሄር ከይከብር ምግባር እዩ፥ እቲ ቐንዲ ናይ ኣማላድነትና ዛዕባ ክብሪ እግዚኣብሄር ንምሃብ ክኸውን ግድን እዩ። ስለዚ ክብሪ እግዚኣብሄር ከም ቀንዲ ዕላማና ጌርና ብምሉእ ነፍስናን ፍቓድናን ናብ ኣገልግሎት ኣማላድነት ርእስና ክንውፍይ ከሎና እግዚኣብሄር ድማ ርእሱ ይገልጸልና'ዩ።

***"ብምሉእ ልብኹም እንተ ደሊኹምንስ፥ ክትደልዩኒ ክትረኽቡኒውን ኢኹም።" (ኤርምያስ 29፡13-14)***

ጸሎት ብእምነትን ከም ፍቓድ ኣምላኽን ክቐርብ ይግባእ፤

***"ከምቲ ፍቓዱ ጌርና ሓደ ነገር እንተ ለመንናዮ፥ ይሰምዓና እዩ፥ እቲ ኣብኡ ዘሎና ትብዓት ድማ እዚ እዩ።ካቲ ዝለመንናዮ ዘበለ ኸም ዚሰምዓና ኻብ እንፈልጥ ድማ፥ እቲ ካብኡ ዝለመንናዮ ልማኖ ድሮ ኸም ዝረኸብናዮ፥ ንፈልጥ ኢና።" (1ዮሃንስ 5፡14-15)***

ኣብዚ ትምህርቲ መጽሓፍ ቅዱስ ብዛዕባ ከመይ ጌርካ ተማልድ ከም ዘለካን እንታይ ከም እተማልድን ክትመሃር ኢኻ። ብተወሳኺ ንኣማላድነት ጸሎትካ ከመይ ጌርካ ኣብ ተስፋታት ኣምላኽ ከም ትሰርቶ ክትመሃር ኢኻ።

**ከመይ ጌርካ ኢኻ ተማልድ፤**

እዞም ዝስዕቡ መወከሲታት ኣብ መጽሓፍ ቅዱስካ ድለዮም። እዞም ጽሑፋት እዚኦም ንኣማላድነት ዝምልከት መጽሓፍ ቅዱሳዊ መምርሒታት ይህቡ፤

| | |
|---|---|
| ጸሎት ናብ ኣምላኽ ክግበር ኣለዎ፥ ብዝሒ ዘይኮነስ ኣብ ትሕዝቶ ኣተኲር፤ | *መዝሙር* 5፡2 |
| | *ማቴዎስ* 6፡7 |
| ጸሎት "ብብዝሒ ዘረባ ምዝራብ"፥ ዕዉት ኣይከውንን እዩ፥ | *ዳንኤል* 6፡10፤ *ሉቃ* 11፡5-13፤ 18፡1-8 |
| ከንቱ ምድግጋም ክልኩል እዩ፥ ግን ብጥንቃቀ ምድግጋም ቅቡል'ዩ፥ | *ኤፌሶን* 6፡18 |
| ብኣእምሮ (ብዝስማዕ ቋንቋ) ጸሊ፥ | *ሮሜ* 8፡26፤ *ይሁዳ* 20 |

| | |
|---|---|
| ብመንፈስ፡ ብቛንቋታት ጸሊ፡ | 1ይ ዮሃንስ 5፡14-15 |
| ም ፍቓድ ኣምላኽ ጌርካ ኣማልድ፡ | ማቴዎስ 6፡6 |
| ገዛኻ ዓጺኻ ኣማልድ | ሉቃስ 21፡36፤ ኤፌሶን 6፡18 |
| ኣዘውቲርካ ኣማልድ፡ | ሮሜ 12፡12፤ 1ይ ተሰሎንቄ 5፡17 |
| ብዘይ ምቁራጽ ብቐጻሊ ኣማልድ፡ | ዮሃንስ 14፡13-14 |
| ብስም የሱስ ናብ እግዚኣብሄር ኣቦ ኣማልድ፡ | 1ይ ጴጥሮስ 4፡7 |
| ብንጹህ ሕልና ኣማልድ፡ | ማቴዎስ 6፡9-13 |
| ናይ የሱስ ኣርኣያ ጸሎት ተጠቒምካ ኣማልድ፡ | ማርቆስ 11፡25 |
| ብናይ ይቕሬታ መንፈስ ኣማልድ፡ | ማቴዎስ 6፡7 |
| ብትሕትና ኣማልድ፡ | ማቴዎስ 17፡21 |
| ሓደ ሓደ ግዜ ጸሎትካ ብጾም ኣሰንዮ፡ | ያእቀብ 5፡16፤ ቈሎሴ 4 ፡ 12 |
| ብትግሃት ኣማልድ | ሉቃስ 22፡42 |
| ከም ፍቃድ ኣምላኽ ኣማልድ፡ | ማቴዎስ 16፡19 |

ከተማልድ ከሎኻ ናይ ምእሳርን ምፍታሕን ስልጣንካ ተጠቐም፡

## መምርሒታት ንውጽኢታዊ ኣማላድነት

ካብዞም ኣቐዲሞም ዝተጠቕሱ ቅዱሳት ጽሑፋት ዝተወስዱ ገለ ገለ መምርሒታት ውጽኢታዊ ኣማላድነት እንሆ፡

1. ንኣምላኽ ስለ ማንነቱን ኣብቲ ናይ ጎይታ የሱስ ፍሉይን ዘደንቕን ኣገልግሎት ክትሳተፍ ዕድል ብምሃቡን (እብ. 7፡25) ኣብ ጉዳይ ሰባት ብጸሎት ምስኡ ክትሓብር ብምፍቃዱን ኣመስግኖ።

2. ዝኾነ ዘይተናሳሕካዮ ሓጢኣት እንተሃልዩን ንመንፈስ ቅዱስ ንልብኻ ክረትዕ ግዜ ብምሃብ ልብኻ ኣብ ቅድሚ ኣምላኽ ንጹህ ምዃኑ ኣረጋግጽ (መዝ 66፡28፣ 29፡23-24) ።

3. ብዘይ መሪሕነትን ሓይሊን መንፈስ ቅዱስ ብብቕዓት ክትጽሊ ከም ዘይትኽእል ተኣመን (ሮሜ 8፡26) ። ኣምላኽ ብመንፈሱ ምሉእ ብምሉእ ክቆጻጸረካ ሕተቶ፣ ንሱ ከም ዝገብሮ ኣሚንካ ድማ ብእምነት ተቐበሎን ኣመስግኖን። (ኤፌሶን 5፡18) ።

4. በቲ ኩሉ ዝኽእል ስም ናይ ጐይታናን ኣምላኽናን መድሓኒናን የሱስ ክርስቶስን ብ"ሰይፊ መንፈስ ቅዱስ"ን - ቃል ኣምላኽ - ምስ ጸላኢ ብትብዓት ግጠም (ያእቀብ 4፡7) ።

5. ነቲ ክትጽልየሉ ብልብኻ ዝሓለንካዮ ናይ ባዕልኻ ሓሳባትን ድሌትን ጾርን ኣወግዶ (ምሳ. 3፡5-6፤ 28፡26፤ ኢሳ 55፡8)

6. ስለቲ ክትገብሮ ዝመደብካዮ ዘደንቕ ናይ ጉጅለ ጸሎት ሕጂ ብእምነት ንኣምላኽ ኣመስግኖ። ዘደንቕ ኣምላኽ እዩ እሞ፡ ምስ ባህርያቱ ዝሰማማዕ ነገር ክገብር እዩ።

7. ነቲ ኣምላኽ ኣብ ኣእምሮኻ ዘምጽኣልካ ብምእዛዝን ብእምነትን ተዛረብ (ዮሃንስ 10፡27) ። ንኣምላኽ ኣንፈት ክህበካ እናተጸበኻ ምልማንካ ኣይተቋርጽ፡ ንሱ ክገብሮ እዩ። (መዝሙር ዳዊት 32፡8) ። ብፍላይ ብሕብረት ክትጽሊ ከለኻ ኣምላኽ ነዚ ጾር'ዚ ብዝምልከት ክብሎ ዝደሊ ክሳብ ዝዛረበካ ተጸበ፡ መልሲ ከይረኸብካ ናብቲ ዝቕጽል ኣርእስቲ ኣይትሰገር። ኣምላኽ ነቶም ንኣማላድነት ከም መምርሒ ህይወቶም ዝገብርዎ ምግላጽ ከም ዝህቦም ፈሊጥካ ብህይወት ሙሴን ዳንኤልን ጳውሎስን ሃናን ተተባባዕ።

8. እግዚኣብሔር ብቃሉ ክዛረበካ ወይ መረጋገጺ ክህበካ ይኽእል እዩ'ሞ መጽሓፍ ቅዱስካ ካብ ጥቃኻ ኣይትፍለ (መዝ.119፡10-15)

9. እግዚኣብሄር እትጽልየሉ ነገራት ናብ ኣእምሮኻ ምምጻእ ምስ ዘቋርጽ በቲ ንሱ ቀዲሙ ዝገበሮን ሕጂውን ዝገብሮ ዘሎን እናኣመስገንካ ንርእስኻ ነቲ ኣብ ሮሜ 11:36 ኩሉ ነገር "**ካብኡን ብእኡን ንእኡን**" እዩ፣ ዝብል ቃል እናደገምካ ጸሎትካ ብውዳሰን ምስጋንን ዛዝም። ንእኡ ንዘለኣለም ክብሪ ይኹን! ኣሜን።" [1]።

## ንመንን እንታይን ኢኻ እተማልድ፧

እዞም ዝሰዕቡ መጽሓፍ ቅዱሳዊ መወከሲታት ንመንን እንታይን ከም እተማልድ ዝሕብሩ እዮም፡ ኣጽንዕዮም፡

| | |
|---|---|
| ሰላም ናይ የሩሳሌም፡ | መዝሙር ዳዊት 122፡6 |
| ምልኣኽ ኣብቲ ግራት (ቀውዒ) ዝሰርሑ፡ | ማቴዎስ 9፡38፤ ሉቃስ 10፡2 |
| ናብ ፈተና ከይንኣቱ፡ | ሉቃስ 22፡40-46 |
| ስለ እቶም ዝዕምጹኻ፡ | ሉቃስ 6፡28 |
| ስለ ኹሎም ቅዱሳን፡ | ኤፌሶን 6፡18 |
| ስለ ሕሙማት ፈውሲ፡ | ያእቆብ 5፡14-15 |
| ስለ ሓድሕድ ጾር (ንሓድሕድካ ምጽዋር) ፡ | ያእቆብ 5፡16 |
| ንኻልኦት ምጽላይ ሸለል ብምባልኻ ስለ ዝሓጣእካ፡ | 1ይ ሳሙኤል 12፡23 |
| ንዅሎም ህዝብን ነገስታትን ኣብ ስልጣን ዘለዉን፡ | 1ይ ጢሞቴዎስ 2፡1-4 |
| ንኣቕርቦት መዓልታዊ ድሌታትካ፡ | ማቴ ዎስ 6፡11 |
| ምእንቲ ጥበብ ክወሃበካ ፡ | ያእቆብ 1፡5 |
| ንምሕረት፡ | ማቴዎስ 6፡12 |
| ፍቓድ ኣምላኽ ንምፍጻምን ንመንግስቱ ንምስፋሕ ፡ | ማቴዎስ 6:10 |
| ካብ መከራ ክትዓርፍ፡ | ያእቆብ 5፡13 |
| ንሓድነት ኣብ ኣካል ክርስቶስ፡ | ዮሃንስ 17 |
| ነታ ኣብ መላእ ዓለም እትሰደድ ዘላ ቤተ ክርስቲያን፡ | እብራውያን 13፡3 |

## ተስፋታት ኣምላኽ እናዘከርካ ምምላድ

እግዚኣብሄር ንጸሎት ከም ፍቓዱ እዩ ዝምልሶ፡ ፍቓዱ ድማ በቲ ኣብ ቃሉ ዝተጻሕፉ ተስፋታት ይግለጽ። ኣብዞም ተስፋታት ተሞርኲስካ ምስ ዘይትጽሊ ጸሎትካ ኣይምለሰን እዩ።

> ***ትልምኑ ኢኹም እሞ፡ ብፍትወት ሲጋኹም ምእንቲ ኽትዘርውዎ፡ ብኽፉእ ስለ ዝለመንኩም፡ ኣይትቕበሉን ኢኹም። (ያእቆብ 4፡3)***

እዚ ጽሑፍ'ዚ ምስቲ ሓደ ኣቦ ምስ ደቁ ዘለዎ ዝምድና ዚመሳሰል እዩ። ማንም ኣቦ ደቁ ዝደልይዎ ወይ ዝሓተትዎ ኹሉ ክህቦም ቃል ዝኣቱ የለን፡ ግናኸ ካብቲ ዝለመንዎ ገለ ከም ዝህቦም ገለ ኸኣ ከም ዘይህቦም ርዱእ እዩ። ኣብ ውሽጢ እዚ ርድኢት'ዚ እዩ ኣቦ ሕቶ ደቁ ዝምልሶ።

ኣምላኽ ምስ ኣማኒ ዘለዎ ዝምድና እውን ምስቲ ናይ ኣቦን ደቁን ዘሎ ዝምድና ተመሳሳልነት ኣለዎ። ኣምላኽ ተስፋታቱ ሂቡና እዩ፡ ንሳቶም ድማ ነቲ ቅኑዕ መሰረት ጸሎት የቐሙ። ስለዚ እግዚኣብሄር እንታይ እንታይ ተስፋታት ከም ዝሃበካ ተረዲእካ ብመሰረት እዞም ተስፋታት ጸሊ። ነዚ ክትገብረሉ እትኽእል ሓደ መገዲ መጀመርያ ነቶም ኣብ መጽሓፍ ቅዱስ ዘለዉ ኹሎም ተስፋታት ኣምላኽ ምልክት ግበረሎም፣ ብምቕጻል ንጸሎትካ ኣብቲ ተስፋታት ሰረትካ ጸሊ። ተስፋታቱ ሒዝካ ክትጽሊ ከለኻ ከም ፍቓዱ ብትኽክል ትሓትትን ትዛረብን ኣሎኻ። ሓደ ኣብነት እንሆ፤

*"ኣምላኽይ ኣመስገንካ ኣለኹ ቅድሚ ምሕታተይ ንድልታተይ ስለ እትፈልጥ (ማቴዎስ 6፥8) ። ነቲ ኣብ ሰምካ ዘሎ ሓይሊ ፈሊጠ ብስምካ (ስም የሱስ) ኣብ ቅድሜኻ እቐርብ ኣሎኹ፣ (ዮሃንስ 14፥14) ። "መንግስቲ ኣምላኽ ንምስፋሕን ፡ ነቲ ግራት ዝዓጽ ዓየይቲ ክትሰድድ እጸሊ ኣሎኹ። (ማቴዎስ 9፥37-38)"*

ኣብ ኣርእስቲ ጸሎት ዘተኮሩ ገለ ገለ ኣብነታት መጽሓፍ ቅዱሳዊ ተሰፋታት እንሆ፡

| | |
|---|---|
| -እግዚኣብሄር ኣቦ ቅድሚ ምሕታትካ እንታይ ከም ዘድልየካ ይፈልጥ እዩ | ማቴዎስ 6፥8 |
| ዝኾነ ክልተ ብጸሎት እንተ ተሰማሚዖም እቲ ጸሎቶም ይምለስ እዩ | ማቴዎስ 18፥19 |
| ምስ እግዚኣብሄር ኩሉ ይከኣል እዩ፡ | ማቴዎስ 19፥26፤ ሉቃስ 18 ፡ 27 |
| ብእምነት ዝግበር ጸሎት ውጽኢታዊ እዩ፡ | ማቴዎስ 21፥22፤ ማርቆስ 11 ፡ 24 |
| ብስም የሱስ ምስ ተማልድ ክከውን እዩ፡ | ዮሃንስ 14፥14 |
| ጸሎት ጻድቕ ብግብሩ ብዙሕ ተሰልጥ እያ፡ | ያእቆብ 5፥16 |

[1] ኣገባባት ውጽኢታዊ ኣማላድነት ካብቲ ናይ 1992 ውልቃዊ ጸሎት ዳያሪ፣ ዝተቐየሱ እዮም። (ሲያትል፡ ዋሽንግተን፡ ተልእኾ ንመንእሰያት 1991፡ ገጽ 16

## ርእሰ ገምጋም

1. መሪሕ ጥቕሲ ዘኪርካ ጽሓፍ።

______________________________________________________________________________

_______________________________________________________________________

2. ብኸመይ መገዲ ኢና ንሓደ ሰብ እነማልድ፧

______________________________________________________________________________

_______________________________________________________________________

3. ንምንታይ ኢና ስለ ሰባት እነማልድ፧

______________________________________________________________________________

_______________________________________________________________________

4. ኣብዚ ምዕራፍ ካብ እተማሃርካዮም ገለ ገለ ኣገባባት ውጽኢታዊ ኣማላድነት ኣጠቓሊልካ ጽሓፍ።

______________________________________________________________________________

_______________________________________________________________________

______________________________________________________________________

5. ኣብ ናይ ኣማላድነት ጸሎት ተስፋታት እግዚኣብሄር ብኸመይ ከም እትጥቀመሎም ግለጽ።

______________________________________________________________________________

_______________________________________________________________________

(መልሲ ፈተናታት ኣብ መደምደምታ ናይ መወዳእታ ምዕራፍ ናይ'ዚ መምርሒ ተዋሂቡ ኣሎ) ።

# ንተወሳኺ መጽናዕቲ

ዕላማ መራሕቲ ቤተ ክርስትያናት ኣብ ናይ ኣማላድነት ጸሎት ስለ ሃገራትን ህዝብታትን ምጽላይ እዩ። ኣብዚ ቐረባ እዋን ምስራሕ "መንፈሳዊ ካርታ" (spiritual mapping) ዝብል ኣገባብ ጸሎት ክጥቀሙ ጀሚሮም ኣለዉ። ብመሰረቱ "መንፈሳዊ ካርታ ምስራሕ" ንሓንቲ ሃገር ወይ ንህዝቢ ወይ ንዓለም ከምቲ ሕጂ ዘለዎ ንምርኣይ ዝግበር ፈተነ እምበር ከምቲ ንዳሕራይ ዝመስሎ ኣይኮነን። እዚ ኣገባብ'ዚ ኣብቲ ብድሕሪ ተፈጥሮኣዊ ወይ ግዙኣዊ ዓለም መንፈሳዊ ክውንነት ኣሎ ዝብል ርድኢት ዝተመርኮሰ እዩ። ንኣብ መንጎ ዝርአን ዘይርአን፡ ኣብ ልዕሊ እቲ መንፈሳዊ ግዝኣትን ግዙኣዊ ዓለም ዘሎ ፍልልያትን ኣብ ሓይልታትን ፍጻሜታትን ዘለና ርድኢትን ብዕቱብ ይምልከት።

ምስራሕ መንፈሳዊ ካርታ ብድሕሪ ብዙሓት ኣብ ከባቢና ዝረኣዩ መዳያትን ዘይርኣዩ መንፈሳውያን ሓይልታት፡ ቦታታትን ከባቢታትን ክውንነታት ከምዘለዉ ይኣምን። እዞም ዘይረኣዩ መንፈሳውያን ሓይልታት፡ ቦታታትን ከባቢታትን ካብቶም ዝረኣዩ ክውንነታት ንላዕሊ ኣብ ምስራሕ መንፈሳዊ ካርታ ዝያዳ ኣገድስነት ኣለዎም። ምስራሕ መንፈሳዊ ካርታ ኣብ ንማሕበረሰባትና፡ ሃገራትናን ህዝቢታትናን ተጽእኖ ዝፈጥሩ መንፈሳውያን ሓይልታት ምፍላጥ፡ ብስማቶም ምጽዋዕን ነዚ ፍልጠት'ዚ ኣብ ስትራተጂካዊ ደረጃ መንፈሳዊ ውግእ ጸሎት ምትግባርን የጠቓልል።

ምስራሕ መንፈሳዊ ካርታ ካብቲ ኣምላኽ ንነቢዩ ህዝቅኤል፡ "***ንስኻ ኸኣ፣ ኣታ ወዲ ሰብ፣ ጡብ ውሰድ፣ ኣብ ቅድሜኻ ኸኣ ኣንብሮ እሞ ከተማ፣ ማለት የሩሳሌም ስኣሎ፡***" ዝሃቦ ቅዱስ ትእዛዝ እተወሰደ ጽሑፍ እዩ (ህዝቅኤል 4፡1) ።

ህዝቅኤል ካርታ የሩሳሌም ካብ ጭቃ ሰርሐ፡ ኣምላኽ ድማ ክቢ "ኽበባ" በሎ። እዚ ንግዙኣዊ ውግእ ዘይኮነስ ንመንፈሳዊ ውግእ ከም ዘመልክት ርዱእ እዩ። ሽዑ ህዝቅኤል መቐሎ ሓጺን ወሲዱ ኣብ መንጎኡን ኣብ መንጎ እታ ከተማን ከም መንደቕ ሓጺን ገይሩ ኣንበሮ።

መንፈሳዊ ካርታ ብብዙሕ ዓይነት ክዳሎ ይከኣል። ንኣብነት፡ ካርታ ናይ ከባቢኻ ወይ ፍሉይ ክፋል ከተማኻ፡ ንከተማ ብሓፈሻ፡ ንከተማን ከባቢኡን፡ ንመንግስቲ ወይ ንኣውራጃ፡ ወይ ንመላእ ህዝቢ፡ ገሊኡውን ንጉጅለታት ኣህዛብ ፈሊኻ ክትሰእል ይኽኣል እዩ።

ምስራሕ መንፈሳዊ ካርታ ክልተ ክፋላት ኣለዎ። ቀዳማይ፡ ነቲ ሓበሬታ ምእካብ፡ ካልኣይ፡ ብመሰረት እቲ ዝተኣከበ ሓበሬታ ምጽላይ እዮም። ሓበሬታ ካብቲ ኣብቲ ከባቢ ዝርከብ ቤተ መጻሕፍቲ፡ ቤተ መዘክር፡ ቤት ምኽሪ ንግዲ ዝኣመሰሉ ቦታታት ብምብጻሕ፡ ናይ ቀደም ቅዳሓት ናይቲ ከባቢ ጋዜጣ ብምውካስ፡ ንኣረጋውያን ነበርቲ እታ ከተማ ብምሕታት ክእከብን ታሪኻዊ ኣመሰራርታኣን ማሕበረሰባን (እንተሃልዩ) ክፍለጥን ይከኣል።

እዞም ስዒቦም ዝቐርቡ ጽማቕ መምርሒታት ኣብ ከተማኻ ንዘለዉ ኣሉታዊ ጽልዋ ዘምጽኡ መንፈሳውያን ሓይልታት በብስማቶም ክትፈልጥን ኣብ ካርታ ንምስራሕን ሓገዝቲ እዮም።

## ዕላማታት ምድላው መንፈሳዊ ካርታ፤

1. ንፍሉይ ጂኦግራፊያዊ ከባቢ ዝምልከት መደባትን ስትራተጂያዊ ውዲታትን ጸላኢ ንምልላይን።

2. ነዚ ፍልጠት`ዚ ኣብ ብልሒ ዘለዎ ስትራተጂካዊ ደረጃ ውግእ ጸሎት ኣብ ግብሪ ምውዓልን ብዝተሓተ ሓደጋን ክሳራን ኣብ ዝሓጸረ ግዜ ተዓዋቲ ንምኳንን እዩ።

## ታሪኻዊ መጺናዕቲ፤

ሀ. ምምስራት እታ ከተማ

1. ነታ ከተማ ዝመስረቱ ሰባት መን እዮም ነይሮም፧

2. ነታ ከተማ ንምምስራት ዝነበሮም ውልቃዊ ወይ ሓባራዊ ምኽንያት እንታይ እዩ ነይሩ፧ እምነቶምን ኣመለኽኻትኦም እንታይ ይመስል ነይሩ፧ ንመጻኢ እታ ኸተማ ዝነበሮም ራእይ እንታይ እዩ ነይሩ፧

3. እቲ መበቆላዊ ስም እታ ኸተማ እንታይ ትርጉም ኣለዎ፧ እቲ ስም ተቐይሩ ድዩ፧ ካልእ ኣስማት ወይ ፍሉጥ ዝና እታ ኸተማ ኣሎ ድዩ፧ እዞም ኣስማት እዚኣቶም ትርጉም ኣለዎም'ዶ፧ ምስ ዝኾነ ዓይነት ሃይማኖት ዝተኣሳሰሩ ድዮም፧ እዞም ኣስማት ኣጋንንታዊ ወይስ ስዉር ኣስማት ወይስ በረኸት'ዮም ዘመልክቱ ወይስ መርገም፧

ለ. ድሒሩ ዝመጸ ታሪኽ እታ ከተማ

1. እታ ከተማ ኣብ ሂወትን ባህርን እቲ ሃገር ብሓፈሻ እንታይ ተራ ተጻዊታ፧

2. ኣብታ ከተማ ፍሉጣት መራሕቲ ከም ዝተቐልቀሉ፡ ንከተማኦም ዝነበሮም ራእይ እንታይ እዩ ነይሩ፧

3. ኣብ ማሕበራዊ ወይ ፖለቲካዊ ምሕደራ እታ ከተማ ዝኾነ ሱር በተኻዊ ለውጢ ተራእዩ'ዶ ይፈልጥ፧

4. ኣብ ቁጠባዊ ህይወት እታ ከተማ ርኡይ ወይ ሃንደበታዊ ለውጢ ተራእዩ ድዩ፧ ጥሜት፧ ጭንቀት፧ ቴክኖሎጂ፧ ኢንዱስትሪ፧ ርኽበት ተፈጥሮኣዊ ሃብቲ፧

5. እንታይ ትርጉም ዘለዎ ስደት ኣጋጢሙ፧ ኣብ እታ ከተማ ብሓፈሻ ሓድሽ ቋንቋ ወይ ባህሊ ዝተተኣታተወ ኣሎ'ዶ፧

6. ስደተኛታት ወይ ውሑዳት ጉጅለ ናይ ሰባት ብኸመይ ይእለዩ፧ ሓድሕዳዊ ዝምድናታት ኣብ መንጎ ዓሌታት ወይ ብሄራት ኸመይ ይመስል፧ ሕግታት ከተማ ንዝኾነ ዓይነት ዓሌትነት ኣፍልጦ ወይ ሕጋውነት ሂቦምዎ ድዮም፧

7. መራሕቲ ከተማ ዝኾነ ይኹን ጹሑፍ፣ ውዕላት ወይ ኪዳናት የፍርሱ'ዶ ወይ ኣፍሪሶም ይፈልጡ'ዶ፧

8. ኣብታ ኸተማ እተገብረ ውግእ ነይሩ'ዶ፧ ዝኾነ ዝተገብረ ኩናት ብቐጥታ ነታ ከተማ ጸሊዋ'ዶ፧ ደም ምፍሳስ ነይሩ'ዶ፧

9. እታ ኸተማ ንድኻታትን ውጹዓትን ብኸመይ ትኣልዮም፧ ስሱዓት መራሕቲ ከተማ ኣለው'ዶ፧ ኣብ መንጎ ፖለቲካዊ፡ ቁጠባዊ፡ ወይ ሃይማኖታዊ መራሕቲን ትካላትን ብልሽውና ኸም ዘሎ ዚሕብር መርትዖ ኣሎ ድዩ፧

10. እንታይ ዓይነት ባህርያዊ ሓደጋታት እዩ ነታ ኸተማ ጸልይዋ፧

11. እታ ከተማ ጭርሖ ኣለዋ ድዩ፧ ትርጉሙ እንታይ እዩ፧

12. እቶም ሰባት እንታይ ዓይነት ሙዚቃ እዮም ዚሰምዑ፧ ካብቲ ሙዚቃ ዝረኽብዎ መልእኽቲ እንታይ እዩ፧

13. መብዛሕትኦም ኣብታ ኸተማ ዚነብሩ ሰባት፡ ነቲ ሎሚ ኣብ ኸተማኦም ዘሎ ኣወንታዊ ባህርያት ንምግላጽ እንታይ ሓሙሽተ ቓላት እዮም ዚጥቀሙ፧ ነቲ ኣሉታዊ መልክዓት እንታይ ሓሙሽተ ቃላት ምተጠቕሙሉ፧

ታሪኽ ሃይማኖት ኣብታ ከተማ:

ሀ. ክርስትያናዊ ዘይኮነ ሃይማኖት።

1. ቀድሚ ምምስራት እታ ከተማ ኣብቲ ከባቢ ዝነብሩ ዝነበሩ ሰባት እንታይ ሃይማኖታዊ ኣረኣእያን ኣሰራርሓን እንታይ እዩ ነይሩ፧

2. ኣብ ምምስራት እታ ኸተማ ሃይማኖታዊ ነገራት ኣብ ግምት ምእታው ኣገዳሲ ድዩ ነይሩ፧

3. ክርስትያን ዘይኮኑ ሃይማኖታት ብብዝሒ ኣብታ ከተማ ኣለዉ'ዶ፧

4. ኣብታ ከተማ እንታይ ዓይነት ምስጢራዊ ውድባት ከም ናይ ብምስጢር ዝተሓጋገዙ ሰብ ሙያ ኣለዉ'ዶ፧

5. ኣብታ ኸተማ ኣየኖት ጉጅለታት ጠንቈልቲ፡ ሰይጣናውያን ጉጅለታት፡ ወይ ካልእ ከምዚ ዝኣመሰሉ ኣምልኾታት እዮም ዝንቀሳቐሱ፧

ለ. ክርስትና።

1. ክርስትና ናብታ ከተማ መዓስ ኣትዩ፧ ኣብዚ እዋን'ዚ ኣብ ከመይ ዝበለ ኾነታት ኣሎ፧

2. ካብቶም ቀዳሞት ወይ ድሒሮም ዝመጹ ክርስትያን መራሕቲ ኣባል ምስጢራዊ ጉጅለታት ዝነበሩ ኣለዉ ድዮም፧

3. ማሕበረሰብ ክርስትያን ኣብ ሕይወት እታ ከተማ ብሓፈሻ እንታይ ተራ ተጻዊቱ፧ ኣብዚ ለውጢ ተራእዩ ድዩ፧

4. ዕብየት ክርስትና ኣብታ ከተማ ኣብ ኣስጋኢ ኩነታት'ዶ ኣሎ፧ ወይስ ዕብየት እናነከየ ይኸይድ ኣሎ፧

ሐ. ዝምድናታት

1. ኣብታ ከተማ ኣብ መንጎ ሃይማኖታት ዘይምስምማዕ ተፈጢሩ'ዶ ይፈልጥ፧

2. ኣብ መንን ክርስትያናትከ ዘይምስምማዕ ተፈጢሩ'ዶ ፧

3. ናይ ቤተ ክርስቲያን ምፍልላይ ኣብ ከተማ እንታይ ታሪኽ ኣለዎ፧

## ቁሳዊ/ግኡዛዊ መጽናዕቲ፤

1.ኣብ ዝተፈላለዩ ካርታታት ናይ እታ ከተማ ብፍላይ ድማ ኣብቶም ታሪኻውያን ቦታታት እንታይ ቁሳዊ ለውጢታት ተራእዩ፧

2. ነታ ከተማ ዝነደፉ ነደፍቲ ከመይ ዝበሉ እዮም ነይሮም፧

3. ኣብቲ ፈለማ ንድፊ ወይ ኣቀማምጣ እታ ከተማ ዝተጠርነፉ ብቐሊሉ ክልለዩ ዝኽእሉ ምልክታት ኣለዉ'ዶ፧

4. ኣብ ስነ ህንጻ፡ ኣቀማምጣዊ ዝምድና እቶም ቀንዲ ህንጻታት፡ ብፍላይ ድማ ኣብታ ከተማ ንዘለዉ ፖለቲካዊ፡ ቁጠባዊ፡ ትምህርታዊ

ወይ ሃይማኖታዊ ትካላት ዝውክሉ፡ ዝኾነ ትርጉም ኣለዎ'ዶ፧

5. ኣብቲ ሓደ ወይ ካብ ሓደ ንላዕሊ እዞም ህንጻታት ዝርከበሉ ፍሉይ ቦታ ዝኾነ ታሪኻዊ ትርጉም ነይሩ'ዶ፧ እዚ ቦታ'ዚ ፈለማ ብመን ይውነን ነይሩ፧

6. ድሕረ ባይታ ናይ መናፈሻታትን ኣደባባያትን እታ ከተማ እንታይ እዩ፧ መን እዩ ዘዋፍሮምን ዝምውሎምን፧ ኣስማቶም እንታይ ትርጉም ክህልዎ ይኽእል፧

7. ድሕረ ባይታን ትርጉምን ናይቶም ሓወልትታትን ህንጻታትን እታ ከተማ እንታይ እዩ፧ ኣጋንንታዊ ባህርያት ዘንጸባርቑ ወይ

ንፈጣሪ ዘይኮነስ ነቲ ፍጡር ዘኽብር ኣሎ'ዶ፧

8. ኣብታ ከተማ ብፍላይ ኣብ ህዝባዊ ህንጻታት፡ ቤተ መዘክር ወይ ኣብ ትያትር እንታይ ካልእ ስነ ጥበባዊ ስርሓት እዩ ዚርአ፧

ብፍላይ ስጋዊ ወይ ኣጋንንታዊ ስነ ጥበብ።

9. ኣብታ ከተማ ፍሉጣት ዝኾኑ ስነ-ጥንታዊ ቦታታት ኣለዉ'ዶ፧ እንታይ ትርጉም ክህልዎም ይኽእል፧

10. ኣቀማምጣ ናይዘን ኣዝየን ክረኣያ ዝኽእላ ማእከላት ሓጢኣት፡ ከም ክሊኒካት ምንጻል ጥንሲ፡ ድኳናት መጻሕፍቲ ወይ

ትያትራት ስእለ-ጽዩፍ፡ ከባቢታት ምንዝርና፡ ቁማር፡ ቤት መግብን መስተን፡ ንጥፈታት ግብረሰዶማውያን፡ ወዘተ እንታይ

ይመስል፧

11. ስሰዐ፡ ብዝበዛ፡ ድኽነት፡ ኣድልዎ፡ ዓመጽ፡ ሕማም ወይ ተደጋጋሚ ሓደጋ ብብዝሒ ዝረኣይሉ ስፍራታት ኣበይ እዩ፧

12.ኣብ ናይ ሕሉፍ ወይ ናይ ሕጂ፡ ህልቂት፡ ውግእ ወይ ቅትለት፡ ደም ዝፈሰሰሉ ቦታታት ኣበይ ይርከብ፧

13. ኣቀማምጣ ኣእዋም፡ ጎቦታት፡ ኣኻውሕ፡ ወይ ሩባታት ዝኹነ ይኹን ትርጉም ዘለዎ ዚመስል ቅርጺ ይፈጥር'ዶ፧

14. ገሊኡ ምልክታት እታ ኸተማ ንኣምላኽ ዘየኽብር ኣስማት ኣለዎ'ዶ፧

15. ኣብታ ከተማ እቲ ዝለዓለ ጂኦግራፊያዊ ነቑጣ ኣበይ ይርከብ ኣብኡ እንታይ እዩ ተሃኒጹ ወይ ዘመልክት፧ እዚ ናይ ስልጣን መግለጺ ክኸውን ይኽእል እዩ።

16. ኣየኖት ዞባታት ወይ ሽነካት ወይ ከባቢታት ናይ ከተማኻ ናይ ገዛእ ርእሶም ባህርያት ዘለዎም ይመስሉ። ዝተፈላለየ መንፈሳዊ ሃዋህው ዘለዎም ዝመስሉ ከባቢታት እታ ከተማ ከተለልዮም ፈትን።

## መንፈሳዊ መጽናዕቲ፡

ሀ. ክርስትያናት ዘይኮኑ

1. ምስታ ከተማ ዝሓለፈ ወይ ናይ ሕጂ ታሪኽ ዝተኣሳሰሩ ቀንዲ ኣማልኽቲ ወይ ግዝኣታዊ መናፍስቲ ኣስማቶም መነመን ነይሩ፧

2. ምስ ጥንቂላ፡ እምነት መናፍስቲ፡ ኣውደቕቲ ዛዕል፡ ሰይጣናዊ ኣምልኾ፡ ምስጢራዊ ጉጅለ፡ ፍሪማሶን፡ ሞርሞኒዝም፡ ምብራቓውያን ሃይማኖታት፡ ናይ የሆዋ መሰኻኽርን ካልእ ከምኡ ዝኣመሰለን እተሓዝኣ በረኽቲ ቦታታት፡ መሰውኢታት፡ መቕደሳት፡ ሓወልትታት ወይ ህንጻታት ኣበየናይ ከባቢታት ተደኩኖም ነይሮም፧ እዚኣቶም ኣብ ካርታ ምስ ዝስኣሉ ከመይ ዝበለ ንድፊ ይፈጥሩ፧

3. ናይታ ኸተማ ቕድሚ ምስራታ ይኹን ብድሕሪኡ'ውን እንተ ኹነ ኣረማዊ ኣምልኾ ዚግበረሎም ቦታታት ኣየኖት ነይሮም፧

4. ምስ ኣረማዊ ኣምልኾ ዝተኣሳሰር ስነ-ጥበብ ወይ ቅርስታት ክሕዙ ዝኽእሉ ዝተፈላለዩ ባህላዊ ማእከላት ኣየኖት ነይሮም፧

5. ዝኾነ መራሒ እታ ኸተማ ብፍላጥ ወይ ንብገዛእ ርእሱ ንኣረማዊ ኣምላኽ ወይ ንሓደ ግዝኣት ጸልማት ዝወፈየ ነይሩ'ዶ፧

6. ቡቶም ቀዳሞት ነበርቲ እታ ከተማ ወይ መስረቲ ኣቦታት ዝኾነ ዝፍለጥ መርገም ነይሩ'ዶ፧

ለ. ክርስትያናት፡፡

1. ደቂ እታ ከተማ ንናይ ኣምላኽ ሰባት ወይ ልኡኻት ብኸመይ ተቐቢሎሞም፧

2. ኣብታ ከተማ ወንጌላውነት ቀሊል ድዩ ነይሩ ወይስ ከቢድ፧

3. ኣብያተ ክርስትያናት ኣበየናይ ኩነታት ይርከባ፧ ኣየነይቲ ካብኣተን እያ ከም "ህይወት ትህብ" ቤተ ክርስቲያናት እትርኣያ፧

4. ኣብታ ከተማ ዝርከባ ኣብያተ ክርስትያናት ጥዕንአን ከመይ ይመስል፧

5. መን እዮም እቶም ክርስትያናት መራሕቲ ከም "ሸማግለታት እታ ከተማ" ዝቑጸሩ፥

6. ኣብ ኩሉ ከባቢታት ከተማ ምጽላይ ቀሊል ድዩ፧

7. ኣብ መንጎ ክርስትያናት መራሕቲ ኣብ ናይ ብሄራትን ዝተፈላለዩ ሃይማኖታትን ሓድነት ኣብ ከመይ ዝበለ ደረጃ ኣሎ፧

8. መራሕቲ እታ ኸተማ ብዛዕባ ኣብታ ከተማ ዘሎ ክርስትያናዊ ስነ-ምግባር እንታይ ኣረኣእያ ኣለዎም፧

ሐ. ምግላጽ

1. እቶም ፍሉጣትን ብሱላትን ኣማለድቲ ብዛዕባ እታ ከተማ ካብ ኣምላኽ እንታይ ይሰምዑ ኣለዉ፧

2. ንመላእ ከተማ ወይ ንገለ ከባቢታት ህይወት ወይ ግዝኣት እታ ከተማ ዝቆጻጸሩ ዝመስሉ ሕልቅነታትን ስልጣናትን ገዛእቲ ጸልማት ገዛእቲ መንነቶም ጽሓፍ፡፡

ሕጂ...ነቲ ዝረኸብካዮ ሓበሬታ ኣብ ልዕሊ ከባቢኻ፡ ከተማኻ፡ ወይ ብሄርካ እትገብሮ ጸሎት ተጠቐመሉ፡፡ ብፍላይ ኣንጻር እቶም ኣለሊኻዮም ዘለኻ እኩያት መንፈሳውያን ሓይልታት ጸሊ፡፡

# ምዕራፍ ሓሙሻተ
# ንውጽኢታዊ ኣማላድነት ዝዕንቅፉ ነገራት

## *ዕላማታት፤*

እዚ ምዕራፍ ምስ ወዳእካዮ ነዞም ዝስዕቡ ክትገብር ክትክእል ኢኻ፤

- *ንውጽኢታዊ ኣማላድነት ዝዕንቅፉ ነገራት ክተለልን ክተወግድን*
- *መዓስ ከም ዘይጽለ ክትፈልጥን።*

## *መሪሕ ጥቕሲ፤*

***ትልምኑ ኢኹም እሞ፡ ብፍትወት ሰጋኹም ምእንቲ ኽትዘርውዎ፡ ብኽፉእ ስለ ዝለመንኩም፡ ኣይትቕበሉን ኢኹም። (ያእቆብ 4፡3)***

### *መእተዊ*

ብግቡእ ከተማልድ እንተደሊኻ ንውጽኢታዊ ኣማላድነት ዝዕንቅፉ ነገራት ኣለሊኻ ካብ ህይወትካ ክተወግዶም ኣለካ። "መሰናኽል" ዝኾነ ነገር ኣብ መንገድኻ ደው ዝብል፡ ንከተማልድ ዝኽልክል እዩ።

### *ንውጽኢታዊ ኣማላድነት ዝዕንቅፉ*

ኣብዞም ዝስዕቡ ቅዱሳት መጻሕፍቲ ንውጽኢታዊ ኣማላድነት ዝዕንቕፉ ነገራት ዝገልጹ እዮም፡ ብጥንቃቐ ኣጽንዓዮም፡

| | |
|---|---|
| ኹሉ ዓይነት ሓጢኣት፡ | ኢሳ 59፡1-2፤ 1፡15፤ መዝ.66፡18፤ ምሳ 28፡9 |
| ኣብ ልቢ ዝተቐመጡ ጣኦታት፡ | ህዝቅኤል 14፡1-3 |
| ይቕረ ዘይብል መንፈስ፡ | ማርቆስ 11፡25፤ ማቴዎስ 5፡23 |
| ትምኒትን ስጋ፡ ዘይቅኑዕ ሃቐና | ምሳሌ 21፡13፤ ያእቆብ 4፡3 |
| ሓያል ብስስዐን ቅንእን ዝግበር ጸሎት | ያእቆብ 4፡2-3 |
| ዘይቅኑዕ ኣተሓሕዛ መጻምድቲ፡ | ይ ጴጥሮስ 3፡7 |
| ርእሰ-ጽድቂ | ሉቃስ 18፡10-14 |
| ምውልዋል፡ | ያእቆብ 1፡6-7 |
| ኣብ ክርስቶስን ኣብ ቃሉን ዘይምጽናዕ፡ | ዮሃንስ 15፡7 |
| ድንጋጸ ዘይምህላው፡ | ምሳሌ 21፡13 |
| ምስሉይነት፡ ትዕቢት፡ ከንቱ ምድግጋም፡ | ማቴዎስ 6፡5፤ እዮብ 35፡12-13 |
| ከም ፍቓድ ኣምላኽ ዘይምልማን፡ | ያእቆብ 4፡2-3 |
| ብስም የሱስ ዘይምልማን፡ | ዮሃንስ 16፡24 |
| ሰይጣናዊን ኣጋንንታዊን ዕንቅፋታት፡ | ዳንኤል 10፡10-13፤ ኤፌሶን 6፡12 |
| መጀመርያ መንግስቲ ኣምላኽ ዘይምድላይ፡ መጀመርያ መንግስቲ | |
| ኣምላኽ ምስ ደለኻ ጥራይ እዩ "ካልእ ነገራት" ዝውሰኸካ | ማቴዎስ 6፡33 |

ከመይ ጌርካ ከምቲ ዝግብኣካ ከም እትጽሊ ምስ ዘይትፈልጥ ጸሎትካ፡
ይዕቀፍ፡ በዚ እዩ

*መንፈስ ቅዱስ ስሌና ክጽሊ ምፍቃድ ኣገዳሲ ዝኾነ* ሮሜ 8፡26

## *ንኣማላድነት ዝዕንቅፉ ነገራት ምውጋድ*

*ንኣማላድነት ዝዕንቅፉ ነገራት ምልላይ እኹል ከምዘይኮነ ኣይትረስዕ፡ እንታይ ድኣ ኣብ ህይወትካ ከተወግዶም ኣምላኽ ክሕግዘካ ክትሓቶ ይግባእ። ዘይተመለሰ ጸሎት ዝመስል እንተ ሃልዩካ ኣብ ህይወትካ ዕንቅፋታት ኣለዉ ማለት ከምዘይኮነ እውን ኣይትረስዕ። ከምቲ ኣብ ምዕራፍ ሓደ ዝተገለጸ መልሲ ጸሎት ክድንጉይ* (ሉቃ 18፡7) *ወይ ድማ ኣብ ድሌትና ዝተፈልየ መልሲ ክንረክብ ይኽኣል እዩ* (2ቆሮ 12፡8-9) ።

## *መዓስ ኢኻ ዘይትጽሊ*?

*ቅድሚ ምጽላይና ኣብ ቅድሚ ጉይታ ብመሪሕነትን ኣንፈትን ናይ ጸሎት ከመይ ጌርካ ከም እትጽልን እተማልድን ክትመሃር ኣገዳሲ እዩ። ማዕረ ማዕሪኡ መዓስ ከም ዘይትጽሊውን ምፍላጥ ጠቓሚ እዩ። ሓደ ሓደ ኣብ ምንጎ እቲ ናይ ኣማላድነት ጸሎትካ ኣቋሪጽካ ናብ ትግባረ ክትሳገር ይእዝዘካ። እዚ ማለት፡ ጎይታ ኣብ ክንዲ ዝያዳ ጸሎት ናብ ተግባር ክትሓልፍ ይደልየካ ኣሎ ማለት`ዩ።*

*እዚ እቲ እስራኤላውያን ኣብቲ ምድረበዳ መሪር ማያት ማራ ዝረኸቡሉ እዋ፡ ሽሕ'ኳ ማይ ክሰትዩ ኣዝዮም እንተ ደለዩ፡ ካብዚ መርዛም ውሓዚ ግን ክሰትዩ ዘይክኣሉሉ ታሪኽ የዘኻኽረና። ሙሴ ስለ ደቂ እስራኤል ኣብ ዘማለደሉ እዋን ናብ እግዚኣብሄር ምስ ኣእወየ እግዚኣብሄር ነቲ መሪር ማያት ንምጥዓም እንታይ ክገብር ከም ዘለዎ ብትኽክል ገለጸሉ። ብድሕሪኡ ሙሴ ብጸሎት ንጉይታ ዝያዳ ምጽባይ ኣየድለዮን፡ ነቲ ኣምላኽ ዝገለጸሉ ነገራት ክትግብር እዩ ነይሮም። ኢያሱ ብዛዕባ እቲ ኣብ ዓይ ዘጋጠሞም ዜስካሕክሕ ስዕረት ምእንቲ እስራኤል ኪልምን ከሎ እውን ከምኡ እዩ ነይሩ። እግዚኣብሄር ኣብ መንጎ ህዝቢ ሓጢኣት ከም ዘሎ ንኢያሱ ብትኽክል ገለጸሉ።...*

> ***ተንስእ፣ ስለምንታይ ከምዚ ብገጽካ ትድፋእ፤ እስራኤል ሓጢኣት ገበረ፡ ተንስእ እሞ ነቶም ህዝቢ ቀድሶም።(ኢያሱ ምዕራፋት 7፡ 10፡12፡ ከምኡውን ምዕራፍ 13)***

*ስለዚ ኢያሱ ዝያዳ ጸሎት ዝጽልየሉ ዘይኮነስ ነቲ ዝተዋህቦ ምርሒት ምትግባር እዩ ዘለዎ። ገሊኦም ሰባት ነቲ ኣምላኽ ዝበሎም ንኸይገብሩ ንኣማላድነት ከም መመኽነይታ ይጥቀሙሉ። ሓይሊ ዘለዎ ኣማላድነት ናብ ኣደናቒ ውጽኢታዊ ትግባረ ይመርሕ። ገለ ሰባት እግዚኣብሄር ኣቐዲሙ መልሲ ምስ ሃቦም ነቲ ዝሃቦም መልሲ ኣይፈትዉዎን እዮ፡ ምጽላዮም ይቕጽሉ። ነዚ መረዳእታ ዝኸውን ኣብ ዘሁልቀ* 22 *ታሪኽ በላዓም ዳግም ኣንብብ፡ ብፍላይ ቁጽሪ* 18-19 *ኣስተውዕል። እግዚኣብሄር ንበላዓም ኣቐዲሙ ስለ ዝመለሰሉ በላዓም ተመሳሳሊ ጉዳይ ሒዙ ናብ ኣምላኽ ክቐርብ መሰል ኣይነበሮን* (ቁጽሪ 12 ርአ) ።

## ርእሰ ገምጋም

1. **መረሐ ጥቕሲ ዘኪርካ ጽሓፍ።**

______________________________________________

______________________________________________

______________________________________________

______________________________________________

2. **ካብቶም ኣብዚ ምዕራፍ ዝተዘርበሎም ገለ ገለ ዕንቅፋታት ውጽኢታዊ ኣማላድነት ዘርዝር።**

______________________________________________

______________________________________________

______________________________________________

______________________________________________

______________________________________________

3. **መዓስ ኢኻ ክትጸሊ ዘይብልካ፧**

______________________________________________

______________________________________________

(**መልሲ ፈተናታት ኣብ መደምደምታ ናይ መወዳእታ ምዕራፍ ናይዚ መምርሒ ተዋሂቡ ኣሎ**) ።

## ንተወሳኺ መጽናዕቲ

**ኣብዚ ምዕራፍ ዝተዘርበሎም ንውጽኢታዊ ኣማላድነት ዝዕንቅፉ ነገራት ብዘርዝር ኣቕርብ። ካብዚኣቶም እቶም ንጸሎትካ ዕንቅፋት ክኾኑ ዝኽእሉ ነገራት ምልክት ድሕሪ ምግባር ነዚኦም ዕንቅፋታት ብኸመይ ካብ ህይወትካ ክተወግዶም ከም ትኽእል፤ ጽሓፍ።**

# ምዕራፍ ሸዱሽተ
# ኣብነታዊት ጸሎት ተጠቒምካ ምምላድ

**ዕላማታት፤**

እዚ ምዕራፍ'ዚ ምስ ወዳእካዮ ነዞም ዝስዕቡ ክትገብር ክትክእል ኢኻ፤

- ነተን ክልተ ትርጉማት ኣብነታዊት ጸሎት መወከሲታት ካብ መጽሓፍ ቅዱስ ክትህብ፡
- ጸሎት ጐይታ ስለ ምንታይ ሓቀኛ ኣብነት ናይ ኣማላድነት ጸሎት ምኳና ክትገልጽ፡
- ነታ ኣብነታዊት/ኣርኣያ ጸሎት ካብ ተዘክሮኻ ክትደግምን
- ነታ ኣብነታዊት/ኣርኣያ ጸሎት ከም መምርሒ ኣማላድነት ክትጥቀመላን።

***መሪሕ ጥቕሲ፥***

***ንስኻትኩምሲ ኸምዚ ኢልኹም ደኣ ጸልዩ፡***

***ኣብ ሰማያት እትነብር ኣቦና፣***

***ስምካ ይቀደስ፡ መንግስትኻ ትምጻእ።***

***ፍቓድካ ኸምቲ ኣብ ሰማይ፡ ከምኡ ድማ ኣብ ምድሪ ይኹን።***

***ናይ ዕለት እንጌራና ሎሚ ሃበና።***

***ንሕና ንዘበደሉና ኸም ዝሓደግናሎም፡ በደልና ሕደገልና።***

***ካብ ክፉእ ኣድሕነና እምበር፡ ናብ ፈተና ኣይተእትወና።***

***መንግስትን ሓይልን ክብርን ንዘለኣለም ናትካ እዩ እሞ፡ እሜን። (ማቴዎስ 6 ፡ 9-13)***

## *መእተዊ*

ክልተ ዓይነት ትርጉማት ናይ "ጸሎት ጐይታ" ወይ "ኣርኣያ ጸሎት" ኣሎ። ሓደ ኣብ ማቴ 6፡9-13 ሓደ ድማ ኣብ ሉቃስ 11፡2-4 ተመዝጊቦም ንረኽቦም። መብዛሕትኦም ናይ መጽሓፍ ቅዱስ ምሁራን ኣብ መንጎ እዘን ክልተ ትርጓሜታት ዘሎ ተመሳሳልነት ብምርዳእ ክልቲአን ከም እተፈላለያ ዓይነታት ጸሎት ዘይኩነስ፡ ከም ክልተ መልክዕ ናይ ሓደ ዓይነት ጸሎት ጌርካ ምውሳደን እዩ እቲ ቅኑዕ ኢሎም ይኣምኑ።

ማቴዎስ ዝሃቦ ትርጉም የሱስ ኣብ ከረን ኣስተምህሮ ኣብ ዝሃበሉ እዋን እዩ ተጻሒፉ። ኣብ መጽሓፍ ሉቃስ ዘሎ ቊንጽል ንባብ ድማ የሱስ ኣገልግሎት ድሕሪ ምጅማሩ ድሕሪ ክልተ ዓመትን ፈረቓን ኣቢሉ ደቀ መዛሙርቱ ናብኡ ቐሪቦም የሱስ "ምጽላይ ክምህሮም" ምስ ሓተትዎ ዝተጻሕፈ እዩ። ኣብዚ መንጎ'ዚ እዋን ደቀ መዛሙርቱ ንየሱስ ክጽሊ ኮሎ ተዓዚቦምን ብዛዕባ ውጽኢት ጸሎቱ ናይ ጸሎት ተመኩሮታቱ መስኪሮምን። እዚ ናይ ጸሎት ተሞኩሮ የሱስ ኣብ ደቀ መዛሙርቲቱ "ምጽላይ ንምምሃር" ሓያል ድሌት ስለ ዝፈጠረሎም፡ ንመምህሮም "ምጽላይ ምሃረና፡" ኢሎም ሓተትዎ።

የሱስ ድማ በቶም ኣብ "ኣርኣያ ጸሎት " ዘለዉ ቃላት ገይሩ ንሕትኦም መለሰ፤

***ንስኻትኩምሲ ኸምዚ ኢልኹም ደኣ ጸልዩ፡***

***ኣብ ሰማያት እትነብር ኣቦና፣***

***ስምካ ይቀደስ፡፡ መንግስትኻ ትምጻእ።***

***ፍቓድካ ኸምቲ ኣብ ሰማይ፡ ከምኡ ድማ ኣብ ምድሪ ይኹን።***

*ናይ ዕለት እንጌራና ሎሚ ሃበና።*

*ንሕና ንዘበደሉና ኸም ዝሓደግናሎም፣ በደልና ሕደገልና።*

*ካብ ክፉእ ኣድሕነና እምበር፣ ናብ ፈተና ኣይተእትወና።*

*መንግስትን ሓይልን ክብርን ንዘለኣለም ናትካ እዩ እሞ፣ እሜን። (ማቴዎስ 6 ፡ 9-13)*

## ናይ ኣማላድነት ጸሎት

ደቀ መዛሙርቲ ናብ የሱስ ቐሪቦም "ምጽላይ ምሃረና" እምበር "ጸሎት ምሃረና" ኣይበልዎን። የሱስ ነቲ ዝሓተትዎ ሕቶ በቲ መምሃራን ናይ ኣይሁድ ዚጥቀሙሉ ዝነበሩ ኣገባብ ኣመሃህራ ተጠቂሙ እዩ መሊሱሎም። እቶም መምሃራን ሙብዛሕትኡ ግዜ ገለ ኣርእስታት ይጠቕሱ'ሞ፣ ድሕሪኡ ኣብ ትሕቲ ነፍሲ ወከፍ ኣርእስቲ ምሉእ ዝርዝር ይህቡ ነበሩ።

፡የሱስ ኣብዚ “ኣርኣያ ጸሎት” ፡ ነዚ ተመሳሳሊ ናይ ትምህርቲ ኣገባብ እዩ ተጠቒሙ፣ መጀመርያ ኣርእስታት ሂቡ፣ ቀጺሉ ኸኣ በዚ መገዲ'ዚ “ጸልዩ" ኢሉ መምርሒ ሂቡ። (houtos oun ብቛንቋ ግሪኽ ዝብል ኮይኑ ትርጉሙ ድማ "በዚ መገዲ'ዚ ጸልዩ" ማለት እዩ። የሱስ ንሰዓብቱ ነቲ ጸሎት ቃል ብቓል ክደግሙ ኣይመሃሮምን፣ እንታይ ደኣ ብኣገባብ ክጽልዩ እዩ ምሂርዎም።

የሱስ ጸሎቱ "ናትና" ብዝብል ንብዙሓዊ ዋንነት ዝገልጽ ስማዊ ቅጽል እዩ ጀሚሩ። ብተወሳኺ ኣብታ ጸሎት ከም "ሃበና፣" "ምርሓና፣" "ይቕረ በለልና፣" ዝብሉ ኣበሃህላታት ንርኢ ኢና። ብኹሉ መዳይ እቲ ኣርኣያ ጸሎት ናይ ኣማላድነት ጸሎት ምኳኑ ይረጋገጸልና ኣሎ። ብተወሰኺ ኣብዚ ስለ ኻልኦት ስለ ገዛእ ርእስኻ ኢና እንጽሊ።

## ትንተና ኣርኣያ ኣማላድነት ጸሎት

እዚ ዝሰዕብ ናይ'ዛ ኣርኣያ ኣማላድነት ጸሎት ሓጺር ትንታነ እዩ፤

### ኣብ ሰማያት እትነብር ኣቦና፣

"ኣቦና" ዝብል ቃል ንቕርበት ዘመልክት ኮይኑ "ኣብ ሰማይ" ዝብል ቃላት ኸኣ ንርሕቀት ዘመልክት እዩ። መዝሙር 139 ኣምላኽ ኣብ ኵሉ ቦታ ከም ዘሎ ትሕብር። ናብ ኣብ"ሰማያት ዘሎ ኣቦና" ክንጽሊ ከለና፣ ነቲ መንጎ ኣቦናን ኣባናን ዘሎ ርሕቀት ዘነጽረልና ዘይኮነስ ካብ ተፈጥሮኣዊ ዓለም ናብ ሓያል መንፈሳዊ ደረጃ ብቐጽበት እዩ ዘእትወ። ብተወሰኺ ኣቦና፣ ናይ'ቲ ኣብ ኣርኣያ ጸሎት ዝቐረቡ ሕቶታት መልሲ ዝህበሉ ምሉእ ጸጋታት ልዕለ ባህርያዊ ግዝኣት ኣብ ኢዱ ከም ዝሓዘ የረጋግጸልናን። ናብቲ ኣብ ሰማይ ዘሎ ‘ኣቦና" ክንጽሊ ከሎና ብቐጽበት ብክርስቶስ ምስ ሓደ ኣብ ኣማላድነት ጸሎት ክንጥቀመሉ ዠኽእለና ደረት ኣልቦ ልዕለ ባህርያዊ ጸጋታት ዘለዎ ልዕለ ባህርያዊ ኣምላኽ ንራኸብ።

### ስምካ ይቀደስ፤

ኣባላት ስድራቤት ኣምላኽ ምስ ኮንና ልክዕ ከምቲ ኣብዛ ተፈጥሮኣዊት ዓለም ተወልዱ ምስ ዘይ ወለዱ ዝዓቢ ህጻን ስም ሓድሽ ኣቦኡ ዝወስድ፣ ንሕና ድማ ስም ሰማያዊ ኣቦና ይውሃበና። መንፈሳዊ ተቀባልነትና፣ ንኣምላኽ "ኣቦ" ኢልና ክንጽውዖን ምስ ስሙ ዝተኣሳሰር ኩሉ ጥቕምታት ክንረክብን መሰል ይህበና ምኽንያቱ ሕጂ ወረስቲ መንግስቲ ኣቦና ስለ ዝኾና።

ስም እግዚኣብሄር መለልዩ ሕላገት ጥራይ ኣይኮነን፣ ስሙ መግለጺ ባህሪኡን መንነቱን እዩ። "ስምካ ይቀደስ" ክንብል ከለና ናይ እግዚኣብሄር ሰብነትን፣ ሓይልን፣ ስልጣንን ኢና እንእውጅ። ምእንቲ ካልኦት ክትጽሊ ከለካ ነዞም ኣስማት እዚኣቶም ተጠቒምካ እግዚኣብሄር ኣብ ህይወቶም ክሰርሕ ክትልምን ትኽእል ኢኻ። ሓደ ኣብነት እንሆ፤

"ስለ በዓል ቤተይ እጽሊ ኣለኹ፣ ንስኻ የሆዋ-ሰላም ክትገብረላ፣ ንስኻ የሆዋ-ጂረህ ክትኮነላ እጽሊ ኣለኹ፣ ኵሉ ዘድሊ ዘበለ ሎሚ ክትቅርበላ እጽሊ ኣለኹ። የሆዋ-ኒሲ፣ ሰንደቕ ዕላማኻ ኣብ ልዕሊ ህይወታ ክነግስ እጽሊ ኣለኹ።" ከም የሆዋ- ም'ካዴሽ ሎሚ መዓልቲ ክትቅድሳ እጽሊ ኣለኹ... (ወዘተ) ።"

እዞም ዝሰዕብ ዝርዝር ነቶም ሸውዓተ ውሁዳት ኣስማት ኣምላኽን ትርጉሞም የረኢ፤

| ስም | ትርጉም | መወከሲ |
|---|---|---|

| | | |
|---|---|---|
| የሆዋ ጺድከኑ | የሆዋ ጽድቕና እዩ | ኤርምያስ 23:6 |
| የሆዋ-ም'ካደሽ | የሆዋ ቕድስናና እዩ | ዘጸኣት 31:13 |
| የሆዋ-ሻሎም | የሆዋ ሰላም እዩ | መሳፍንቲ 6:24 |
| የሆዋ-ሻማህ | የሆዋ ኣሎ (ኣብኡ ኣሎ) | ህዝቅኤል 48:35 |
| የሆዋ-ሮፈ | የሆዋ ይፍውስ | ዘጸኣት 15:26 |
| የሆዋ-ጅረህ | የሆዋ ይናቢ | ዘፍጥረት 22:14 |
| የሆዋ-ኒሲ | የሆዋ ሰንደቕ ዕላማይ | ዘጸኣት 17:15 |
| የሆዋ-ሮሂ | የሆዋ ጓሳ | መዝሙር ዳዊት23:1 |

## መንግስትኻ ትምጻእ፡

ብቋንቋታት ግሪኽ፡ እብራይስጥን ኣራማይክን፡ "መንግስቲ" ንግስነት እዩ ዘመልክት፡ እዚ ኸኣ ልዑላውነት፡ ንግስነት ወይ ናይ ምግዛእ ስራሕ ኣምላኽን ናይ እግዚኣብሄር ባህርያት ብግብሪ ምግላጽን የጠቓልል።

ናይ እግዚኣብሄር ኣሰራርሓ ብመንጽር እቲ ንኹሉ ዝሓቁፍ ኣድማሳዊ ውዳቤኡ ከም መንግስቲ ኣምላኽ ይርአ። እዛ መንግስቲ ነታ ኣብቲ ከባቢ ንምስፋሕ እዛ መንግስቲ እትዓዪ ቤተ ክርስቲያን ኣብ ከባቢኣ ዘለዉ ክርስትያናዊ ውድባትን ኵሎም ኣብዛ መንግስቲ እዚኣ ዝተወልዱ ውልቀሰባትን ማለት፡ ናይ ሓቂ ኣመንቲ ዝሓቀፈት እያ።

ኣብ መጻኢ ኣብ ገለ እዋን መንግስቲ ኣምላኽ ብዝርአ መልክዕ ክትምስረት እያ። እዚ ዝፍጸመሉ ዘመን ግዜን ብልክዕ እኳ እንተኾነ እንተ ዘይተፈልጠ (ግብ 1፥7) ፡ ብመሰረት ቃል ኣምላኽ ግን ከዝፍጸም ርግጽ እዩ። ኩለን "መንግስታት ዓለም" ንብረት እግዚኣብሄር ክኾና እየን፣ እታ እከይቲ መንግስቲ ሰይጣን ክትስዓር እያ፣ ንጉስና ድማ ንዘለኣለም ክነግስ እዩ (ራእይ 11፥15) ።

መንግስቲ ኣምላኽ እቲ ዋና ስብከት የሱስ ብምንባሩ ንእኡ ዝምልከት ኣብ ሓድሽ ኪዳን ብንጹር ተመዝጊቡ ይርከብ፡ ኣብ ማቴዎስ ኣስታት 49 ግዜ: ኣብ ማርቆስ 16 ግዜ: ኣብ ሉቃስ ድማ 38 ሳዕ ተጠቒሱ ኣሎ። የሱስ ምድራዊ ኣገልግሎቱ ብምእዋጅ ምምጻእ መንግስቲ ኣምላኽ እዩ ጀሚሩ። (ማቴዎስ 4፥17) ኹሉ ምድራዊ ኣገልግሎቱ ድማ ንመንግስቲ ዝምልከት ነገራት ብምዝራብ ዛዚምዎ። (ግብሪ ሃዋርያት 1፥3)

ኣብ ምጅማርን ምዝዛምን ምድራዊ ኣገልግሎቱ፡ የሱስ ኣተኩሮኡ ኵሉ ሳዕ ኣብ መንግስቲ ኣምላኽ እዩ ነይሩ፡ ኣብ መልእኽቱ ኣብ ካልእ ቦታታትውን ብዛዕባ መንግስቲ ኣምላኽ ክሰብኽ ከም ዘለዎ ብቐጻሊ ይዛረብ ነይሩ (ሉቃ 4፥43) ። የሱስ፡ ህይወቱ ንስርዓታቱ ከመልክት ከሎ ኩሎም ምስላታቱን ድማ ምስ መንግስት ዚተኣሳሰሩ እዮም ነይሮም። ንሕናውን ከም ሰዓብቲ የሱስ፡ ነዚ ኢና ኣትኩሮ ሂብና ክንዓዪ ኀይታ ይጽበየና።

*"ቅድም መንግስቲ ኣምላኽን ጽድቁን ድለዩ፡ እዚ ኹሉ ድማ ይውሰኸልኩም"። (ማቴዎስ 6፥33)*

እዛ ጥቕሲ እዚኣ፡ ጸሎትና፡ ስብከትና፡ ትምህርትና፡ ሂወትናን ኣበይ ከነተኵር ከም ዘሎና ትሕብር፡ ኣትኩሮና ኹሉ ናብ መንግስቲ ኣምላኽ ዝዓለመ ክኸውን ይግባእ። "መጀመርታ መንግስቲ ትደሊ ኮንካ"፡ መልሲ ናይቶም ካልኦት ኣብቲ ኣርኣያ ጸሎት ዝሰዕቡ ልመናታት ይስዕቡኻ።

"መንግስትኻ ትምጻእ ኢልካ ምጽላይ ካብ ጸሎት ንላዕሊ ናይ የሱስ ምምላስን ናይ መንግስቱ ናይ መወዳእታ መልክዑ ምምስራትን ኢና ንእውጅ ዘለና። "መንግስትኻ ትምጻእ” ክንብል ከለና፡ ብሓቂ ኣቦና ኣብ ህይወት ኣመንቲን ዘይኣመንቲን ከምኡ'ውን ኣብ መላእ ምድሪ ክነግስ ኢና ንእውጅ ዘለና። እግዚኣብሄር ከም ንጉስ ኣብዚ ምድሪ ክፍለጥን ብዘሎ ፍጥረት ብትእዛዛቱ ክምራሕ ኢና ንዛረብ ዘለና።

"መንግስትኻ ትምጻእ" ዝብል ቃል ክንብል ከለና ብሓቂ ንኣምላኽ ኣንጻር መንግስቱ ዝዓለመ ኣብ ገዛእ ርእስናን ካልኦትን ንዘሎ ዝኾነ ይኹን ኣዘራርባ፡ ኣተሓሳስባ፡ ድሌት፡ ባህርያት ወዘተ ክውገድ ንሓትት ኣለና።

## ፍቓድካ ኸምቲ ኣብ ሰማይ፡ ከምኡ ድማ ኣብ ምድሪ ይኹን:

ብቋንቋ ግሪኽ፡ "ንፍቓድ ኣምላኽ" ብክልተ ቃላት ይግላጽ። እቲ ሓደ ቃል “ቡለማ" ኮይኑ ንልዑላዊ ፍቓድ ኣምላኽ ማለት፡ ኹሉ ኣብ ኣድማስ ዝፍጸም ኣቐዲሙ እግዚኣብሄር ዘወሰኖ መደብ እዩ። እዚ ዓይነት "ፍቓድ ኣምላኽ" ብውሳኔ ናይ ሰባት ከይተዓግተ ይፍጸም። እዚ እቲ ንዓለም ዘለዎ ዋና መደብ እዩ። ንኹሉ ፍጥረት ድማ ብመሰረት ልዑላዊ ፍቓዱ ናብ ህይወት የምጽእን ይወስድን ኣሎ።

ንሕና በቲ ኹሉ ኸምቲ ምኽሪ ፍቓዱ ብሓሳብ ዚገብር ቀደም እተመደብና፡ ነቲ ዕድል ርስቲ ብእኡ ረኺብናዮ። (ኤፌሶን 1፡11)

"ቡለማ" ፍቓድ ናይ ኣምላኽ ፍቓድ ወዲ ሰብ ኣይሓትትን እዩ። ኣብ "ቡለማ" ፍቓድ ኣምላኽ፡ ውጽኢቱ ኣቐዲሙ ዝተወሰነ እዩ። "ቡለማ" ፍቓድ ኣምላኽ ኣብ ቃሉ ዝተጻሕፈን ምሉእ ብምሉእ ንጹርን እዩ። እዚ ዓይነት ፍቓድ ኣምላኽ ኣብ መጽሓፍ ቅዱስ ስለ ዝተገልጸ ንእኡ ኢልካ ምጽላይ ኣየድልን እዩ።

እቲ ካልኣይ ንፍቓድ ኣምላኽ ዝገልጽ ቃል "ተለማ" ዝብል ኮይኑ ንነፍሲ ወከፍ ሰብ ዝምልከት ውልቃዊ መደብ ወይ ፍቓዱ ዘመልክት እዩ። እግዚኣብሄር ነዚ "ተለማ" ፍቓዱ ንኽፍጽም፡ ፍቓድ ሰብ ይሓትት። ሰባት ብ"ተለማ" ፍቓድ ኣምላኽ ክመላለሱ ወይ ከይመላለሱ ናይ ምምራጽ ስልጣን ኣለዎም። ኣብ ልዕሊ ገዛእ ርእስኻ ወይ ካልእ ሰብ "ፍቓድካ ንክፍጸም" ክትጽሊ ከለኻ፡ እታ "ተለማ" ፍቓድ ኣምላኽ ክትፍጸም ኢኻ ትልምን ዘለኻ።

## ናይ ዕለት እንጌራና ሎሚ ሃበና:

ኣብዛ ኣብነታዊት ጸሎት፡ ኣብ ልዕሊ ኩሉ ኩነታት ህይወትና "መንግስትኻ ትምጻእ ኢልና ክንእውጅ ከለና፡ መጀመርታ መንግስቲ ንደሊ ኣሎና። ንሕና ፡"ፍቓድካ ይኹን" ኢልና ክንእውጅ ከሎና ድማ ንፍቓድ ሰማያዊ ኣቦና ብጽድቂ ንግዛእ ኣሎና ማለት'ዩ። ሕጂ ድማ ፍቓዱ ክንፍጽምን መንግስቱ ከነስፍሕን ዘኽእለና ድሌታትና ክመልኣልና ክንሓትት፡ " ናይ ዕለት እንጌራና ሎሚ ሃበና" ኢልና ክንጽሊ ብርግጽ ንኽእል ኢና።

"ሃበና"ማለት፡ ምንጪና እግዚኣብሄር እምበር ስምና ወይ ናይ ስራሕና ክፍሊትና ከምዘይኮነ ይሕብር። ኣብ ኣብነታዊት ጸሎት "ሎሚ" ዚብል ቃል ካብ ናይ ግሪኽ ቃል ዝተተርጎመ ኮይኑ፣ እዚ ቃል'ዚ ኣብ ካልእ ቦታ ናይ መጽሓፍ ቅዱስ የለን። እዚ ማለት ከኣ "ንናብራና ዝድግፈና ዝኣክል ኣገዳሲ እንጌራ" ማለት እዩ። በዚ ኣሰራርዓ'ዚ ምጥቃሙ፡ ነታ የሱስ ዝመሃራ ጸሎት መዓልታዊ ክንጽሊ ከም ዘሎና የረጋግጸልና።

ኣብዚ ጸሎት፡ “እንጌራ” ክብል ከሎ ንመንፈሳውን ስጋውን "እንጌራ" የመልክት። "ናይ ዕለት እንጌራ ሎሚ ሃበና፡" ማለትውን ንኣናን ንኻልኦት ዝኸውን ናይ ዕለት እንጌራ ኣቕርቦት ከም እንልምን የመልክት።

### *ንሕና ንዝበደሉና ኸም ዝሐደግናሎም፡ በደልና ሕደገልና፤*

ናይ ገዛእ ርእስና ውልቃዊ በደልን ኻልእ ኣብ ልዕሌና ዝተፈጸመ በደልን ክልቲኡ ይቕሬታ ክንቅበልን ይቕረታ ክንህብን ክንመሃር ኣለና። ውልቃዊ በደል ዝፍጠር ብሓጢኣትካ ንኣምላኽ ክትብድሎ ከለኻ እዩ። "በደልና ሕደገልና" ክትብል ከለኻ እግዚኣብሄር ይቕረ ክብለካ ክትሓቶ ከሎኻ ምስ ቃሉ ኢኻ ትሰማማዕ ዘሎኻ። መጽሓፍ ቅዱስ ከምዚ ይብል፤

> ***ሓጢኣት የብልናን፡ እንተ በልና፡ንርእስና ንጥብራ ኣሎና፡ እታ ሓቂውን ኣባና የላን። ሓጢኣትና እንተ ተናዘዝና፡ ንሓጢኣትና ይቕረ ኪብለልና፡ ካብ ኩሉ ዓመጻውን ኬንጽሃና እሙንን ጻድቕን እዩ።*** *(1ይ ዮሃ 1፡8-9)*

ነቲ እትፈልጦ ሓጢኣትካ ክትናዘዝ ከለኻ፡ ኣምላኽ ከኣ ነቲ እትፈልጦን ነቲ ዝተሰወረካን ይቕረ ይብለልካ፡ ካብ ኩሉ ዓመጻ የጽርየካ።

እቲ ካልኣይ ይቕረታ እትሓተሉ መዳይ ድማ ኻልኦት ብቀጥታ ይኹን ብተዘዋዋሪ መገዲ ንዝበደሉኻ ሰባት ይቕረ ምባል እዩ። ቀጥታዊ በደል ዝፍጠር ንገዛእ ርእስካ ብሰባት ወይ ሓደ ሰብ ምስ ትብደል'ዩ። ዘይቀጥታዊ በደል ግና እቲ ሰብ ብቐጥታዊ ብዘይኮነ መገዲ ሰብ ንኣኻ ክብደልካ ከሎ ወይ ንፈታዊኻ ዓርክኻ ወይ ዘመድካ ምስ ዝብድሎ እዩ፡ ንስኻ ድማ በደሉ ክትወስድ ከለኻ እዩ። የሱስ ከምዚ ዓይነት ሕማቕ ተግባራት ክንቃለሶ ከም ዘለና፡ ንሕና ንዝበደሉና ኸም ዝሐደግናሎም፡ በደልና ሕደገልና" ብምባል ምሂሩና።

እዚ ጥቕሲ'ዚ ብቋንቋ ግሪኽ ቃል ብቓሉ ክትርጎም ከሎ፡"ንሕና ንዝበደሉና ኸም ዝሐደግናሎም" ኢሉ ይትርጎም። ስለዚ እቲ ጥቕሲ "ከምቲ ንኻልኦት ይቕረ ዝበልናዮ በደልና ይቕረ በለልና" ብዝብል ክትካእ ይኽእል። እቲ ቐንዲ ሓሳብ፡ ሕና ቅድሚ'ቲ ኣብ ልዕሊ እግዚኣብሄር ዝገበርናዮ ሓጢኣት ይቕረታ ክግበረልና ምሕታትና ኑቶም ኣብ ልዕሌና ዝበደሉ ኣቐዲምና ይቕረ ክንብል ኣሎና፡ ዝብል እዩ። የሱስ ነዚ መምራሒ እዚ ብኣብነት ናይ'ቲ ክፉእ ባርያ ገይሩ እዩ ምሂሩ (ማቴዎስ 18፡22-35) ።

እዚ ኣብነት'ዚ፡ ይቕረታ ኣምላኽ ቅድሚ ናይ ሰብ ይቕረታ ከም ዝኾነ ዘረድእ እዩ። ናይ ሰብ ይቕረታ ነጸብራቕ ናይ ኣምላኽ ይቕረታ እዩ፣ ናይ ኣምላኽ ይቕረታ ድማ ንኣና ክውን ዝኸውን ንሓድሕድና ይቕረ ክንበሃሃል ፍቓደኛታት ምስ እንኸውን ጥራይ እዩ።

የሱስ ነዚ ሓቅ'ዚ ከምዚ ብምባል ገሊጽዎ ኣሎ፤

> ***ደው ኢልኩም ክትጸልዩ ኸሎኹም ድማ፡ እቲ ኣብ ሰማይ ዘሎ ኣቦኹም በደልኩም ምእንቲ ኺሐድገልኩም፡ ኣብ ብጻይኩም ገለ እንተ ኣሎኩም፡ ሕደጉሉ። ንስኻትኩም እንተ ዘይሐደግኹም ግና፡ እቲ ኣብ ሰማይ ዘሎ ኣቦኹም ድማ በደልኩም ኣይሐድገልኩምን እዩ።"*** *(ማርቆስ 11፡25-26)*

ሰይጣን ኣብ ስድራ'ኻን ኣብ መንጎ ኣዕሩ'ኽት'ኻን ኣብ ንግዳዊ ዝምድናታትካን ኣብ ቤተክርስትያንካን በደል የስዕብ። መጽሓፍ ቅዱስ "መዐንቀፊ ከይመጸ ኣይተርፍን እዩ" (ማቴ 18፡7) ብምባል የጠንቅቐና። እዚ መዐንቀፊ'ዚ ምስ መጸ ብ'ኽመይ ክትገጥሞ ኢኻ፧ ብዛዕብኡ ናብ እግዚኣብሄር ክትቀርብ ዲኻ ወይስ ብሕሜታ ጥራይ ኢኻ ተዛራብካ ክትሰግሮ፧

## ካብ ክፉእ ኣድሕነና እምበር፡ ናብ ፈተና ኣይተእትወና፤

የሱስ፡ "ናብ ፈተና ኣይትእትወና" ኢልና ክንጽሊ ምሂሩና፡ ያእቆብ ግን ኣምላኽ ንሰብ ብክፉእ ከምዘይፍትኖ እዩ ዝገልጽ፤

> ***ኣምላኽሲ ብእኩይ ኣይፍተንን ባዕሉውን ንሓደ እኳ ኣይፍትንን እዩ እሞ፡ ሓደ እኳ ምስ ተፈተነ፡ ኣምላኽ ፈቲኑኒ ኣይበል።*** *(ያእቆብ 1፡13)*

እምበኣርሲ እቲ የሱስ ዝጠቕሶ ዘሎ ፈተና ደኣ ኣየናይ ፈተና'ዩ፧ እዚ ስራሕ ጸላኢና ሰይጣን ምዃኑ መጽሓፍ ቅዱስ ብንጹር ይገልጽ (ማቴ 4፡3፣ 1ተሰ 3፡5) ። ቅዱሳት መጻሕፍቲ ብዛዕባ ካብ ድያብሎስ ዝመጽእ ፈተናታት ብተደጋጋሚ የጠንቅቑ እዮም (ማቴ 4፡1፣ 1ቆሮ 7፡5፣ 1ተሰሎንቄ 3፡5) ። ያእቆብ ኣብ መጽሓፉ ከም ዝገልጾ፡

> ***ነፍሲ ወከፍ ግና ብገዛእ ትምኒቱ ተሰሒቡን ተሐቢሉን እዩ ዚፍተን።ደሓር፡ ትምኒት ምስ ጠነሰት፡ ንሓጢኣት ትወልዶ፡ ሓጢኣት ምስ ተፈጸመ ድማ፡ ንሞት ይወልዶ።*** *(ያእቆብ 1፡14-15)*

ሰይጣን ፈታኒ እዩ፡ ግናኸ ንሕና ስጋዊ ትምኒትና ክገዝኣና ምስ እንፈቅድ ናብ መፈንጠራኡ ኢና እንወድቕ። ከምዚ ዝኣመሰለ ትምኒት ንሓጢኣት ይወልድ፣ ሓጢኣት ድማ ንሞት የስዕብ። ገለ ካብ ውዲታት ሰይጣን ካብ ውሽጢ ዘይተቐጻጸረ ክፉእ ፍትወት ክለዓል እንከሎ፡ ካልእ ፈተናታት ድማ ብናይ ምስማዕን ምርኣይን ሰምዒትን ምትንካፍን ምጥዓምን ህዋሳትና ካብ ደገ ዝመጽእ እዩ። ምንጩ ዝኾነ ይኹን ይኹን ሃዋርያ ጳውሎስ የረጋግጸልና፤

> ***ሰብ ኪጾሮ ዘይኽእል ፈተና ኣይበጽሓኩምን። ኣምላኽ እሙን እዩ እሞ፡ ምስቲ ፈተናኹም ምጽዋሩ ምእንቲ ኽትክእሉሉ፡ መውጽኢ ገይሩልኩም ኣሎ፡ ካብ ዓቕምኹም ንላዕሊ ክትፍተኑ ኣይሐድገኩምን እዩ።*** *(1ይ ቆሮ 10፡13)*

"ናብ ፈተና ኣይተእትወና" ኢልና ክንጽሊ ከሎና ንኣምላኽ ካብቲ ናብ ሓጢኣት ዝመርሕ ውዲታት ጸላኢ ክሕልወና ንልምኖ ኣሎና። የሱስ እኳ ካብ ፈተና ኣየምለጠን፣ እንታይ ደኣ ርእሱ እዩ ሓልዩ (እብራውያን 4፡15) ። ሓዋርያ ዮሃንስ ከምዚ ይብል፡

> ***እቲ ኻብ ኣምላኽ እተወልደ ዘበለ ርእሱ ይሕሉ፡ እቲ እኩይውን ኣይትንክዮን እዩ ፡ እቲ ኻብ ኣምላኽ እተወልደሉ፡ ሓጢኣት ከም ዘይገብር፡ ንፈልጥ ኢና።*** *(1ይ ዮሃንስ 5፡18)*

ኣብ ኤፌሶን 6፡10-18 ሃዋርያ ጳውሎስ ብዛዕባ እቲ እኩይ ጸላኢን ኣምላኽ ንመከላኸሊና ዝሃበና መንፈሳዊ ዕጥቅን ዝርዝር ሓበሬታ ይህብ። ጳውሎስ ብትብዓት ኣብ ቅድሚ እዞም እኩያት ሓይልታት ምቋም ክንክእል ብጕይታን ብጽንዓት ሓይሉን ክብርትዕ ይምዕደና (ኤፌሶን 6፡10-13) ። ኣንጻር ኩሉ ተንኮል (ምጥባራ፡ ምድንጋር፡ ጥበብ) ድያብሎስ ደው ምባል ከም

ዝከኣል የረድእ። ጳውሎስ ጽቡቕ ውግእ ክንዋጋእ፡ (1ይ ጢሞ 1፡18)፡ ጽቡቕ ገድሊ እምነት ክንጋደልን (1ይ ጢሞ 6፡12)፡ ብጥበብን ብዕላማን ክንዋጋእ ከም ዘለናን ይምዕደና(1ቆሮ 9፡26) ።

ጳውሎስ እቲ ውግእ ባህርያዊ ውግእ ከምዘይኮነን ብተፈጥሮኣዊ ኣጽዋር ምውጋእ ድማ ውጽኢታዊ ከምዘይኮነን የስምረሉ። ንመንፈሳዊ ውግእ መንፈሳዊ ኣጽዋር እዮም ዘድልዩ፡ ብእኦም ጥራይ ኢኻ ክትዕወት ትኽእል።

*"ስለዚ በታ እክይቲ መዓልቲ ምቅዋም ምእንቲ ኽትክእሉ፡ ኵሉ ምስ ኣሰለጥኩምውን ደው ክትብሉሲ፡ ብዘሎ ኣጽዋር ኣምላኽ ኣልዕሉ። ደጊም ሕቘኹም ብሓቂ ተዐጢቕኩምን ድርዒ ጽድቂውን ተኸዲንኩም ቊሙ። ነቲ ናይ ወንጌል ሰላም ምድላዉ ኣብ ኣእጋርኩም ከም ኣሳእን ኣእቲኹም ደው በሉ። ምስናይ እዚ ኹሉ ነቲ ናይቲ ኽፉእ ርሱን መንትግ ዘበለ ኽተጥፍኡሉ እትኽእሉ ዋልታ እምነት*

*ኣልዕሉ። ናይ ምድሓን ቍራዕ ርእሲ ኣእትዉ፡ ናይ መንፈስ ሰይፈውን፡ ማለት ቃል ኣምላኽ፡ ሐዙ። ብኹሉ ጸሎትን ልማኖን ኵሉ ሳዕ ብመንፈስ እናጸሌኹም እሞ፡ ምስናይ እዚውን ብዅሉ እናተጸመምኩም፡ ስለ ኹሎም ቅዱሳን ብጸሎት ንቕሑ" (ኤፌሶን 6፡13-18)*

ዕላማ ናይቲ ዕጥቂ ኣንጻር ዝኾነ ተንኮል ጸላኢ ሰይጣን ደው ክትብል ምኽኣል እዩ። ጳውሎስ ነዚ መንፈሳዊ ዕጥቂ "ክለብስ" ይእዝዝ እዚ ማለት ድማ ነቲ ኣምላኽ ዘዳለዎ ብቑዕ ሓላፍነትካ እዩ። "ምልባስ" ማለት ንሓደ ነገር ሒዝካ ኣብ ንብስኻ ተግባራዊ ምግባር ማለት እዩ። መዓልታዊ ንገዛእ ርእስኻን ንኻልኦትን እናኣማለድካ ከመይ ጌርካ ከም እትገብሮ ኣብዚ ኣሎ፤

| **<u>ዕጥቂ</u>** | **<u>ኣዋጅ</u>** | **<u>ተስፋ</u>** | **<u>ተጻራሪ መንፈስ ምእሳር</u>** |
|---|---|---|---|
| ብሓቂ እተዓጥቐ ሕቘ | የሱስ፡ ሓቀይ ኢኻ | ዮሃ 14፡6 | ምትላል |
| ድርዒ ጽድቂ | የሱስ፡ ንስኻ ጽድቀይ ኢኻ | 2ይ ቆሮ 5፡21 | ዓመጻ ጽድቂ |
| ኣሳእን ምስ ምድላው ናይ ወንጌል እዩ | የሱስ፡ ንስኻ ድልውነተይ ኢኻ | ፊልጲ 4፡13 | ስንፍና |
| ዋልታ እምነት | የሱስ፣ ንስኻ እምነተይ ኢኻ | ገላትያ 2፡20 | ዘይምእማን፡ ምውልዋል |
| ቁራዕ ምድሓን | የሱስ፡ ንስኻ መድሓንየይ ኢኻ | እብራውያን 5:9 | ከንቱን ክፉእን ሓሳባት |
| ናይ መንፈስ ሰይፊ (ቃል ኣምላኽ) | የሱስ፣ ንስኻ ህያው ቃለይ ኢኻ | ዮሃንስ 1፡14 | ፍሕሶ ሰይጣን |

## መንግስትን ሓይልን ኩብርን ንዘለኣለም ናትካ እዩ እሞ፡ እሜን፡

"ን" ዝብል ፊደል ናይቲ ኣርኣያ ጸሎት ዝተጸለየሉ ስልጣን የመልክት። ምኽንያቱ፡ "እቲ መንግስትን ሓይልን ክብርን" ናይ እግዚኣብሄር እዩ። ነዚ ጸሎት ኣብ እንጽልየሉ ግዜ ቀረብ፡ ተስፋታትን ሓለዋን ኣምላኽ ይግብኣና እዩ ክብል ንኽእል ኢና። ኣብዚ ናይ መወዳእታ ክፋል ናይቲ ኣርኣያ ጸሎት በጺሕና፡ "መንግስቲ ናትካ እያ" ምስ ክንእውጅ ከሎና፡ ምስቲ ኣምላኽ ብዛዕባ መንግስቱ ዝብሎ ኩሉ ንሰማማዕ ኣለና፤

*"ኣታ ሒደት መጓሰ፡ እታ መንግስቲ ኺህበኩም ፍቓድ ኣቦኹም እዩ እሞ፡ ኣይትፍራሁ።" (ሉቃስ 12፡32)*

እታ መንግስቲ ናይ እግዚኣብሄር መንግስቲ እያ፡ ንሕና ድማ ወረስቲ ስለ ዝኾና እዛ መንግስት ናትና`ውን እያ። እዚ ብኣቦና ዝተዋህበና ውርሻ እዩ፡ ንሱ ንኣና ምሃቡ ባህ ይብሎ።

ሓይሊ/ስልጣን ዝገልጽ ቃል ብቋንቋ ግሪክ "ዱናሚስ" እዩ፡ ካብዚ ድማ "ዳይናሚክ"ን "ዳይናሚት"ን ዝብሉ ክልተ ናይ እንግሊዝኛ ቃላት ተፈጥሩ። "ሓይሊ ናትካ እዩ"፡ ኢልና ጸሎትና ክንዛዝም ከሎና፡ ነቲ ዳይናሚክ ሓይሊ ኣምላኽ ምስቲ ዳይናሚት ዝኾነ ክእለቱ ልመናና ክፍጽመልና ኣፍልጦ ንህብ ኣለና። ብተወሳኺ፡ "ሓይሊ ናትካ እዩ፡" ዝብል ሓረግ ክንእውጅ ከለና፡ ነቲ እግዚኣብሄር ኣቦ ንጎይታ የሱስ፡ "ኣብ ልዕሊ ኩሉ ሓይሊ ጸላኢ ስልጣን እህበካ ኣለኹ፡" ዝበሎ ቃል ደጊሙ ኣብ ውሽጥና የቃልሕ። እዚ ድማ ንኹሉ ኣብቲ ኣርኣያ ጸሎት ዘማለድካዮ መልሲ የረጋግጸልና።

ቀጺና፡ "ንዘለኣለም ክብሪ ናትካ እዩ፡" ንብል። "ክብሪ" ዝብል ቃል ሓደ ካብቶም ዝሃብተሙ ቃላት ቋንቋ እንግሊዝ እዩ። `ንክብሪ`፡ መልሶ-ቃል ኮይኑ ብትኽክል ዝገልጽ ዋላ ሓደ ቃል የልቦን፣ ግናኸ ንክብሪ ብመጠኑ ክገልጹ ዝፍትኑ ገለ ገለ ቃላት እነሆ፦ ሞጎስ፡ ውዳሴ፡ ጸባቕ፡ ብርሃን፡ ሓይሊ፡ ልዕልና፡ ብቑዕነት፡ ምምስሳል፡ ዝናን መዓርግን። የሱስ ንክብሪ ኣመልኪቱ ከምዚ በለ፡

*"ንሕና ሓደ ኸም ዝኾንና፦ ኣነ ኣብኣቶም ንስኻውን ኣባይ፦ ሓደ ምእንቲ ኪኾኑ፡ ኣነ እቲ ዝሀብካኒ ኽብሪ ሀቢክዎም።" (ዮሃ 17፡22)*

የሱስ፡ ከምቲ ንሱ ብኣቦ ዝኸበረሉ ክብሪ ንኣናውን ልኽዕ ከምቲ ናቱ ክብሪ ተዋሂቡና። ስለዚ ንስኻ ክትገብሮ ዘሎኻ ነዚ ቓል ምእዋጅ ጥራይ እዩ። ንስኻ ሎሚ ካብ ስዕረት ናብ ስዕረት ዘይኮነስ ካብ "ክብሪ ናብ ክብሪ" ክትሰጋገር ይግባእ። ንስኻ፡ ኣብ መንፈሳዊ መዳይ ናይ ተስፋ ምቑራጽ፡ ህይወት ኣልቦነትን ዛሕልን ስምዒታት ይስምዕኻ ይኸውን እዩ፡ ሎሚ ግን ቃል ጐይታ ንዓኻ ከምዚ ይብለካ ኣሎ፡

ብርሃንኪ መጺኡ፡ ክብሪ እግዚኣብሄር ከኣ ወጺኡልኪ እዩ እሞ፡ ተንስኢ፡ ብርሂ። እንሆ፡ ጸልማት ንምድሪ፡ ጣቓ ድማ ንህዝብታት የጐልብቦም፡ ግናኸ እግዚኣብሄር ኣብ ልዕሌኺ ኺወጽእ፡ ክብሩውን ኣብ ልዕሌኺ ኺርኤ እዩ። (ኢሳይያስ 60:1-2)

ክብሪ ኣምላኽ ነዞም ዝስዕቡን ካልኦትን ውሕስነት ይህብ፡

| | |
|---|---|
| – - ቀረብ፡ | ፊልጲ 4፡19፤ ኤፌሶን 3፡16 |
| – - ሓይሊ፡ | ቆሎሴ 1፡11 |
| – - ሓንስ፡ | ኢሳይያስ 66፡5፤ 1ይ ጴጥሮስ 1:8፤ 2ይ ዜና መዋእል 16፡10 |
| – - ሓርነት፡ | ኢሳይያስ 60፡1 |
| – - ዕረፍቲ፡ | ኢሳይያስ 11፡10 |
| – - ቅድስና፡ | ዘጸኣት 29፡43 |
| – - ሕብረት ምስ ኣመንቲ፡ | ዮሃንስ 17፡22 |

እዚ ቃል ከምቲ ኣብ ቃሉ `ንዘልኣለም` ዝብሎ ልክዕ ከምኡ`ዩ። "ንዘልኣለም" ማለት፡ "ዘለኣለማዊ፡ መወዳእታ ዘይብሉ" ማለት እዩ። ጸሎትካ ክትዛዝም ከለኻ፡ መንግስቲ፡ ሓይልን ክብርን ንዘልኣለም ነቦካ ትህቦ ኣለኻ ። ንስኻ ኣብ መንግስቱን ሓይሉን ክብሩን ተኻፋሊ ምኳንካ ብምእማን፡ ንነብስኻ ምስ ኣቦኻ ብዘለኣለማዊ ምትእስሳር ተተሓሕዛ ኣለኻ።

## ኣሚን፡

"ኣሚን፡" ሓደ ካብ ኣስማት ክርስቶስ እዩ፡ ኣሚን ዝብል ቃል ኣብ ጸሎትና ክንብል ኮለና፡ ጎይታ ንጸሎትና ብሓያል ስልጣን ይሕትሞ (ራእይ 3፡14) ። ክርስቶስ "ኣሚን ናይ ኣምላኽ" ተባሂሉ ይጽዋዕ፡ ምኽንያቱ ኩሉ ተስፋታት ኣምላኽ ብእኡ ይፍጸም እዩ። "ኣሚን" ክንብል ከለና ኩሉ ልመናና ብስም የሱስ ጸሊና ማለት እዩ።

"ኣሚን" ዝብል ቃል ትርጉሙ፡ "ጀሚረ ወዲኣ፡ ...ጸሎት ወዲአ!"ማለት ኣይኮነን፡ ትርጉም እዚ ቃል`ዚ፡ "ከምቲ ዝጸለኽዎ ከምኡውን ክኸውን እዩ፡" ማለት እዩ። ስለዚ "ኣሚን" ክትብል ከለኻ፡ ብትኽክል ናይ እምነት ኣዋጅ ኢኻ ትእውጅ ዘሎኻ።

# ርእሰ ገምጋም

1. መሪሕ ጥቕሲ (ጸሎት ጎይታ) ዘኪርካ ጽሓፍ።

2. እተን ክልተ ትርጉማት ናይ ኣርኣያ/ ሞዴል ጸሎት ኣበኖት ክፍልታት መጽሓፍ ቅዱስ እየን ዚርከባ፧

3. ብምንታይ ምኽንያት እዩ ጸሎት ጐይታ ከም ሓቐኛ ናይ ኣማላድነት ጸሎት ዝፍለጥ፧

4. ብኸመይ ኢኻ ነቲ ኣብታዊ ጸሎት ንኣማላድነት ክትጥቀመሉ ትኽእል፧

5. ብኸመይ ኢኻ ናይ እግዚኣብሄር ኣስማት ስለ ኻልኦት ሰባት ከተማልድ ክትጥቀመሎም እትኽእል ፧

(መልሲ ፈተናታት ኣብ መደምደምታ ናይ መወዳእታ ምዕራፍ ናይዚ መምርሒ ተዋሂቡ ኣሎ) ።

## ንተወሳኺ መጽናዕቲ

1. ተሰፋታት ቃል ኣምላኽ ሒዝካ ምጽላይ ንጸሎትካ መልሲ ውሕስነት ይህብ።
2. መጽሓፍ ቅዱስካ ምሉእ ብምሉእ ምንባብ ጀምር እሞ ኣብ ነፍሲ ወከፍ መብጽዓ ምልክት ግበር ወይ ብዝተወሰነ ሕብሪ ወይ ኣብ ጫፍ መጽሓፍ ቅዱስካ "P" ብምግባር።
3. እምበኣር፡ ክትጽሊ ከለኻ ነዞም ተሰፋታት ክትጥቀመሉ ጀምር። ነዚ እትገብሮ ብትኽክል እዞም ተሰፋታት ጠቒስካ ክትጽልይ ከለኻ እዩ። መዝሙር 9፡9-10 ብኸመይ ክትጽሊ ከም እትኽእል ኣብነት እንሆ፤

   "ኣብ ግዜ ሽግር ንሓወይ/ንሓብተይ መዕቀቢ ክትከውን (ስም) እጽሊ ኣለኹ። ጎይታ፡ ንስኻ፡ ነቶም ዝደልዩኻ ኣይትሓድጎምን ኢኻ እሞ፡ ንሱ/ንሳ ትውክልቱ/ታ ኣባኻ ክ/ትገብር እጽሊ ኣሎኹ።"

4. ሕጂ...ንስኻ ፈትን። ካብ መጽሓፍ ቅዱስ መብጽዓ ምረጽ እሞ ኣብ ታሕቲ ብመልክዕ ጸሎት ጽሓፍ፤

# ምዕራፍ ሸውዓተ
# ምንቅቓሕ ምምላድ

### ዕላማታት፣

እዚ ምዕራፍ ምስ ወዳእካዮ ነዞም ዝስዕቡ ክትገብር ትኽእል ኢኻ፡

- ተሃድሶ/ምንቅቓሕ ማለት እንታይ ምዃኑ ክትገልጽ፡
- ንተሃድሶ ብኸመይ ክንዳሎ ከም ዘለና ክትገልጽ፡
- ንተሃድሶ/ ምንቅቓሕ መዓስ ከም ዘድሊ ክትለሊ፡
- መርትዖታት ንተሃድሶ ንድሕሪት ዝመለሱ ኩነታት ንምፍላጥ፡
- መጽሓፍ ቅዱሳዊ መምርሒታት ተሃድሶ/ ምንቅቓሕ ኣሕጺርካ ንምቕራብ፡
- ንተሃድሶ/ ምንቅቓሕ ዝዕንቅፉ ነገራት ፈሊኻ ከተውጽእን
- ብመሰረት "ናይ እግዚኣብሄር ናይ ንተሃድሶ/ ምንቅቓሕ መደብ"፡ ከመይ ጌርካ ንምንቅቓሕ ከም ትጽልን ክትገልጽን።

### መሪሕ ጥቕሲ፣

***እዚ ብስመይ እተሰምየ ህዝበይ ከኣ ትሕት እንተ በለ፡ እንተ ለመነ፡ ገጸይውን እንተ ደለየ፡ ካብ ክፉእ መገዱ ድማ እንተ ተመልሰ፡ ሽው ኣነ ኻብ ሰማይ ክሰምዕ እየ፡ሓጢኣቶም ከኣ ይቕረ ኽብለሎም፡ ምድሮምውን ክፍውሰሎም እየ። (2ይ ዜና መዋእል 7፡14)***

## መእተዊ

ሓደ ካብቶም ኣገደስቲ ዕማማት ኣማላድነት፡ ንተሃድሶ/ትንሳኤ ምጽላይ እዩ። ኣብዚ ምዕራፍ እዚ ትርጉም ተሃድሶ፡ ንተሃድሶ ብኸመይ ከም ትዳሎ፡ ተሃድሶ መዓስ ከም ዘድሊ፡ ኣድላይነቱ ብኸመይ ከም እተለልን ክትመሃር ኢኻ። ብተወሳኺ፡ እቶም ንተሃድሶ ዝዕንቅፉ ነገራት ብኸመይ ከም እተለልዮምን ብኸመይ ንእኦም ንምውጋድ ከም እተማልድንን ከተጽንዕ ኢኻ።

## ትርጉም ምንቅቓሕ

*መጀመርያ ምንቅቓሕ ማለት እንታይ ከም ዘይኮነ እስከ ንመርምር። ምንቅቓሕ ስምዒታውነት ጥራይ ኣይኮነን። ሰባት ንምንቅቃሕ ብስምዒት ምላሽ ይህቡ፡ ስምዒት ኣካል ናይቲ ምንቅቃሕ ጥራይ እዩ፡ ምንቅቃሕ ግን ኣይኮነን። ሓቀኛ ምንቅቃሕ ንስምዒታቱ ሓዊሱ ንመላእ ሰብነት ናይቲ ሰብ ይጸሉ። ፍልጠት ሓቅታት ንሰባት ፈጺሙ ዳግም ክትንስኡ ወይ ክቕየሩ ኣይገብርን እዩ። ንኣብነት፡ ብሰንኪ ኣልኮላዊ መስተ ዝሞቱ ብዝሒ ዝገልጽ ስታቲስቲክስ ምስምዑ ንሓደ ሰክራም ፈጺሙ ኣይቕይሮን እዩ። ምውሳኽ ገበን ዝምልከት ኣሃዛት ምፍላጥ ንገበነኛታት ኣይቕይሮምን እዩ። ሓደ ሰብ ለውጢ ከምጽእ እንተ ኾይኑ ናይ መንፈስ ቅዱስ ርትዒ ዘምጽእ ሓይሊ ንመንፈሱን ስምዒቱን ክትንክፎ ኣለዎ።*

*ምንቅቓሕ፡ ዓው ዝበለ ሙዚቃን "ሲኦል-ሓዊ" ስብከትን ምስማዕ ኣይኮነን። ምንቅቓሕ ናይ ሓደስቲ ኣባላት ተሳተፍነት ንምውሳኽ ዝግበር ጎስጓስውን ኣይኮነን። ዕብየት ቤተ ክርስቲያን ውጽኢት ምንቅቃሕ እዩ፡ እዚ ግና ምስ ተሃድሶ ወይ ምንቕቕእሕ ሓደ ኣይኮነን። ምንቅቃሕ ስብከተ ወንጌል ኣይኮነን። ስብከተ ወንጌል ብስራት ወንጌል ምእዋጅ እዩ። ምንቅቃሕ ቅድሚ ስብከተ ወንጌል ይቕድም፣ ከመይሲ ዝሞቱ ኣመንቲ "ክትንስኡ" ከለዉ ናይ ስብከተ ወንጌል ውጽኢት እዩ። ኣብ መወዳእታ፡ ምንቅቃሕ ተኸታታሊ ፍሉይ ኣኼባታት ጥራይ ኣይኮነን፡ እቶም ፍሉያት ኣኼባታት በቲ ልዑላዊ ምንቅስቓስ ኣምላኽ እንተ ዘይተተንኪፎም።*

## ምንቅቃሕ ማለት...

**ልኡላዊ ኣብ ማእከልን ስለ ህዝብን ማለት፡ ነቲ ብዛዕባ ተሃድሶ ረማ ዝኾነ ቃል ኣምላኽ ዝተማህሩን ሕጋጋት ተሃድሶ ዝትግብሩን፡ ፍሉይ ፍሉይ ስራሕ ኣምላኽ እዩ።**

*ተሃድሶ ልኡላዊ እዩ፣ ብሰብ ክፈሪን ክስራሕን ኣይከኣልን እዩ። ተሃድሶ ፍሉይ ስራሕ ኣምላኽ ስለ ዝኾነ፡ ፍሉይ እዩ። ተሃድሶ/ ምንቅቃሕ ኣብ ውሽጢ ሓደ ጉጅለ ሰባትን ንእኣቶም ወኪሉን እዩ ዝሰርሕ። ንምንቅቃሕ ምእንተ ኽንዳሎ፡ ነቲ ኣብ ቃል ኣምላኽ ብዛዕባ ምንቅቃሕ እተገልጸ መምርሒታት ኣብ ግብሪ ኽነውዕሎ ኣሎና። መጽሓፍ ቅዱስ ብዛዕባ ተሃድሶ/ ምንቅቃሕ ዝምህሮ ኩሉ "ሬማ" ወይ "ፍሉይ" ቃል ኣምላኽ ናይቲ ኣርእስቲ እዩ። ብዛዕባ ተሃድሶ ብተወሳኺ ከምዚ ክንብል ንኽእል፡*

*- ንህዝቢ ኣምላኽ ምንቃሕ፡ ምብርባር፡ ምሕዳስ፡ ነቶም ዝተረፉ ነገራት ምሕያል፡*

*- ናብ ኣእምሮ ወይ ህይወት ምምላስ። እቲ ዝትንስእ መሊሱ ንጡፍን ኣፍራይን ይኸውን።*

*- ናብቲ ክመውት ዝቐረበ ኣካል፡ ህያው መንፈስ ምእታውን*

*- ብህላወ እግዚኣብሄር ዝሕደሰሉ ግዜታትን።* (ግብሪ 3 ፡ 19)

## ንምንቕቕሕ ምድላው፥

*ንተሃድሶ/ ምንቕቕሕ ምድላው ምስ ዕማማት ሕርሻ ከነጻጽሮ ንኽእል ኢና። ሓደ ሓረስታይ ኣብ ገዝኡ ኮፍ ኢሉ ንጽቡቕ ቀውዒ ክጽሊ ይኽእል እዩ፡ ግራቱ ኣዳልዩ ዘርኢ እንተ ዘይዘሪኡን ግራቱ ማይ እንተ ዘይረኸበን ግና ጽቡቕ ቀውዒ ኣይሓፍስን እዩ።፡*

*ማዕረ ማዕሪኡ እዚም ዕማማት እቲ ሓረስታይ እጃሙ ብፍጻሙ ውሕስነት ናይ ጽቡቕ ቀውዒ እዩ ኢልካ ምሕሳብ ዕሽነት እዩ። ምኽንያቱ ነቲ ዘራእቲ ናብ ፍረ ዘምጽእ ልዑላውነት ኣምላኽ፡ ብዝናብን ጸሓይን ግቡእ ኣገባብ ኩነታት ኣየርን የድልዩ። ስለ ዝኾነ፡ እቲ ሓረስታይ ምስቲ ኣብ ቃል ኣምላኽ ዝተገልጸ ኣገባባት ዘርእን ዓጺድን፡ ግዜ ዘርእን ቀውዕን ብምትሕብባር እዩ ዝሰርሕ። ዝናብን ጸሓይን ግቡእ ኣሰራርዓ ኩነታት ኣየርን ካብኡ ኣምላኽ ስለ ዝርከብ፡ ንሱ ክሳብ ዘለኣለም ልዑላዊ እዩ።*

*ንምድላው ተሃድሶ/ ምንቅቃሕ እውን ብተመሳሳሊ ኣገባብ ምጥቃም ይከኣል። ተሃድሶ ናይ እግዚኣብሄር ልዑላዊ ምንቅስቃስ እዩ፣ ንምንቅቃሕ "ንምድላው"፡ ነቲ ኣብ ቃል ኣምላኽ ዝተገልጹ ኣገባባት ብምኽታል ክንዳሎ ኣሎና። ምንቅቃሕ ናይ መንፈስ እግዚኣብሄርን ናይ ሕዝቢ እግዚኣብሔር ምላሽን ሓባራዊ ምንቅስቃስን እዩ።*

## ምንቅቃሕ መዓስ እዩ ዘድሊ፤

*ምንቅቃሕ ብርግጽ ኩሉ ግዜ የድሊ እዩ፡ ግን ዝያዳ ኣድላዩ ዝኾነሉ፡ ንድሕሪት ዝመልሱ ኩነታት ምስ ዝርኣዩ እዩ። ንድሕሪት ምምላስ ዝብል ሓረግ ንምርዳእ፡ ኣብነት እስራኤል ክንወስድ ኣና ። ኤርምያስ ንጸገማት እስራኤል "ብልቢ ምዕላው፡" ኢሉ ይገልጾ* (ኤርምያስ 1:3-4) *። መጽሓፍ ቅዱስ ኣብ መጽሓፍ ምሳሌ ከምዚ ይብል፤*

> ***"እቲ ብልቡ ዚዐሉ ብመገዱ ይጸግብ፡ ደጊ ሰብ ድማ ካብ ርእሱ እዩ።" (ምሳሌ 14:14)***

*ናብ ኤርምያስ ምዕራፍ* 2 *ተመለስ፡ እስራኤል ን*...

- *ደድሕሪ ኽንቱነት ሰዓቡ፡ እግዚኣብሄር ከምቲ ቅድሚ ንኣኣቶም ኣገዳሲ ዝነበሮ ሸው ግና ኣገዳሲ ኣይኮነን ኢሎም ወሲኖም።* 2:5
- *ነቲ ኣምላኽ ኣብቶም ቀዳሞት ዓመታት ዝገበረሎም ዓበይቲ ነገራት ረሲያምዎ፡* 2:6-7
- *መራሕቲ ሃይማኖት እስራኤል ከይተረፉ ናብቶም ንድሕሪት ዝተመልሱ ሰራዊት ተጸንበሩ። ካህናት፡ "እግዚኣብሄር ኣበይ ኣሎ፧" ኢሎም ክሓቱ ኣይከኣሉን፡* 2:8
- *ንእግዚኣብሄር ካብ ህይወቶም ደፊኦም ብምውጻእ ናብ ካልኦት ነገራት ተመልሱ፡ እዚ ማለት ናብ ጣኦታት እዩ።* 2:11-12፤ 27-28

- ነቲ ሓቀኛ ምንጪ መንፈሳዊ ማይ ሓዲግም ማይ ክሕዝ ዘይክእል ታንኪታት ክቖርጹ ጀመሩ። ነቲ ህያው ማይ ብህይወት ዘይብሉ ማይ ቀየርዎ፡ 2፡13
- ንመንፈስ ምግፋዕ ጀመሩ፡ 2፡19
- ኣብ ናይ ርእሰ-ጽድቂ ተግባራት ኣተዉ፡ 2፡22-23
- ብምኽንያት ንነብሶም ኣጽደቑ፡ 3፡11
- ንኻልኦት ናብ ብልሽውናኦም ሰሓቡ፡ 2፡33-34

ንድሕሪት ምምላስ ማለት ንእግዚኣብሄር ካብ ህይወትካ ደፊእካ ብምውጻእ ንህይወትካ ብገዛእ ርእስኻ ብምምላእን ዝፍጸም ሓጢኣት እዩ። እዚ ሓሰማ ናብ ጭቃ ተመሊሱ ከልቢ ናብ ትፋኡ ከም ዓይነት እዩ። (2ይ ጴጥሮስ 2፡21-22)

## መረጋገጺ ንድሕሪት ዝመልሱ ኩነታት

ካብቶም ንድሕሪት ዝመልሱ ነገራት ገለ ገለ መርትዖታት እነሆ። ነዞም ዝርዝራት ከተጽንዕ ከለኻ ናይ ገዛእ ርእስኻ ልብን ህይወትን መርምሮ። ድሕሪት ዝመልሱ ነገራት፡

1. ጸሎት ኣገዳሲ ኣካል ህይወትካ ምኳን ምስ ዘቋርጽ፡ "ምጽላይ ስለ ዝተቐረጸ እዩ ምንቅቃሕ ደንጉዩ" ይብሃል።
2. ምድላይ መጽሓፍ ቅዱሳዊ ሓቂ ኣቓሪጽካ በቲ ቀዲምካ ዝደለብካዮ ፍልጠት ምስ ትዓግብን። እዚ ማለት ግን ንድሕሪት ዝተመልሱ ኩሎም መጽሓፍ ቅዱስ ኣየንብቡን እዮም ማለት ኣይኮነን። ብዙሓት ካብኣቶም ናይ ምእዙዝ ውፉይነት ልምዲ ኣለዎም፣ እንተኾነ ግን ቃላት ከንብቡ ከለዉ ነቲ ዝረኸብዎ ፍልጠት ከም ሓቅታት ይሕዝዎ እምበር ኣብ ህይወቶም ኣይትግብርዎን እዮም።
3. ብዛዕባ ዘለዓለማዊ ነገራት ዝምልከት ምሕሳብ ቀኑዕን ኣገዳስን ምኳኑ ምስትውዓል ምስ ተቋርጽ፡
4. "እግዚኣብሄር ሓመድ ጥራይ ምኳነይ ይፈልጥ እዩ" ወይ "ኣነ ሓመድ ጥራይ እየ" ብምባል ሓጢኣትካ ብገዛእ ጽድቂ ርእስኻ ይቕረ ክትብል ከለኻ፡
5. ንቑሕ መንፈሳዊ ምይይጥ ዘሕፍርን ዘይምቹእነት ዝፈጥረልካ ምስ ዝኸውን፡
6. ከም መዘናጊዒታትን ስፖርትንምርኢታትን ዝኣመሰሉ ነገራት ኣብ ህይወትካ ቀዳምነት ዝሓዙ ምስ ዝኾኑ፡
7. ብፍታውካ ኣብ ሓጢኣት ክትወድቕ ከለኻ ባህታ ዝፈጥረልካ ምስ ዝኸውን፡
8. ንቅድስና ክርስቶስ ናይ ምምሳል ባህጊ ድሕሪ ደጊም ኣብ ህይወትካ ዓብላሊ ምስ ዘይከውን፡
9. ምጥራይ ገንዘብን ንብረትን ኣብ ኣተሓሳስባኻ ዓብለልቲ ምስ ዝኾኑ፡
10. ስም ጉይታ ብኸንቱ ክለዓል፡ ብመንፈሳዊ ነገራት ላግጺ፡ ዘለኣለማዊ ጉዳያት ድማ ብስድነት ክዝረበሎም ከሎ ብዘይ ቁጥዐን ግብረ-መልሲን ክይተገደስካ ክትሰምዕ ምስ እትኽእል፡
11. "ኦምልኾ" ድኹም ምስ ዝኸውን፡ ኣገልግሎት ቤተ ክርስቲያን ፍናን ይስእን፣ ካብ ልቢ ዘይኮነ ሃይማኖታዊ መዝሙርን ቃላትን ካብ ኣፍካ ክተውጽአ ትኽእል ኢኻ፣ ኣብ ልብኻ ግን መዝሙር ይኹን ምስጋና ወይ ውዳሴ ወይ ቀጻሊ ሓጎስ የለን፡
12. ሓድነት ሕብረት እናፈረሰ ኮሎ ንዓኻ ዘየገድሰካ ምስ ዝኸውን፡
13. ብንእሽቶ ምኽንያት ካብ ክርስትያናዊ ኣገልግሎት ምእላይ ቅኑዕ ምስ ዝመስለካ፡
14. ስጋዊ ህዋሳትካ ኻብ ቊጽጽር ወጻኢ ምስ ዚኸውን፦ ሑሱር ፊልምታት ኣብ ተለቪዥንን ካልእን ምራኣይ፡ ዓለማዊ ሙዚቃ ምስማዕ፡ ከምኡውን ንስነ-ምግባር ዜበላሸዉ ጽሑፋት ምንባብ፡
15. ምስ ኣነባብራ ዓለም ብሓጎስ ክትላመድ ከለኻ፦ ንኣብነት፡ ዘይተኸፍለ ዕዳታት፡ ምኽሳር፡ ሓሶት፡ ቅንዕና ዘይምህላው፡ ዘይተሓለወ ቀጸራታትን መብጽዓታትን፡ ዘይልክዕ ቅዲ ኣክዳድና፡ ንኣስራሒኻ ናይ ምሉእ መዓልቲ ስራሕ ምትላል ወዘተ፡

16. ደጊም መንፈሳዊ ሓይሊ ክደክም ኮሎ እናተፈለጠካ ብዛብዑ ዘይግድሰካ ምስ ዝከውን፤ ኣብ ህይወትካ ንእግዚኣብሄርን ንሓይሉን ንምርካድ ዘየቋርጽ ጽምኣት ምስ ዘይህልወካ፡
17. ቤተ ክርስቲያንካ ኣብ መንፈሳዊ ውድቀት ምስ ትወድቕ ድሕሪ ደጊም ቃል ኣምላኽ ብሓይሊ ኣብ ቤተ ክርስቲያንካ ክሰበኽ ኣይክእልን እዩ፡ ምስ ናይዚ ንስኻ ግን ዕጉብ ኢኻ፡
18. ሞራላዊ፡ ፖለቲካዊ፡ መንፈሳዊ፡ ቁጠባዊ ኩነታት ዓለምን ህዝብኻን ዘየገድሰካ ምስ ዝኸውን፡
19. ልብኻ ምስ ተረረ፦ ንብዓትካ ብቐሊሉ ኣይውሕዝን እዩ፣ ከምቲ የሱስ ነታ ዝጠፍኣት ከተማ ዝበከየላ ከይትበኪ. ኣሂን መንፈሳዊ ኩነታት ሰባት ዘየብክዮን ዘይግድሶን ገታር ወዘተ ሰብ ምስ ትኸውንን
20. መንፈሳዊ ሓይልኻ ክጠፍኣካ ኮሎ ዘይርድኣካ ምስ ዝኸውንን።

## መጽሓፍ ቅዱሳዊ ኣገባብት ምንቅቃሕ

ንተሃድሶ/ ምንቕቓሕ ክንጽሊ ዝመርሑና ናይ ብሉይ ኪዳን መጽሓፍ ቅዱሳዊ መምርሒታት ተዋሂቦምና ኣለዉ። እዞም ዝስዕቡ መምርሒታት ብንጹር ኣብ ብሉይ ኪዳን ተመዝጊቦም ኣለው፤

1. መብዛሕትኡ ናይ ብሉይ ኪዳን ተሃድሶ ብናይ ዓሚቕ መንፈሳዊ ውድቀትን ተሰፋ ምቑራጽን እዋን ዝሓለፈ እዩ። ኩነታት ኣብ ከባቢኻ እናከፍአ ምስ ዝከይድ ብተስፋ ምቍራጽ ትፍተን፡ ኣብ ክንዲ ተሰፋ ትቀርጽ፡ ደስ ይበልካ፡ ምናልባት ኣብ ኣፍደገ ትንሳኤ ክትህሉ ትኽእል ኢኻ!
2. ነፍሲ ወከፍ ተሃድሶ ኣብ ልቢ ሓደ ሰብ እዩ ዝጅምር፣ ንሱ ድማ ኣምላኽ ንኻልኦት ንምንቕቓሕ ዝጥቀመሉ መሳርሒ ይከውን። እግዚኣብሄር ብሓዊ ምንቅቃሕ ንልብኻ ምስ ዝትንክፎ፡ ኣብ ካልኦት ድማ ሃልሃልታ ናይ ምንቅቃሕ ክተንበድብድ ኢኻ።
3. ኩሉ ናይ ብሉይ ኪዳን ተሃድሶ ኣብቲ ሓያል ኣዋጅ ናይ ቃል ኣምላኽ ዝተመርኮሰ እዩ ነይሩ። መልእኽቲ ተሃድሶ ኣብ ሓይሊ፣ ፍቕሪ፣ ሰላም፣ ብልጽግና ጥራይ ዘይኮነስ ኣብ ሓጢኣት፣ ሲኦልን ፍርዲ ኣምላኽን ዘተኮረ ክከውን ኣለው። መልእኽቲ ተሃድሶ/ ምንቅቃሕ ናይ ሙሴ (ዘዳ 11፡26-28)፤ ሳሙኤል (1ሳሙ 7፡3)፤ ህዝቅኤልን (ህዝቅኤል 33፡7-8)ኤልያስን (1ነገ 18፡21) ንርአ።
4. ቅድሚ ካብ ሓጢኣት ምንስሓ ምንቅቃሕ እዩ ወትሩ ዝመጽእ፦ ንስሓ ንነፍሲ ወከፍ ጣኦት ምጥፋእን ካብ ዓለም ምፍላይን ዘጠቓልል እዩ።
5. ሓይልኻ ናብቲ ግቡእ ቀዳምነታት ምምላስ እንተላይ ሰንበት ምኽባር፡ ምሃብ፡ ጸሎት፡ ቃል ኣምላኽ ካልኦትን ሓዊስካ፡
6. ናብቲ ናይ ሓቂ ኣምልኾ ኣምላኽ ምምላስ ነይሩ። እዚ ኣምልኾ'ዚ ዝሑልን ወግዓውን ስርዓት ዘይኮነስ፡ እቶም ህዝቢ ንኣምላኾም ዝሁብዎ መሳጥን ስምዒታዊን ምላሽ እዩ።
7. ኩሉ ተሃድሶ/ምንቅቃሕ ብ ግዜ ኣፍራይነትን ብልጽግናን ዓቢ ሓጎስን ፍስሃን ዝሰዓበ ዘመን እዩ ኔሩ።

## ዕንቅፋት ንምንቕቓሕ

ካብቶም ኣብ ሓንቲ ቤተ ክርስቲያን ንልዑላዊ ምንቅስቓስ ኣምላኽ ዝዕንቅፋ ነገራት ገለ ገለ እነሆ፤

### ዕንቅፋታት መሪሕነት

ቃል ኣምላኽ ብሓይሊ ዘይሰብኩን ዘይምህሩን መራሕቲ ንምንቅቃሕ ይዕንቅፉ። እቶም ናይ ጸሎት ሕይወት ዘይብሎም፣ መደብ መጽናዕቲ መጽሓፍ ቅዱስ ዘይብሎም፣ ብሓይሊ ዘየገልግሉ፣ ህርፋን ምክፋል ቃል ዘይብሎም ሰባት ንተሃድሶ ይዕንቅፉ። እቶም ንትባኤታቶም ዝቀጻጸሩን መንፈስ ኣምላኽ ዘጥፍኡን ነቲ ልዑላዊ ምንቅስቓስ ኣምላኽ ይዕንቅፉ።

ብተወሳኺ፡ እቶም ብዛዕባ መንሲኦም ብግቡእ ዘይግደሱ መራሕቲ ንምንቅቃሕ ይዕንቅፉ። ነተን ኣባጊዖም ናብቲ ንተሃድሶ ዝወስድ ልሙዕ ሸኻን ዝዓርፋሉ ማያትን ኣይመርሕወንን እዮም። ድንጋጸ ንሓንቲ ትመውት ዘላ ዓለም ዘብሎም መራሕቲ ንምንቅቃሕ ይዕንቅፉ። ብዙሓት መራሕቲ፡ ምንቕቕሕ ሓላፍነት ከም ዘሰክሞም ኣየስተውዕሉን እዮም።(ዮኤ 2፡15-18)

## ዕንቅፋታት ጉባኤ

ኣብ ጉባኤ ህዝቢ ኣምላኽ'ውን ንምንቅቃሕ ዕንቅፋት ዝኾኑሉ ግዜ ኣሎ። ሓንቲ ፍቕሪ ባህላዊ ስርዓታት ዘለዋ ጉባኤ ኣብ ምንቅቃሕ ጣልቃ ክትኣቱ ትኽእል። ምንቅቃሕን ለውጥን ተመሳሳሊ ትርጉም ኣለዎም። እግዚኣብሄር ስርዓት ዘለዎን ዘተኣማምንን እዩ፣ እንተኾነ ግን ስርዓታቱ ሓድሽን ኣገዳሲን እዩ፡ ልማዳዊ ወይ ባህላዊ ኣይኮነን። ቤተ ክርስቲያን ብናይ ሰባት ተወፋይነትን ባህልን ትምራሕ ኮይኑ ብዘይ ሓይልን ህላውነትን እግዚኣብሄር ክትምራሕ እያ።

ፍቕሪ ወግዓዊ ስርዓት ዘለዋ ሓንቲ ጉባኤ ንምንቅቃሕ ትዕንቅፍ። ሚካል ዝተባህለት ሰበይቲ ዳዊት፡ ንዳዊት ብምኽንያት ስምዒታዊ ኣምልኾኡ ስለ ዝነዓቐቶ ብመኻንነት ተወቒዓ። ፍረ ዘይብላ ቤተ ክርስቲያን ወግዓዊን ሃይማኖታዊ ስርዓትን ትፈቱ። ሕጺረት ፍቕሪውን ንምንቅቃሕ ይዕንቅፍ እዩ። እግዚኣብሄር ምንቅቃሕ ኣብ ውሽጢ ክልተ ሰዓታት ክሰድድ ስለ ዝደለና እታ ሰንበት ንግሆ ንእኡ መደብናያ።

ብዙሓት ጉባኤታት ንሰባት ምቹእ ዝኾነ ሓቂ ይፈትዋ።  ነቲ ክርስቶስ ኣብ ልዕሊኦም ዝተዛረቦ ናይ ፍርዲ ቃላት ክወርዶም ወይ ብዛዕባ ሓጢኣትን ፍርድን ክሰብኩ ኣይደልዩን እዮም። ንምንቅቃሕ ዘድልዩ ሓቅታት ኩሉ ግዜ ምቹኣት ኣይኮኑን። ብኻልኦት ክትከብርን ክትፍቐርን ምድላይ ንምንቅቃሕ ይዕንቅፍ እዩ። ገለ ጉባኤታት ካብቲ ኣምላኽ ዝሓስቦ ንላዕሊ፡ "ሰባት እንታይ ይሓስቡ" ኣብ ዝብል ዝያዳ ስክፍታ ኣለዎም።

## ሓፈሻዊ ዕንቅፋታት

ካልኦት ኣብ መሪሕነትን ጉባኤን ክርከቡ ዝኽእሉ ዕንቅፋታት ኣለዉ፡ ዓመጽ ወይ ሓጢኣትን ከምኡውን እቲ ኣብ መሪሕነት ይኹን ኣብ መስበኺ ስፍራ ዘሎ ሰብ ንምንቅቃሕ ክዕንቅፍ ይኽእል።

> ***እንሆ፡ ኢድ እግዚኣብሄር ንምድሓን ሓጻር ኣይኰነትን፡ ኪይሰምዕ ከኣ እዝኑ ኣይደንዘየን እዩ። ግናኸ ኣእዳውኩም ብደም፡ ኣጻብዕኩም ብበደል ረኺሰን፡ ከናፍርኩም ሓሶት ይዛረባ፡ ልሳንኩም ከኣ ክፍኣት ይናገር ኣሎ እሞ፡ ንኣኻትኩምን ንኣምላኽኩምን ኣብ መንጎኹም ኰይኑ ዘፈላለየኩምሲ ኣበሳኹም እዩ፡ ኪይሰምዓኩም ከኣ፡ ኣብ ቅድሜኹም ገጹ ዚሕብኣልኩም ሓጢኣትኩም እዩ።*** *(ኢሳ. 59፡1-2)*

> ***ገበኑ ዚኸውል ኣይሰልጦን፡ እቲ ዚናዘዞ እሞ ዚሐድጎ ግና ምሕረት ይረክብ።*** *(ምሳሌ 28፡13)*

"እዚኣን ዳሕሮት መዓልትታት እየን፡ ኣብዘን መዓልታት ድማ ነገራት እናገደዱን እናኸፍኡን ክኸዱ ጥራይ ኢና ክንጽበ እንኽእል፡" ዝብል ናይ ምስንባት ኣተሓሳስባ ንተሃድሶ/ ምንቅቃሕ ዕንቅፋት እዩ። ንጸሎትን ንቃልን ዘይምትኳር፡ ንርእሰኻ ኣልዒልካ ምርኣይ፡ ንጐይታ ዘይምድላይን ንኣምላኽ ምድራት ነቲ ኣብ ማእከልና ዘሎ ልዑላዊ ምንቅስቓሱ ኩሉ ንምንቅቃሕ ዓንቀፍቲ እዮም። ይዕንቅፎ።

> ***ተመሊሶም ንኣምላኽ ፈተንዎ፣ ነቲ ናይ እስራኤል ቅዱስ ድማ ኣቘጥዕዎ።*** *(መዝሙር ዳዊት 78:41)*

> ***ብሰሪ ዘይምእማኖም ከኣ ኣብኡ ብዙሕ ግብርታት ሓይሊ ኣይገበረን።*** *(ማቴዎስ 13፡58)*

ዘይምግዳስ፡ ንተሃድሶ/ ንምንቅቃሕ ይዓግቶ። ክርስቶስ ንኹሉ ሰብ ከም ዘድልዮ ይኹን ኣብ መንፈሳዊ ኩነታት ናይ መንፈስ ቅዱስ ምንቅስቓስ ዘይምግዳስ ንምንቅቃሕ ይዕንቅፍ።

## ናይ ኣምላኽ መደብ ኣብ ምንቅቃሕ

ነፍሲ ወከፍ ካብቶም ዝተዛረብናሎም ዕንቅፋታት ገለ ገለ ብኣማላድነት ክውገዱ ይኽእሉ እዮም፡ ምኽንያቱ ተሃድሶ/ ምንቅቃሕ ንጸሎት ምላሽ ሒዙ'ዩ ዝመጽእ። ኽመይ ጌርካ ንተሃድሶ ከም ትጽልይ ዝሕብር ጥቕሲ ኣብ ታሕቲ እንሆ፤

> ***እዚ ብስመይ እተሰምየ ህዝበይ ከኣ ትሕት እንተ በለ፡ እንተ ለመነ፡ ገጸይውን እንተ ደለየ፡ ካብ ክፉእ መገዱ ድማ እንተ ተመልሰ፡ ሽዑ ኣነ ኻብ ሰማይ ክሰምዕ እየ፡ ሓጢኣቶም ከኣ ይቕረ ኽብለሎም፡ ምድሮምውን ክፍውሶም እየ።*** *(2ይ ዜና መዋእል 7፡14)*

ኣብዚ ጥቕሲ`ዚ ብዙሓት ኣገደስቲ ኣገባባት ተሃድሶ/ ምንቅቃሕ ተጠርኒፎም ኣለዉ። መጀመርያ እግዚኣብሄር ንህዝቡ ይዛረብ ከም ዘሎ ነስተውዕል ("ህዝበይ እዩ ዝብል ዘሎ") ። ንሱ ምስ ሓጥኣን፣ ምስ ንዓለም፣ ወይ ብሓፈሻ ምስ ማንም ሰብ

ኣይኮነን ዝዛረብ ዘሎ። እግዚኣብሄር ምስቶም "ብስሙ ዝተጸውዑ" ህዝቡ እዩ ዝዛረብ ዘሎ። ህዝቢ ኣምላኽ ምንቅቃሕ ክምኮሩ እንተኾይኖም እንታይ ክገብሩ ከም ዘለዎ ክፈልጡ ይግባእ፡

## 1. "ርእሶም ክትሕቱ"

ርእስኻ ምትሓት ማለት ንርእስኻ ኣብ ቅድሚ ኣምላኽ ብትሕት ምቕራብ ማለት`ዩ (ዘሌዋውያን 26፡40-41 ኣጽንዑ) ። እዚ ትሕትና'ዚ ኣብ ቅድሚ ኣምላኽን (2ይ ዜና መዋእል 34፡1-13) ንቃሉን (2ይ ዜና መዋእል 34፡14-28) ንህዝቡን (2ይ ዜና መዋእል 34፡29-33) ርእስኻ ምትሓት ዘጠቓልል እዩ ።

## 2. "ክጽልዩ"

እዚ ዓይነት ጸሎት ብቀዳምነት ገጽ እግዚኣብሄር ንምድላይ ብኻልኣይ ድማ ካብቲ ክፉእ መገድኻ ንምምላስን ዝጽለ ፍሉይ ጸሎት እዩ። ንሕና ብዙሕ እዋን "ስለ ዘይንሓትት" ወይ ብቕንዕና ስለ ዘይንሓትት መልሲ ካብ እግዚኣብሄር ኣይንረክብን። እግዚኣብሄር ከነቓቕሓናን ናይ ኑዛዜን ንስሓን ፍሉይ ጸሎት ክንጽሊን ከምኡውን ልብና ንመንቅስቃስ መንፈሱ ክዳሉ ክንጽሊ ይግባእ።

## 3. "ገጹ ክደልዩ"

"ገጽ ኣምላኽ ምድላይ፡" ዝብል ሓረግ ኣብዞ ዝሰዕብ ናይ ብሉይ ኪዳን ገጻት ብተደጋጋሚ ተጻሒፉ ኣሎ፡ ዘጸኣት 33:7፤ ዘዳግም 4:29፤ እዝራ 8:22፤ 2ይ ሳሙኤል 12፡16፤ 21 ፡ 1፤ 1ይ ዜና መዋእል 16:10-11፤ 2ይ ዜና መዋእል 7:14፤ 11 ፡ 16፤ 15 ፡ 4፤ 20፡4፤ መዝሙር ዳዊት 105:3-4፤ 24፡6፤ 27፡8፤ 40፡17፤ 69 ፡ 7፤ 70፡5፤ ምሳሌ 28:5፤ ኢሳይያስ 51፡1፤ ኤርምያስ 29:13፤ 50፡4፤ ሆሴእ 3:5፤ 5፡6-7,15፤ 7 ፡ 10፤ ዳንኤል 9:3፤ ጸፎንያስ 1፡6፤ ዘካርያስ 8፡21ን ሚልክያስ 3፡1ን።

ጽማቕ ትሕዝቶ ናይዞም ቍንጽል ጽሑፋት፡ "ንገጽ ኣምላኽ ምድላይ" ማለት፡ ነዞም ኣብ ታሕቲ ዝተዘርዘሩ ነጥብታት ተጠቓልል፡

ሀ. ብምሉእ ፍቓድን ብምሉእ ልብን ናብ ኣምላኽ ምምላስ፡

ለ. ንዕኡ ንምግልጋል ተወፋይነት ዘለዎ ልባዊ ኣተሓሳስባ።

ሐ. ካብ ኩሉ ክፍኣት ንምርሓቕ ዝግበር ውሳነ።

መ. ፍቓዱ ንምፍጻም ዝግበር ውሳነ።

ሠ. ንልዑል ጸሎት ምውፋይ።

ንእግዚኣብሄር ምድላይ፡ እቲ ካብ ክፉእ እትርሕቀሉ ቀንዲ መገዲ እዩ (ኣሞጽ 5፡4, 14) ። ንእግዚኣብሄር ምድላይ፡ ናይ ሓቂ ትሕትና መርትዖ እዩ (ጸፎንያስ 2፡3)፡ ንእግዚኣብሄር ምድላይ፡ ህላውነት ኣምላኽ ንምርዳእ መሰረት እዩ (ሆሴእ 5፡15)፡ ንእግዚኣብሄር ምድላይ፡ ህይወት የምጽእን (ኣሞ 5፡4-6) ብሙሉእ ልቢ ክግበር ኣለዎ (ኤርምያስ 29፡12-13) ዚብሉ ሓሳባት የጠቓልል።

## 4. "ካብ እኩይ መገዶም ክምለሱ"

ጸሎትን ገጽ ኣምላኽ ምድላይን ጥራይ ንርእሱ እኹል ኣይኮነን። ንሳቶም ብኣንፈት ከቓይር ዝኽእል ሓቀኛ ንስሓ ክስነዩ ኣለዎም። ካብቲ እኩይ መገድኻ ናብ ኣምላኽ ክትምለስ ኣሎካ። ንስሓ ኣብ ኩሉ መጽሓፍ ቅዱሳዊ ምንቅቃሕ ጎሊሑ ዝቐረበ ሓቂ እዩ። ንስሓ ኣብ ነፍሲ ወከፍ ምንቅቃሕ ብሉይ ኪዳን ርኡይ እዩ። ቤተ ክርስቲያን ብንስሓ እያ ነፍሳት ናብ ምድሓን ጻውዒት እትጅምር (ግብሪ ሃዋርያት 2) ። እቲ ኣብ መጽሓፍ ራእይ ዮሃንስ ዘሎ ናይ መወዳእታ ጻውዒት ሰባት ናብ ንስሓ ክመጹ እዩ (ራእይ 22፡16) ።

ንስሓ ኣንፈት ሕይወትካ ክትቅይር ዘኽእለካ ውህበት ኣምላኽ እዩ (ግብ 5፡29-31፤ 11፡15-18፤ 2ጢሞ 2፡22-26) ። ኩሉ ሰብ ክንሳሕ ትእዛዝን (ግብ 17፡30) ፍቓድ ኣምላኽን እዩ (2ይ ጴጥሮስ 3፡9) ። ሕያውነት (ጸጋ) እግዚኣብሄር ንሰባት ናብ

ንስሓ ይሰሕቦም (ሮሜ 2፡4) ። ሰብ ብዘይ ምንስሑ ይጠፍእ (ሉቃ 13፡3,5) ። የሱስ ንስሓን ሕድገት ሓጢኣትን ብስሙ ኣብ መንጎ ኩሎም ኣህዛብ ክስበኽ ኣዚዙ (ሉቃ 24፡47) ።

ንስሓ ካብ ሓጢኣት ምርሓቕ፡ ክትገብሮ ዝግባእ ዝነበረ ሕጂ ግና ዘይትገብሮ ዘለኻ ነገር፡ ሕጂ እትኸዶ ዘለኻ መገዲ ወይ እትገብሮ ዘለኻ ዘይቅኑዕ ነገር፡ ካብ ኣምላኽ ምኽሪ ብዘይምድላይን ኣብ መስርሕ ሓጢኣት ምፍጻምንን ዝኣመሰሉ ነገራት ምምላስ የጠቓልል። ብተወሳኺ ንስሓ ካብ "ምዉት ግብሪ" ምምላስ የጠቓልል እዩ (እብራውያን 6፡1- 3) ።

"ምዉት ግብሪ" ማለት፡ ሰባት ብጻዕሮም ጽድቂ ኣምላኽ ንምርካብ ዝገብርዎ ዝኾነ ይኹን ሃይማኖታዊ ስርዓታት እዩ። ማዕረ ማዕረ እዚ፡ ምዉት ግብሪ ኣምልኾ፡ ዕሸር፡ ከምኡውን ግብሪ ሕያውነት ኬጠቓልል ይኽእል እዩ። ኣምልኾ ብመንፈስን ብሓቅን ክኸውን ይግባእ፡ ካብዚ ወጻኢ ዝግበር ኣምልኾ ምዉት ግብሪ እዩ። ንኣብነት፡ ብስምዒት ምሃብ ወይ ድማ እቲ ናይ መኣከቢ ገንዘብ (መሰዋእቲ) ብቕድሚኻ ክሓልፍ ከሎ ስለ ዘሕፈርካ ምሃብ ምዉት ግብሪ እዩ። ከምኡውን ብዘይፍታው ወይ ኣብ ሰባት ክብሪ ንምርካብ ዝግበር ግብሪ ሕያውነት ወይ ኣገልግሎት ኩሉ ምዉት ግብሪ እዩ።

ብመንፈስ ኣምላኽ ህያው ናይ ምግባር ዓቕሚ ዘይብሉ ዝኾነ ይኹን ግብሪ፡ ምዉት ግብሪ እዩ። ንኣብነት፡ ብዘይ መንፈስ ኣምላኽ፡ ወንጌል ኣብ ኩሉ ግዜን ቦታን ንኸሉ ሰብ ምክፋል ምትብባዕ ከም ኣብ ቅድሚ ሓሰማ ክቡር ዕንቊ ከም ምድርባይ (ማቴዎስ 7፡6) ወይ ንሓደ መላገጺ ብኸንቱ ከም ምግሳጽ ክኸውን ይኽእል እዩ (ምሳ 9፡7-8) ። ዝኾነ ብጻዕሪ ስጋ እምበር ብሓይሊ መንፈስ ቅዱስ ዘይግበር ግብሪ ኹሉ ምዉት ግብሪ እዩ።

ስለዚ መንፈሳዊ ኩነታትካን ድርኺታትኻን ኣገባብ ኣገልግሎትካን (ክትገብሮም ዝነበሩኻ ግናኸ ከይገበርካዮም ዝሓለፉ ስርሓት ወይ፡ ተልእኾ) ብቐጻሊ ክትምርምርን ምዉት ግብሪ ክትናሳሕ ይግባእ።

<u>**መጠቓለሊ**</u>:

ኣብ ብሉይ ኪዳን ንተሃድሶ/ ምንቅቃሕ ንምድላው ካብቶም ዝተፈጸሙ ቀንድ ኣገባባት፡

<u>እቶም ህዝቢ ኣምላኽ፡</u>

- ርእሶም ኣትሒቶም፡
- ጸልዮም፡
- ገጽ ኣምላኽ ደልዮምን፡
- ካብ እኩይ መገድታቶም ተመሊሶምን።

<u>መልሲ እግዚኣብሄር፡</u>

- -"ካብ ሰማይ ንጸሎትካ ወይ ልማኖኻ ሰሚዐ"፡ መልሲ ሂቡ፡
- -"ሓጢኣቶም ይቕረ ኢሉ"፡ ዕርቂ ገይሩን
- -"መሬቶም ፈዊሱ"፡ የሐዲሱን

## ርእሰ ገምጋም

1. **መሪሕ ጥቕሲ ዘኪርካ ጽሓፍ።**

2. **ትርጉም ተሃድሶ/ ምንቅቃሕ ግለጽ።**

3. **ንተሃድሶ/ ምንቅቃሕ ብኸመይ ኢኻ እትዳሎ፧**

4. **ተሃድሶ/ ምንቅቃሕ መዓስ እዩ ዘድሊ፧**

5. **ኣብዚ ምዕራፍ ካብ ዝተገልጹ መርትዖታት ንድሕሪት ዝመልሱ ኩነታት/ ነገራት ገለ ገለ ብሕጽር ዝበለ ጽሑፍ ኣቕርብ።**

6. **ኣብዚ ምዕራፍ ዝተገልጹ መጽሓፍ ቅዱሳዊ ኣገባባት ተሃድሶ/ ምንቅቃሕ ዘርዝር።**

7. **ንመደብ ተሃድሶ/ ምንቅቃሕ እግዚኣብሄር ዘመልክት ጥቕሲ ካብ መጽሓፍ ቅዱስ ጥቐስ።**____________________

8. **ከመይ ጌርና ኢና "መደብ ተሃድሶ/ ምንቅቃሕ እግዚኣብሄር" ኣብ ናይ ተሃድሶ ጸሎትና ክንጥቀመሉ ከም ንኽእል ግለጽ።**

**(መልሲ ርእሰ ፈተነ ኣብ መደምደምታ ናይ መወዳእታ ምዕራፍ ናይዚ መምርሒ ተዋሂቡ ኣሎ) ።**

## ንተወሳኺ መጽናዕቲ

***ነዞም ኣገባባት እዚኣቶም ንዘያዳ ንመጽናዕ ኣገባት ተሃድሶ/ ምንቅቓሕ ብሉይ ኪዳን ከም መወከሲታት ተዋሂቦም ኣለዉ። ነፍሲ ወከፍ ኣገባብ መንፈሳዊ ምንቅቓሕ ናይቲ ዝነበረ ኩነታትን ንቅሓት ረቛሒታትን ተሃድሶን ውጽኢት እዩ። ኣብ መጀመርያ መጽናዕትኻ ክሕግዘካ ካብቶም እተዋህቡ ኣገባባት ከም ኣብነት ክትወስድ ትኽእል ኢኻ። ንቐጻሊ ግና ናይ ገዛእ ርእስኻ ኣገባብ መጽናዕቲ ክትጥቀም ትኽእል። ንመጽናዕትኻ ዝሕግዝ ኣብ መወዳእታ ናይዚ ምዕራፍ ዝተዋህበ ቅጥዒ ክትደግሞ ትኽእል ኢኻ።***

***ተሃድሶ ኣብ ዘመን ያእቆብ፡ ዘፍጥረት*** 35፡1-15

***ሽዑ ዝነበረ ኩነታት፡***

1. ***ርእሲ ስድራ፡ ምስ እግዚኣብሔር ካብ ዝነበሮ ሕብረት ዝወጸ እዩ ነይሩ፦ ያእቆብ ካብ መጀመርታ ኣትሒዙ መታለልን ተንኮለኛን እዩ ነይሩ። ካብ ቀጥዓ ኤሳው እናሃደመ ንኣምላኽ ከገልግል ቃል ኣትዩ እኳ እንተነበረ፡ ነዊሕ ከይጸንሐ ግን ነዚ ዝኣተዎ ቃል ረሲዕዎ። ያእቆብ ርእሱ ዝኽኣለ እዩ ነይሩ። በረኸት ጐይታ እኳ እንተደለየ፡ ነቲ ዝረኸቦ ካብ ኣምላኽ ከም ከም ዝረኸቦ ገይሩ ኣይረኣየን፡ በረኸቱ ባዕሉ ከም ዝረኸቦ ገይሩ ይኣምን ነበረ። ያእቆብ ምድራዊ ትምኒት ዝነበሮን ካብቲ ምስ ኣምላኽ ዝነበሮ ርክብ ንላዕሊ ብዛዕባ ጥሪቱን ንገዛእ ርእሱን ንስድራ ቤቱን ዘድልዮም ነገራትን ዝያዳ ዝግደስ ሰብ ነይሩ።***
2. ***ኣመራርሓ ስድራ ቤቱ መጽሓፍ ቅዱሳዊ ስርዓት ዝተኸተለ ኣይነበረን፦ ንዮሴፍ ሓለፋ ካልኦት ደቂ ይፈትዎ ነይሩ። ያእቆብ ንቤቱ ብጽቡቕ ኣይመርሖን ደቁ ድማ ንጓሉ ስለ ዝተዓመጸት ሕነ ፈዲዮም*** (***ዘፍጥረት*** 34) ***። ኣንስቱ መታለልቲ፡ ቀናኣትን ተንኮለኛታትን ነይረን።***
3. ***ድኹም መንፈሳዊ ህይወት ነይርዎ፦ ኣንስቱ ናይ ኣቦኣን ጣኦታት*** (***ናይ ሓሶት ኣማልኽቲ***) ***ሰሪቐን፡ ደቁ ሰብ ቀቲሎም፡ ሰሪቖምን ዘሚቶምን። ንሱን ስድርኡን ሓጥኣንን መምለኺቲ ጣኦትን እዮም ነይሮም። ዘፍጥረት*** 35።

***ተሃድሶ ዘስዕቡ ረቛሒታት፤***

1. ***ገለ ገለ ዘጓነፍዎ ዘሰካሕክሑ ፍጻመታት ንያእቆብ ካብቲ ዝነበሮ ኩነታት ንኽበራብር ደፋፊኦሞ፡ ዘፍጥረት*** 35።
2. ***እቲ ተሃድሶ ብቓል ኣምላኽ እዩ ጀሚሩ፡ ዘፍጥረት*** 35፡1።

***ውጺኢታት***

***ምንቅቓሕ ኣብ ኣባይቲ እዩ ዝጅምር። ኣባይትና እንድሕር ተነቃቒሑ ኣብያተ ክርስትያናትና`ውን ክናቃቀሓ እየ!***

***ተሃድሶ/ ምንቅቓሕ ብሉይ ኪዳን*** (***ቤት ያእቆብ***) ***፡***

1. ***ስድራቤቱ ነቶም ጣኦታቶም ኣልዮም ንነብሶም ኣንጺሆም፡ ዘፍጥረት*** 35፡2።
2. ***ነቲ ናይ ሓቂ ኣምላኽ ተቐቢሎም፡ ዘፍጥረት*** 35፡3።
3. ***ናብቲ መንፈሳዊ ተመክሮ ዝረኸበሉ ቦታ ተመሊሶም፡*** (***ናብ ቤትኤል ምኻድ***) ***፡ ዘፍጥረት*** 35፡3
4. ***መሰውኢ እግዚኣብሄር ኣቑሞምን ብንስሓ ናብ ሓቀኛ ኣምልኾ ተመሊሶምን፡ ዘፍጥረት*** 35፡7
5. ***ህይወቶም ተቐይሩ፡ ስም ያእቆብ ተቐይሩ፡ ዘፍጥረት*** 32:24-32
6. ***ያእቆብ ሓድሽ ምግላጽ ካብ ኣምላኽ ተቐቢሉ፡ ጎይታ ንሱ "እቲ ኩሉ ዝኽእል ኣምላኽ" ምኳኑ ተገልጸሉ፡ እዚ ማለት ከኣ ንሱ እቲ ኣኻልን ኩሉ ዝኽእልን ኣምላኽ ምዃኑ ተጋሂዱሉ፡ ማለት እዩ። ዘፍጥረት*** 32:24-32

***ሐጂ መጽናዕትኻ ንምቅጻል ነዞም ዝስዕቡ ኣገባባትን መወከሲታትን ተሃድሶ ብሉይ ኪዳንን ኣብ መወዳእታ ናይዚ ምዕራፍ ዘሎ ቅጥዒን ተጠቐም።***

| | |
|---|---|
| ***ተሃድሶ ኣብ ዘመን ሙሴ፡*** | ***ዘጸኣት*** 32፡1-35፤ 33፡1-23፤ ***ምዕራፍ*** 34-35 |
| ***ተሃድሶ ኣብ ዘመን ሳሙኤል፡*** | 1***ይ ሳሙኤል*** 7፡1-17 |

**ተሃድሶ ኣብ ዘመን ኤልያስ፡** 1**ይ ነገስት** 17-18

**ተሃድሶ ኣብ ዘመን ኣሳ፡** 2**ይ ዜና መዋእል** 14-15፣ **ተመሳሳሊ ጸብጻብ ኣብ** 1**ይ ነገስት** 15፡9-24 **ኣሎ**

**ተሃድሶ ኣብ ዘመን ዮሳፋጥ፡** 2**ይ ዜና መዋእል** 20

**ተሃድሶ ኣብ ዘመን ህዝቅያስ፡** 2**ይ ዜና መዋእል** 29፡1-36፤ 30፡1-27፤ 31፡1-21

**ተሃድሶ ኣብ ዘመን ዮስያስ፡** 2**ይ ዜና መዋእል** 34፡1-33፤ 35፡1-19

**ተሃድሶ ኣብ ዘመን ዘሩባቤል፡** **ሃጌ** 1፤ **ዘካርያስ** 1፡1-6

**ተሃድሶ ኣብ ዘመን ሰሎሞን፡** 2**ይ ዜና መዋእል** 6-7

**ተሃድሶ ኣብ ዘመን ዮናስ፡** **መጽሓፍ ዮናስ።**

**ተሃድሶ ኣብ ዘመን ነህምያ፡** **ነህምያ** 8-10

**ኣገባባት ተሃድሶ ኣብ ብሉይ ኪዳን፡** ____________________________________________

**መወከሲ.ታት፡** ____________________________________________

**ዝጸንሑ ቅድመ ኩነታት፡** ____________________________________________

**ምንቅቓሕ ዘስዕቡ ረጃሒ.ታት፡** ____________________________________________

**ውጽኢ.ታት፡** ____________________________________________

# ምዕራፍ ሸሞንተ
# ምጅማርን ምቕጻልን

### ዕላማታት

እዚ ምዕራፍ ምስ ወዳእካዮ ነዞም ዝስዕቡ ክትገብር ክትክእል ኢኻ፤

- ንዝተወደበ ጸሎት መደብ ከተውጽእ፡
- መምርሒ ውልቃዊ ጸሎት ከተውጽእ፡
- ኣብ ኣህጉራዊ ናይ ኣማላድነት ጸሎት ክትሳተፍ፡
- ኣብ ምጅማርን ምቕጻልን ዘለዉ ጸገማት ከተለልን መፍትሒኦም ከተናዪን
- ርእሰኻ ኣብ ኣገልግሎት ኣማላድነት ክትውፍን።

### መሪሕ ጥቕሲ፡

> ***ንስኻስ ክትጸሊ ኸሎኻ፡ ናብ ቤትካ እቶ፡ ማዕጾኻ ዕጾ፡ ነቲ ብሕቡእ ዘሎ ኣቦኻ ለምኖ። እቲ ብሕቡእ ዚርኢ ኣቦኻ ድማ ብግህዶ ኪኸሕለካ እዩ።*** *(ማቴዎስ 6:6)*

#### መእተዊ

ኣብቲ ናይ ኣማላድነት ጸሎት መጽናዕቲና ንመንን እንታይ ከም እነማልድ፡ ንኽነማልድ ዘኽእሉና ዝተዋህቡና መንፈሳዊ ጸጋታት ኣየኖት ምዃኖም ክንፈልጥን ነዚ ዓይነት ጸሎት ብኸመይ ከም እንገብሮን ተማሂርና ኢና። ነቲ ሞዴል ኣማላድነትና ዝኾነ ጐይታና የሱስ ክርስቶስ ልዑል ክብሪ ምሃብን ንውጽኢታዊ ጸሎት ዝዕንቅፉ ነገራት ምልላይን ንእኦም ምእላይን ተማሂርና ኢና። ኣብዛ ናይ መወዳእታ ምዕራፍ እምበር፡ ነዚ ናይ ኣማላድነት ኣገልግሎት ብኸመይ ከም እንጅምርን እንቕጽልን ኣንፈት ክንረክብ ኢና።

#### ኣወዳድባ ጸሎት

ውጽኢታዊ ኣማላዲ ክትከውን ንኽትጸሊ ግዜ ክህልወካ ይግባእ። ሓደ ካብቲ ነዚ ክትግብር ዘኽለካ መገዲ፡ ብውልቅን ምስ ካልኦትን ስሩዕ ናይ ጸሎት ግዜ ምውዳብ እዩ። ኣብ ሓድሽ ኪዳን ውጽኢታዊ ጸሎት ንምውዳብ ነዞም ዝስዕቡ ኣወዳድባታት ይገልጽ፤

### ውልቃዊ ጸሎት፡

ኣብዚ ዓይነት ውዳበ ጸሎት ብውልቂ እዩ ዝግበር፤

> ***ንስኻስ ክትጸሊ ኸሎኻ፡ ናብ ቤትካ እቶ፡ ማዕጾኻ ዕጾ፡ ነቲ ብሕቡእ ዘሎ ኣቦኻ ለምኖ። እቲ ብሕቡእ ዚርኢ ኣቦኻ ድማ ብግህዶ ኪኸሕለካ እዩ። (ማቴዎስ 6 :6) ።***

ኣብ ነፍሲ ወከፍ መዓልቲ ንጸሎት ፍሉይ ግዜ ምረጽ፡ እንተ ተኻኢሉ ንግሆ ቀድሚ መዓልትኻ ምጅማርካ ይምረጽ። "ናይ ንግሆ ሰብ" እንተ ዘይኮንካ ግና ካልእ ዝያዳ ዝምችእ ግዜ ክትመርጽ ትኽእል ኢኻ። እዚ እዋን'ዚ ኣብ ቀድሚ እግዚኣብሄር ብውዳሴን ኣምልኾን ቀሪብካ ኣብ መንጎ እግዚኣብሄርን ሰብን ብልመናን ኣማላድነትን ደው ብምባል ክህነታዊ ኣገልግሎትካ እትፍጽመሉ ጊዜ እዩ።

ቅድሚ ምምላድ ምጅማርካ ናይ ግሊ ናይ ንስሓ ግዜ ይሃልኻ፡ እግዚኣብሄር ካብ ኩሉ ሓጢኣት ከንጽሃካ ለምኖ። ንስሓ ንውጽኢታዊ ኣማላድነት መሰረታዊ እዩ።

## ናይ ክልተ ሰብ ናይ ሕብረት ጸሎት

ናይ ክልተ ሰብ ናይ ሕብረት ጸሎት እቲ ዝነኣሰ ኣሃዱ ናይ ጸሎት ውደባ እዩ። ናይዚ ዓይነት ውዳበ መጽሓፍ ቅዱሳዊ ኣቃውምኡን ባህርያዊ ሓይሉ ኣብዚ ዝስዕብ ጽሑፍ ተገሊጹ ኣሎ፤

*ክልተ ወይ ሰለስተ ኹይኖም ብስመይ ኣብ እተኣከቡሉ ኣነ ኸኣ ኣብኡ ኣብ ማእከሎም እየ እሞ፡ ክልተ ኻባኻትኩም ኣብ ምድሪ ብዚልምንዎ ነገር ኵሉ እንተ ተሳማምዑ፡ ካብቲ ኣብ ሰማያት ዘሎ ኣቦይ ኪውሃቦም እዩ፡ ኢለ ኸም ብሓድሽ እብለኩም ኣሎኹ። (ማቴዎስ 18:19)*

ስለዚ ምሳኻ ሓቢሩ ከማልድ ዝደሊ ዓርኪ ረኺብካ ብሓባር ብስሩዕ ምጽላይ ጀምር። በዓል ሓዳር እንተ ኼንካ ንመጻምድትኻ ኽትመርጽ ትኽእል ኢኻ። ምሳኻ ዝጽሊ ሰብ እንተ ሃልዩ ኣብ ዝደኽምካሉ ከበርትዓካ፡ ተስፋ ኣብ ቀረጽካሉ እዋን ድማ ተስፋኻ ክልምልምን ብተስፋኻ ኽትቅጽል ክሕግዘካ ይኽእል እዩ።**ናይ ክልተ ሰብ ናይ ሕብረት ጸሎት**

## ንኣሽቱ ጉጅለታት

ንኣሽቱ ጉጅለታት፡ ሓድሓደ ግዜ "ዋህዮታት ጸሎት" ተባሂሎም ይጽውዑ። እዚ ዓይነት ውዳበ ኣብ ኣገልግሎት ኣማላድነት ክጽንበሩ ድልየት ዘለዎም ካብ ልዕሊ ክልተ ውልቀ ሰባት ዝሓዘ ውዳበ እዩ። ምስ ኣዕሩኽትኻ፡ መሳርሕትኻ፡ ወይ ኣዝማድካ ብንእሽቶ ጉጅለ ተወዲብካ ሰሙናዊ ናይ ጸሎት ግዜ ክህልወካ ይከኣል እዩ። ሰለስተ ሰባት ነዚ ዕላማ እዚ ክጽንበሩ ከለዉ ዓቢ ሓይሊ ኣሎ፤

*ከመይሲ፡ ክልተ ወይ ሰለስተ ብስመይ ኣብ እተኣከቡሉ፡ ኣነ ኣብኡ ኣብ ማእከሎም ኣለኹ። (ማቴዎስ 18:20)*

## ናይ ሕብረት ጸሎት ጉባኤ

ኩሎም ኣባላት ናይታ ቤተ ክርስቲያን ብሕብረት ዝጽልዩሉ ናይ ጸሎት መደብ ዝውደበሉ ዓይነት ጸሎት እዩ። ኣብዚ ኩሎም ኣባላት ኣብቲ ዝተወደበ ጸሎት ክሳተፉ ይግባእ።

*እዚኣቶም ኩሎም ምስ ሓያሎ ኣንስትን ምስ ማርያም ኣደ የሱስን ምስ ኣሕዋቱን ኰይኖም ከየብኰሩ ሐቢሮም ይጽልዩ ነበሩ። ግብሪ 1፡14)*

ኣብ ግብሪ ሃዋርያት 12፡5፡ ቤተ ክርስቲያን፡ ጴጥሮስ ኣብ ቤት ማእሰርቲ ኣብ ዝነበረሉ እዋን ብቐጻሊ ስሊኡ ተማልድ ከም ዝገበረት ይገልጸልና። መጋቢ ቤተ ክርስትያን እንተኾንካ ከምዚ ዓይነት ናይ ሕብረት ጸሎት መደብ ምውዳብ ሓላፍነትካ እዩ።

## ምድላው መምርሒ ውልቃዊ ጸሎት

ንኣገልግሎት ኣማላድነት ዝመርሓኻ ናይ ውልቂ ናይ ጸሎት መምርሒ ምድላው ሓጋዚ እዩ። ንዝተፈላለዩ ክፋላት መጽንዒን መመዝገብን ዝኸውን ደብተርን መስመርን ተጠቐም። ኣብ እተደልዎ መምርሒ ነዞም ዝስዕቡ ክፍልታት ክትውስኽ ትኽእል ኢኻ፤

- ብዛዕባ ኣማላድነትን ጾምን ዝምልከት ዝግበር መጽናዕቲ መዘኻኸሪ ደብተር ሓዝ፡
- ከተማኻን ግዝኣትካን ሃገርካን፦ ካርታታት ከተማኻን ሃገርካን ህዝብኻን ኣዳሊኻ ኣብ ልዕሊ እቲ ካርታ ኢድካ ኣንቢርካ ክትጽሊ ትኽእል ኢኻ። ብተወሳኺ፡ ዝርዝር ኣስማት ኣብ ከተማኻን ሃገርካን ዘለዉ ናይ ፖለቲካ ሰበ-ስልጣናትን ሃይማኖታውያን መራሕትን ኣዳሊኻ ንነፍሲ ወከፎም ብስሞም ብምጥቃስ ጸሊ።
- ውልቃዊ ኣማላድነት፦ ውልቃዊ ጸሎት ዘድልዮም ዝርዝር ኣስማት ስድራቤትካን ፈተውትኻን ካልኦትን ኣዳሊኻ ስሊኦም መዓልታዊ ብውልቂ ኣማልድ። ንርእስኻ ንምትብባዕ ኣብ ኣገልግሎት ኣማላድነትካ ዝተመለሰ ጸሎት መዝግብ።
- ስለ ቤተ ክርስቲያንካ፦ ናይ ቤተ ክርስቲያንካ ሰንጠረዥ ምሕደራዊ ውዳበ ወይ ዝርዝር ኣስማት መራሕቲ ኣውጺእካ ስሊኦም መዓልታዊ ጸሊ። ብዝተኻለ መጠን ንነፍሲ ወከፍ ኣባል ቤተ ክርስቲያንካ ብስሞም ጠቒስካ ጸልየሎም።
- ስለ ኣገልግሎትካ፦ ንናይ ገዛእ ርእስኻ ውልቃዊ ኣገልግሎት ኣማልድ። ናይ መጽሓፍ ቅዱስ መምህር እንተ ኼንካ ስለ ተመሃሮኻ ጸሊ፡ ፓስተር እንተ ኼንካ ንነፍሲ ወከፍ ኣባል ቤተ ክርስትያንካ በብስሙ ጸሊየሉ፡ ወላዲ እንተ ኼንካ ስለ ደቅኻ (ኣካል ኣገልግሎትካ ስለ ዝኾኑ) ጸልየሎም፡ ሚስዮናዊ ወይ ወንጌላዊ እንተ ኼንካ ወንጌል ብግቡእ ናብ ሰባት ምእንቲ ከትብጽሕን ሰባት ንስብከትካ ክቕበልዎ፡ ስለ እቶም ንወንጌልካ ሰሚዖም ዝተለወጡ፡ ንደቀ መዛሙርቲኻን ንመሳርሕትኻን ክፉት ማዕጾታት እግዚኣብሄር ኩዳልወሎምን ጸሊ።
- ስለ ዓለምለኻዊ ኣማላድነት፦ ወንጌል ናብ መላእ ህዝቢ ዓለም ንምብጻሕን መንግስቲ ኣምላኽ ንምስፋሕ እተማልደሉ መደብ ኣዳሉ። እዋን ዓጺድ ኣህጉራዊ መስመር፡ ኣብ ዓለማዊ ወንጌላውነት ዘተኮረ እዩ። ስለዝኾነ ድማ ንኹሉ ናይ ተልእኾ ጻዕርታትና ብጸሎት ምስ እዋን ዓጺድ ኣህጉራዊ መስመር ከነተሓሕዞ ንደሊ። በዚ ምኽንያት'ዚ እዞም ዝስዕቡ ዝርዝር መምርሒታት ንኣህጉራዊ ኣማላድነት ነቕርብ።

## ዓለምለኻዊ ኣማላድነት

ብውልቂ ይኹን ብንኣሸቱ ጉጅለታት ወይ ብሕብረት መላእ ኣባላት ቤተ ክርስቲያን ከስርሕ ዝኽእል ፍሉይ መምርሒ ኣህጉራዊ ኣማላድነት እንሆ፤

## ንኣምላኽ ምውዳስ (10 ደቓይቕ)

ናብ ህላወ ኣምላኽ ብምምስጋንን ውዳሲን ኢና እንኣቱ፡ መዝ 100፡4

## ስለ ዓለም ብሓፈሻ ኣማልድ፡ (10 ደቓይቕ)

ቅድሚ ምምላድ ምጅማርካ ናይ ግሊ ናይ ንስሓ ጸሎት ጸሊ። ድሕሪኡ ኣብ ዓለም ብሓፈሻ –––– ምእንቲ ጸሊ፡

- ሓድሽ ዓለምለኻዊ መንፈሳዊ ጺምኣት ክኸውን፡
- እግዚኣብሄር ሓያል ዓለምለኻዊ ኣማላድነት ከልዕል፡
- ዕብየትን ምዕባለን ቤተ ክርስቲያን ኣብ መላእ ዓለም ክኸውን፡
- እግዚኣብሄር "ዓየይት ንዓጺድ" ከተንስእ፡
- ሓድነትን ምትሕብባርን ኣብ መንጎ ህልዋት ኣብያተ ክርስቲያናትን ልኡኻት ሃይማኖትን ክኸውን፡
- መደብ ተሃድሶ ንዘጠፍኡ ንምዕዋት ናይ ቅንኣትን ርህራሄን መንፈስ ክህሉ፡
- ወንጌል ኣብ ምዝርጋሕ ኣመንቲ ንቁሳዊ ጸጋታት ብጥበብ ምጥቃም ክኽሉን ንኣምላኽ ዘድሊ ፋይናንስ ከቕርብን ንስራሕ ወንጌል ንምምዋል ፍቓደኛታትን ዓቕሚ ዘለዎምን ሰባት እግዚኣብሄር ክዳሉ፡
- ወንጌል ንምዝርጋሕ "መዛረቢ ኣፍደገ" ክኽፈት፡ (ኤፌሶን 6፡19)
- -"ንወንጌል ማዕጾኣን ዘዓጸዋ ሃገራት" ማዕጾኣን ንወንጌል ክኽፍታ፡ (2ይ ተሰሎንቁ 3፡1)
- ኣብቶም ወንጌል ዘሰምዑዎ ተቐባልነት ክረክብ፡ (ሮሜ 15፡30-31)
- -ንዝርግሐ ወንጌል ዝጸልዉ ዓበይቲ ናይ ዓለም ጉዳያት፡
- ልቢ መንግስትን መራሕቲ ፖለቲካን ንተልእኾ ወጌላውያንን ልኡኻት ሃይማኖትን ተቐባሊ ክኸውን፡
- ሓደስቲ ኣብያተ ክርስትያናትን ሚስዮናትን ዝተኸሉ ዓየይቲ እግዚኣብሄር ከተንስእ፡
- ብሰንኪ ህይወቶም ንክርስቶስ ምሃቦ ወይ ብምኽንያት ኣገልግሎቶም ዝተኣሰሩ ወይ ዝሳቐዩ ኣመንቲን
- ስራሕ ምትርጓም መጽሓፍ ቅዱስ ኣብ መላእ ዓለም ክሰፍሕ፡
- ክርስትያናዊ ናይ ተልእኾ ትምህርታት፡ መሰልጠኒ ትካላትን ኣብ መላእ ዓለም ዝርከባ ናይ መጽሓፍ ቅዱስ ኮለጃት ምስፋሕን፡
- ንሃገራውያን ክርስትያን ሰራሕተኛታት፡
- ባህሊ-ሰገራዊ ሚሰዮናዊ ሓይሊ፡
- ምንቅስቓስ ናይ መንፈስ ቅዱስ ኣብ መንጎ መንእሰያት ክግለጽ፡ ንሳቶም ናይ መጻኢ መራሕቲ ኣብያተ ክርስቲያናት ኢዮም።
- ምግላጽ ቅኑዕ ስትራተጂ ናብ ነፍሲ ወከፍ ብሄራትን ዓድታትን ዓለም ንምብጻሕ። ኣምላኽ ነቶም ኣብዘን ዞባታት ኣብ ምርምር ተልእኾን ስትራተጅን ዝተዋፈሩ ትካላት ወይ ሰባት ክገልጸሎም፡
- ንኣገልገልቲ ካብ መጥቃዕቲ ሰይጣን ንምድሓንን ኣንጻር ኣመንቲን ሃገራት ዝፍኖ ውዲታት ሰይጣን ንምምቅዋም ካብቶም ንወንጌል ዝጻረሩ ሰባት ንምድሓን፡ (ሮሜ 15፡30-31፤ 2ይ ተሰሎንቁ 3፡2

- መጽሓፍ ቅዱሳዊ ኣረኣእያ ዓለም ኣብ መንጎ ኣመንቲ ክዝርጋሕን ኣብ ክንዲ ተዓዘብቲ ምዃን ተሳተፍቲ መደብ ኣምላኽ ክኾኑ፥
- እቶም ወንጌል ንምዝርጋሕ ኣብ ዝተፈላለዩ ሃገራትን ዓለማዊ ሞያታት ዝሰርሑ።
- ኣብ ዝተፈላለዩ ክልላት ዓለም ዓስኪሮም ዘለዉ ኣመንቲ ዕጡቓት ሓይልታት፥ ንሳቶም ወንጌል ኣብ ምዝርጋሕ ኣድማዒ ሓይሊ ይኾኑ እዮም።
- ስራሕ ሃይማኖታዊ መራኽቢ ብዙሃን ከም ቀረጽቲ ወንጌል፣ ፊልምታት፣ ካሴት፥ ቴፕ፣ ክርስትያናዊ ሬድዮ፣ ተለቪዥን ዝኣመሰሉ፥
- ሕክምናውን ሰብኣውን ምትሕግጋዝን ምስ ምስፍሕፋሕ ወንጌል ዘወሃህድ ናይ ሕክምናን ረድኤትን ማሕበራዊ ተልእኾን ዕዮ፥
- ናብ ዝተፈላለያ ዞባታት ዓለም ሚስዮናውያንን ኣቕርቦትን ዘመላልሱ ውፉያት መራሕቲ ነፈርቲ ሚስዮናውያን ትካላት ስነ-በረራ፥
- ኣብ መንጎ ምዕቀቢ ስደተኛታት ዓለም ዝሰራሕ ዘሎ ስራሓት።
- ንሃገራትን ዞባታትን ዝጸልዉ ዘለዉ መንፈሳዊ ሓይልታት ጸልማት ንምእሳር። ከምዚኦም ዝኣመሰሉ ስልጣን ዘሎውም ሓይልታት ጸልማት ዘለዉ እቲ ብዘመን ዳንኤል ኣብ ልዕሊ ግዝኣት ፋርስ ስልጣን ዝነበሮ ንጉስ ፋርስ ዝፍለጥ መስፍን ጸልማት ከም ኣብነት ይጥቀስ። ዝተወሰኑ መናፍስቲ ኣብ ዝተፈላለዩ ዞባታት ይንቀሳቐሱ እዮም። በዚ ምኽያት ኸኣ እዩ ገለ ገለ ሃገራትን ዞባታትን ካብ ካልኦት ንላዕሊ ንወንጌል ማዕጾኣን ዝተዓጸወ ዝኸውን። እዞም መናፍስቲ ክሳብ ዘይተኣሰሩ እተን ሃገራት ወይ ዞባታት ንወንጌል ክቕበላ ኣይክእላን እዮም።

## ስለ ሓደ ከባቢ ዓለም ዝግበር ማልዶት፥ (10 ደቓይቕ)

ምእንቲ ሃገር ኣብ ትጽልየሉ እዋን ካርታ ዓለም ተጠቐም። ንነፍሲ ወከፍ ህዝቢ ክትጽልየሉ ዘለካ ገለ ገለ ፍሉያት ነገራት እነሆ፤

- እዋናዊ ፍጻሜታት፦ ኣብቲ ሃገር ዘሎ እዋናዊ ዜናዊ ፍጻመታት ብምዕዛብ ወይ ምስቶም ኣብኡ ዘለዉ ክርስትያን ኣሕዋት ብምርኻብ እቲ ህዝቢ ክጽለየሉ ዝደልዮ ፍሉይ ኣርእስቲ ጸሎት ክትፈልጥ ትኽእል፥
- ኣብያተ ክርስቲያናት እታ ሃገር፥
- እቶም ኣብ ዕዮ መንፈሳዊ ቀውዒ ናይዛ ሃገር ዝጽዕሩ፥ ሓደስቲ ኣብያተ ክርስቲያናት ዝተኽሉ፥ ሃገራውያን ሰራሕተኛታት፥ ናይ ስልጠና ማእከላት፥ን ሚስዮናውያን ተርጉምቲ መጽሓፍ ቅዱስን ወዘተ፥
- ኣብታ ሃገር ዝነብሩ ኩሎም ኣመንቲ፥
- ዘይተበጽሑ ዞባታት እታ ሃገርን
- ኣብዛ ሃገር ዝንቀሳቐሱ ሓይልታት ጸልማት ማለት፥ እቶም ኣንጻር ዝርግሐ ወንጌል ዝትንስኡ ወይ ጻዕርታት ወንጌላውነት ኣብታ ሃገር ዝዓጽዉ ሓይልታት ምእሳር።።

ኣብ ነፍሲ ወከፍ ሕብረተሰብ ብመሰረቱ ንኣተሓሳስባ ውልቀሰባትን ዕጫ ሃገርን ዝቖርጹ ሸውዓተ መዳያት ኣለዉ። እዚኦም ድማ ቤት ወይ ስድራቤት፣ ቤተክርስትያ፣ ትምህርቲ፣ ባህሊ፥ መዘናግዒን መራኽቢ ብዙሃንን፣ መንግስትን ንግዲን እዮም። ስለ ንነፍሲ ወከፎም ኣማልድ።

## ንፍሉይ ሚስዮናዊ ተልእኾ ወይ ልኡኽ ዝግበር ማልዶት፣ (10 ደቓይቕ)

ምስቲ ሚስዮናዊ ወይ ልኡኽ ብምርኻብ ክትጽልየሉ ዘለካ ፍሉይ ኣርእስቲ ጸሎት ክትፈልጥ ጽዓር። ናቶም መልእክቲ-ዜና ወይ ጋዜጣ ወይ ናይ ጸሎት ቡለቲን ንምርካብ ስምካ ኣብቲ ዝርዝር ኣስፍር።

## ጸሎት ስለ ሓደ ጉጅለ ዘይተበጽሐ ህዝቢ ፡ (10 ደቓይቕ)

እቶም ሓሙሽተ ዓበይቲ ዘይተበጽሑ ጉጅለታት ህዝቢ፡ ቡድሃውያን፡ ሂንዱያውያን፡ ቀቢላዊ ህዝብታት፡ ኣስላምን ቻይናውያንን እዮም።

- ኣብ መንጎ እዞም ጉጅለታት መንፈሳዊ ጽምኣት ንኽህሉ ንጸሊ፡
- ዓየይቲ ወንጌል ነዞም ጉጅለታት ወንጌል ንምብጻሕ ዕድላት ክእፈተሎም ንጸሊ።
- ንነፍሲ ወከፍ ውልቀ ጉጅለ ንምብጻሕ ቅኑዕ ስትራተጂ ክንደፍ ጸሊ።
- ድሮ ነዞም ሰባት ክበጽሑ ዝፍትኑ ዘለዉ ንጸሊ።

## ውልቃዊ ጸሎት፣ (10 ደቓይቕ)

ናይ ገዛእ ርእስኻ ውልቃዊ ኣርእስቲ ጸሎት ምስቲ ናይ ዓለም ኣርስተ-ጸሎት ክተተሓሕዝ ትኽእል ኢኻ። ብሕታዊ ድሌታትካ ምስቲ ኣምላኽ ንሃገራት መደብን ንስኻ ኣብኡ ዘሎካ እጃምን ብኸመይ ከም እተተሓሕዞ ሕሰብ። ዋላ እቲ ኣዝዩ ውልቃዊ ስክፍታታትካ ብገለ መንገዲ ምስቲ ኣምላኽ ንሃገራት ዝሓንጸጾ መደብ ክተሓሓዝ ይግባእ። ንሃገራት ዓለም ብወንጌል መንግስቲ ንምብጻሕ ዝተዋህበካ ግደ ክትፍጽመሉ እትኽእል መገድታት ኣምላኽ ድለ። ነዚ ንምግባር ብኸመይ ኢኻ ንርእስኻ ብዝበለጸ ከተዕጥቕ እትኽእል፧ ኣብዚ ሕጂ እዋን ብኸመይ ክትጅምር ትኽእል፧ ከመይ ጌርካ ኢኻ ንዕላማ ተልእኾታት ዓለም ዝያዳ ካብ ውልቃዊ ግዜኻን ፋይናንስካን ነጻ ትገብር፧ እዚ ማለት መዓስ ኣብ ጸሎት ከም ትርከብ ከተስተውዕን ንውልቃዊ ግዜኻን ፋይናንስካን መኣረምታ ክትገብረሎም ክትክእል ኩሉ ግዜ ንቑሕ ክትከውን ይግባእ።

## ግድን ክስገሩ ዘለዎም ብድሆታት

ኩሉ ብውጽኢታዊ መገዲ ዝጽሊ ሰብ ክሰግሮ ዘሎዎ ብድሆታት ወይ ጸገማት ነይሩዎ እዩ። ነዞም ብድሆታት ምስጋር ኣካል ኣማላድነት እዩ።

> *"ብጸሎት ምቅላስ ማለት ኣቶም ኣብ ጽንዓት ጸሎት ከይንቅጽል ንግዚኡ ወይ ምሉእ ብምሉእ ዝኽልክሉና ዕንቅፋታት ምቅላስ ማለት'ዩ። መዓስ ኣብ ጸሎት ከም ንደክም ከነስተብህለሉ እንኽእል ኩሉ ግዜ ናብቲ ቦታ ጸሎት ክንከይድ ከሎና ዘይንነቐሓት ምስ እንኽውን እዩ። እዚ ንኽእረም መንፈስ ጸሎት የድልየና። - ዶ/ር. ኦ ሃለስቢ*

ነፍሲ ወከፍ ዘጋጥመካ ብድሆ ብሓይሊ "መንፈስ ጸሎት " (መንፈስ ቅዱስ) ንኽትእርሞ ብድሆታትካ ናብ ኣምላኽ ኣቕርቦ። ካብቶም ብተደጋጋሚ ዘጋጥሙ ብድሆታት ገለ ገለ ኣብ ታሕቲ ተዘርዚሮም ኣለዉ፡

## ሕጽረት ግዜ፤

ወትሩ ነቲ ብሓቂ ክንገብሮ እንደሊ ግዜ ንረክብ ኢና። ስእነት ግዜ መመኽነይታ ኣይኮነን። ዝያዳ ብግዜ ትሑዝ ኣብ ዝኾንካ መጠን ዝያዳ ምምላድ የድልየካ። ንጸሎት ዝኸውን ግዜ ኣቐምጥ እሞ ኣብቲ ግዜ እቲ ዝኾነ ነገር ክኣቱ ኣይትፍቀደሉ። ኣብ ጸሎት እተሕልፎ ግዜ ኣብቲ ካልኦት ከሕልፍዎ ዝኽእሉ መሰረት ኣይትግበር ምኽንያቱ ከከም ኣርእስቲ- ነገር ናይ ጸሎትካ ይውሰን። ኣማላድነት ውጽኢታዊ ንኽኸውን ግድን ነዊሕ ክኸውን የብሉን። ጸሎት እቲ ምስ የሱስ ዝተሰቕለ ከታሪ ("መንግስትኻ ምስ እትመጽእ ዘክረኒ") ወይ ድማ እቲ ተጋዊ ብትሑትና፡ ("ዎ እግዚኣብሄር፡ ንዓይ ንሓጥእ መሓረኒ") ዝበሎን ናይቲ ፈሪሳዊ ነዊሕን ርእሱ ዝጸድቕን ጸሎት ኣመዛዝን።

## ዘዘናግዑ ነገራት፤

ኣብ እዋን ኣማላድነት ዝፍጠር ግዜ ምቁርራጽ ከተጉድል ጸዓር። ንኣብነት፡ ኣብዚ ግዜ እዚ ክትረበሽ ከም ዘይትደሊ ንመጸምድትኻ፡ ወይ ንዓርክኻ ብጽሑፍ፡ ቴለፎን እንተሃልዩካ ካልእ መልእኽቲ ክቕበለልካ ግበር ወይ ኣቋርጾ ወይ መላሲ ማሽን ተጠቐም። ሬድዮ ወይ ተለቪዥን ኣብ ዘለዎ ቦታ ንጸሎት ኣይትምረጽ። ኣብ ድሕሪት ዝቐርብ ልስሉስ ክርስትያናዊ ሙዚቃታት ነቶም ትኹረት ዝሰርቁ ድምጽታት ከም ኣብ ቀረባ ዝሰማዕ ድምጺ ትራፊክ ወይ ብደገ ዝመጽእ ዕላላት ሓደ ሓደ ግዜ ክሸፍን ይኽእል እዩ።

**ድኻም፤**

ኣብ ግዜ ጸሎት እንተደኺምካ ወይ ድቃስ እንተደአ መጺኡካ፡ ዓው ኢልካ እናጸለኻ ክትንቀሳቐስ ፈትን።

**ድሌት ምጉዳል፤**

ድሌት ኣገልግሎት ኣማላድነት ብስርዓት ክምዕብል ይግባእ። "ፈቲኻ ጸሊእካ"፡ ብስሩዕ ምግባር ብዝብል ስነ-ስርዓት እዩ ዝጅምር። ምሉእ ክርስትያናዊ ተመክሮና ኣብ እምነት እምበር ኣብ ስምዒት ዝተመስረተ ኣይኮነን። ውጽኢት ኣማላድነት ኣብ ገዛእ ህይወትካን ኣብ ሕይወት ካልኦት እተማልድሎም ዘለኻን ክትርኢ ምስ ጀመርካ ናይ ጸሎት ግዜኻ ካብ ተግሳጽ ናብ ባህታ ክቕየር እዩ።

"ምኽንያቱ መን እዩ እቲ ድሌት ዝህበካ፧ ኣምላኽ ብርግጽ። ከይተፈጸመ ምእንቲ ክጸንሕ ድዩ ዝህበካ፧ እዚ ዘይከኣል እዩ። ንሱ ንባዕሉ ክህበካ ሓሲቡ ኣብ ውሽጥኻ ናይ ሓደ ነገር ድሌት የስርጸልካ።" ፤ብቕኑዕ መንገዲ እንተሓቲትካዮ ብዘይ ጌጋ ክህበካ እዩ…ነቲ ጥርዓን ክትገብር ድማ ይሕግዘካ።" - ጂን-ኒኮላስ ግሮው

## ***መጀመርታ ናይ መወዳእታ***

ንኣማላድነት ዝምልከት መጽናዕትና ኣብ ምዝዛም በጺሕና ኣለና። ኣብ ክውንነት ግን መወዳእታ ዘይኮነስ መጀመርታ እዩ። እምበኣርሲ ንኣካል ክርስቶስ ዝቐርብ ዝሓየለ መንፈሳዊ ጸጋ ተቐቢልካ ኣለኻ፡ ማለት ኣገልግሎት ኣማላድነት። ብኣማላድነት ኣቢልካ ኣብ ኩሉ ሰፍራ ናይ ዓለም ብመንፈስ ክትጓዓዝ ትኽእል ኢኻ። ጸሎትካ ንጂኦግራፍያዊ፡ ባህላውን ፖለቲካውን ብድሆታት ሰጊሩ ኣብ ዘይተበጽሑ ሃገራት ኣትዩ ንዕሜ ውልቀሰባትን መላእ ሃገራትን ክጸሉ ይኽእል እዩ። ንስኻ ብትኽክል ህይወትን ነፍስን ሰብኡትን ኣንስትን፡ ኣወዳትን ኣዋልድን ንምድሓን ክትሕግዝ ትኽእል ኢኻ።

ብኣማላድነት ምስ ኣምላኽ ኣብ ጽኑዕ ዝምድና ተጸንቢርካ ኣለኻ። ከምዚ ኢልካ ብምፍላጥ ብ ተኣማምነት ክትጽሊ ትኽእል ኢኻ፤

> ***እግዚኣብሄር ጐይታ ሰራዊት ከምዚ ኢሉ መሓለ፡ ብሓቂ ኸምቲ ዝሐሰብክዎ ኪኸውን፡ ከምቲ ዝመደብክዎውን ኪቐውም እዩ። (ኢሳ 15፡24)***
>
> ***ኣብ ልዕሊ ኹላ ምድሪ ዝመደብክዎ ምኽሪ እዚ እዩ፡ ኣብ ልዕሊ ኹሎም ኣህዛብ እተዘርግሐት ኢድ እዚኣ እያ። እግዚኣብሄር ጐይታ ሰራዊት መዲብዎ እዩ እሞ፡ መን ከንቱ ይገብሮ ኢዱ ተዘርጊሓ ኣላ፡ መንከ ይመልሳ፧ (ኢሳ 15፡26-27)***

እግዝኣብሂር ጉይታ ሰራዊት መደብ ዘዳለዎ ኣለዎ፡ ዝኾነ ሓይሊ፡ ዓለም ትኹን ስጋ፡ ናይ ጸልማት ሓይልታት ይኹኑ ሲኦል ወይውን ባዕሉ ሰይጣን ነዚ መደብ'ዚ ክዕንቅፎ ኣይክእሉን እዮም። ሕጂ ብኣገልግሎት ኣማላድነት ኣካል ናይዚ መልኮታዊ መደብ ኮንካ ኣሎኻ። በዚ ሓያል መግለጺ ናይ ብካኖን ሊዶን መጽናዕትና ንዛዝም።

> *"ሓቂ ድዩ ኣማላድነት ምስ ልምዲ ምኽባር ጥራይ እዩ፣ ድኹምን መካኒካዊን፧ እቶም ናይ ብሓቂ ዝጸለዩ መልሲ ይሃብዎ።"*
>
> *ሓደ ሓደ ግዜ ምስ ፓትርያርክ ያእቆብ ዝግበር ጸሎት ምስ ዘይርአ ሓይሊ ብሓባር ከም ምቅላስ ገይሮም ይገልጽዎ። እዚ ድማ ኣብ ዕቱብ ህይወት ሳሕቲ ዘይኮነስ ክሳብ ምሸት ምሸት ወይ ክሳብ መዓልቲ ዕረፍቲ ክጸንሕ ይኽእል እዩ። ሓደ ሓደ ግዜ ምስ ጳውሎስ ዝግበር ናይ ሓባር ኣማላድነት ከም ዝተዋደደ ቃልሲ ገይሮም ይጠቕስዎ።*
>
> *ፓትርያርክ ያእቆብ ክጸልዩ ከለዉ፡ ኣዒንቶም ናብቲ ኣብ ጌተሴማኒ ዘሎ ዓቢ ኣማላዲ፡ ኣብቲ ካብ ብርታዔ ስቓዩ ዝተለዕለ ናብ መሬት ዘንጠብጥብ ደም የተኩሩ፡ ናይ ምስንባትን መስዋእትን ምልክት ምኺኑ'ዩ።*
>
> *ተገዳስነት (ጽንዓት) ሕመረት ዕዉት ኣማላድነት እዩ፡ እዚ ሕልሚ ዘይኮነስ ቀጻሊ ስራሕ እዩ። ብፍላይ ብኣማላድነት እዩ መንግስተ ሰማያት ን ዓመጽ ዝዕገስ እቲ ዓመጽ ድማ ብሓይሊ ይለዓል።" - ቀኖና ሊዶን።*
> *ከምዚ ዓይነት ቃለ-ማሕላ ክትገብር ድሉው ዲኻ፧*

## ርእሰ ገምጋም

1. መሪሕ ጥቕሲ ካብ ተዘክሮኻ ጽሓፍ።

2. መደብ ውልቃዊ ጸሎትካ ኣዳሉ። መዓስ ኢኻ ክትጅምር መዲብካ፣ ኣብ ነፍሲ ወከፍ መዓልቲ ንጸሎት ክንደይ ሰዓት ኢኻ እትምድብ፣ ኣበይ ቦታ ኢኻ ክትጽሊ መዲብካ፣

3. ካብቶም ኣብዚ ትምህርቲ ዝተዘርዘሩ ብድሆታት ኣየኖት እዮም ጸሎት ክትጅምርን ክትቅጽልን ክትሰግሮም እትኽእል፣

4. መምርሒ ውልቃዊ ጸሎት ኣዳሊኻ'ዶ፡________ዘየዳለኻ እንተ ኾንካ "ንተወሳኺ መጽናዕቲ" ኣብ ዝብል ክፋል ናይዚ ምዕራፍ ተወከስ።

5. ንመዓልታዊ ኣማላድነት ግዜ ክትህብ ቃል ኣቲኻ'ዶ፣ ________________________

6. ፓስተር፡ መምህር ወይ ካልእ መራሒ ጉጅለ እንተ ኼንካ፡ ንጉባኤኻ፡ ተማሃሮኻ ወይ ኣባላት ጉጅለኻ ኣብ ሓባራዊ ጸሎት ንምስታፍ ናይ ጸሎት መደብ ኣዳሉ።

መልሲ ፈተናታት ኣብ መደምደምታ ናይ መወዳእታ ምዕራፍ ናይዚ መምርሒ ተዋሂቡ ኣሎ) ።

## ንተወሳኺ መጽናዕቲ

ናይ ገዛእ ርእሰ'ኻ ውልቃዊ ናይ ጸሎት መምርሒ ንምድላው ዘሕግዙ'ኻ መምርሒታት ኣብ ታሕቲ ቀሪቦም ኣለዉ።

**ቀዳማይ ክፋል፡ መዘኻከሪ መጽናዕቲ**

ኣብዚ ክፍሊ እዚ ብዛዕባ ኣማላድነትን ጾምን ዝምልከት ምእንቲ ብተደጋጋሚ ክትምርምሩ ትኽእሉ፡ ናይ ውልቂ መጽናዕቲ መዘኻኸሪታትኩም ኣእትዉ.

**ካልኣይ ክፋል፡ ከተማ፡ ከባቢ ዞባታት፡ ሃገር**

ኣብ ልዕሊኦም ክትጽሊ እትኽእለሉ ካርታታት ከተማኻን ዞባ ከባቢኻን ሃገርካን ኣዳሉ። ዝርዝር ኣስማት ናይ ፖለቲካውያን ስበ-ስልጣንን ሃይማኖታውያን መራሕትን ረኺብካ ብስሞም ጸልየሎም። ዘኣኩብካዮ ሓበሬታ ናይ ከተማኻ፡ ዞባታት ከባቢኻን ወይ ሃገርካ ኣብ "መንፈሳዊ ካርታ" ኣእቱ።

**ሳልሳይ ክፋል፡ ውልቃዊ ኣማላድነት**

**ውልቃዊ ድሌታት፦** ንስድራቤትካን ፈተውተኻን ካልኦትን ብሕታዊ ናይ ጸሎት ድሌታት ዘርዝር እሞ ነዚኣቶም መዓልታዊ ኣማልድ። ኣብ ኣገልግሎት ኣማላድነት ንርእሰ'ኻ ንምትብባዕ ዝተመለሰ ጸሎት መዝግብ።

**ቤተ ክርስቲያንኩም፦** ንቤተ ክርስቲያንኩም ዝኸውን ናይ ውደባ ሰንጠረዥ ወይ ዝርዝር ኣስማት መራሕቲ ኣውጺእኩም መዓልታዊ ጸልዩሎም። ንነፍሲ ወከፍ ኣባል ቤተ ክርስቲያንኩም ብስሞም ጸልዮሎም።

**ኣገልግሎትካ፦** ብዛዕባ ናይ ገዛእ ርእሰ'ኻ ውልቃዊ ኣገልግሎት ኣማልድ። መምህር ናይ መጽሓፍ ቅዱስ እንተ ኾንካ፡ ምእንቲ ተመሃሮ'ኻ ጸሊ። ፓስተር እንተ ኾንካ ንነፍሲ ወከፍ ኣባል ጉባኤ'ኻ ብብስሙ እናጠቐስካ ጸልየሎም። ወላዲ እንተ ኾንካ ምእንቲ ደቅ'ኻ (ኣካል ኣገልግሎትካ ስለ ዚኾኑ) ጸልየሎም። ሚስዮናዊ ወይ ወንጌላዊ እንተ ኾንካ፡ ንወንጌል፡ ንዝተለወጡ፡ ንደቀ መዛሙርቲ'ኻን ንመሳርሕትኻን ክፉት ማዕጾታት ንኽህልወካ ጸሊ።

**ራብዓይ ክፋል፡ ኣህጉራዊ ኣማላድነት**

ኣብዚ ክፍሊ እዚ ናይቲ ኣብዚ ምዕራፍ ዝተዋህበ መምርሒታት ኣህጉራዊ ኣማላድነት ቅዳሕ ኣዳሉ። ነዞም መምርሒታት እተፈላለዩ ኣህገርዊ ካርታትት ክትውስኽ ትኽእል ኢኻ።

## <u>መመላእታ ጽሑፋት</u>

### <u>ጥብቅ ሓደ፡ መወከሲ ጸሎት ኣብ መጽሓፍ ቅዱስ</u>

የሱስ እቲ ዝዓበየ ሞዴል ናይ ኣማላድነት ጸሎት ምኻኑ ኣብዚ ኮርስ ተማሂርካ ኣሎኻ። ኣብ መጽሓፍ ቅዱስ ካልኦት ብዙሓት ኣብነታት ውጽኢታውያን ኣማላድነት ኣለዉ። እዚ ዝስዕብ ዝርዝር ንኸሉ እቲ ኣብ መጽሓፍ ቅዱስ ዚርከብ ጸሎት ዚምልከት መወከሲታት ዝሓዘ እዩ። ኣብዚ መመላእታ ዝተዋህበ መምርሒ መጽናዕቲ ተጠቒምካ ነዞም ጸሎታት እዚኣቶምን ህይወት እቶም ዝጸለዩን ብምጽናዕ ብዛዕባ ኣማላድነት ዘለካ ፍልጠት ኣማዕባል።

# ጸሎት ኣብ ብሉይ ኪዳን

<u>**ዘፍጥረት፤**</u>

| | |
|---|---|
| ***ታሪኽ ኣጀማምራ ጸሎት፡*** | 4፡26 |
| ***ጸሎትን መንፈሳዊ ዕብየት፡*** | 5፡21-24 |
| ***ጸሎትን መሰውእን፡*** | 12-13 |
| ***ጸሎት ስለ ወራሲ፡*** | 15 |
| ***ጸሎት፡ ናይ ምህለላ ቋንቋ፡*** | 16 |
| ***ጸሎትን ምግላጽን፡*** | 17 |
| ***ጸሎት ስለ ሓንቲ እክይቲ ከተማ፡*** | 8-19 |
| ***ጸሎት ድሕሪ ምድሓን፡*** | 20 |
| ***ጸሎት ተኣዛዝነት፡*** | 22 |
| ***ጸሎት ስለ መርዓት፡*** | 24 |
| ***ጸሎት ምእንቲ መኻን ሰበይቲ፡*** | 25፡19-23 |
| ***ጸሎት ስለ ነገራት ይቕያር፡*** | 26 |
| ***ጸሎት ከም መብጽዓ፡*** | 28 |
| ***ጸሎት ስለ ዝተበደለ ሓው፡*** | 32 |
| ***ጸሎት፡ እቲ ሕቡእ ሓዊ፡*** | 39-41፤ 45፡5-8፤ 50፡20,24 |
| ***ጸሎት ንበረኸት ኣብ ልዕሊ ነገዳት፡*** | 48-49 |

<u>**ዘጸኣት፤**</u>

| | |
|---|---|
| ***ብቀዝማ ዝግለጽ ጸሎት፡*** | 1-2 |
| ***ጸሎት ከም ዝርርብ፡*** | 3-4 |
| ***ጸሎት ከም መረረ (ስቓይ)፡*** | 5-7 |
| ***ጸሎት ምስ ማሕበር ኩሉ ዝኽእል፡*** | 8-10 |
| ***ጸሎት ከም ውዳሴ፡*** | 15 |
| ***ኣብ ፈተና ዝግበር ጸሎት፡*** | 17 |
| ***ጸሎት ስለ ጽጉማት፡*** | 22፡22-24 |
| ***ጸሎት ስለ ዝዶንገየ ግቡእ ፍርዲ ፡*** | 32 |
| ***ቀዳማይ ጸሎት ሙሴ ስለ እስራኤል፡*** | 32፡9-14 |
| ***ካልኣይ ጸሎት ሙሴ፡*** | 32፡30-34 |
| ***ሳልሳይ ጸሎት ሙሴ፡*** | 33፡12-23 |
| ***ጸሎትን ምልዋጥን፡*** | 34 |

<u>ዘሁልቍ፤</u>

| | |
|---|---|
| **ጸሎት ከም ምርቓ፡** | 6፡24-27 |
| **ጸሎት ንሓለዋን ምክልኻልን፡** | 10፡35-36 |
| **ጸሎት ንምውጋድ ፍርዲ፡** | 11፡1-2 |
| **ጸሎት ንተሰፋ ዝቐረጸ ልቢ፡** | 11፡10-35 |
| **ጸሎት ንትሑት ሰብ፡** | 12 |
| **ጸሎት ንምዕቃብ መንለኮታዊ ክብሪ፡** | 14 |
| **ጸሎት ንመለኮታዊ ተግባር ኣንጻር ዕልወት፡** | 16 |
| **ጸሎት ካብ ሞት ንምንጋፍ፡** | 21 |
| **ጸሎትን ትንቢትን፡** | 3-24 |
| **ጸሎት ንሓድሽ መራሒ፡** | 27 |

<u>ዘዳግም፤</u>

| | |
|---|---|
| **ጸሎት ንሓደ ፍሉይ ዕማም፡** | 3፡23-29 |
| **ጸሎት ንሓደ ዝቐረበ ነገር፡** | 4፡7 |
| **ጸሎት ንደው ዝበለ ፍርዲ፡** | 9፡20,26-29 |
| **ጸሎት ከም በረኸት፡** | 21፡6-9 |
| **ጸሎት ከም ምስጋና፡** | 26 |
| **ጸሎት ከም መዝሙር፡** | 32-33 |

<u>እያሱ፤</u>

| | |
|---|---|
| **ጸሎት ከም ብድሆ፡** | 5፡13-15 |
| **ጸሎት ኣምላኽ ኣይምልሰን እዩ፡** | 7 |
| **ብዘስካሕክሕ ውጽኢት ሽለል ዝተባህለት ጸሎት ፡** | 9፡14 |
| **ተኣምር ዝፈጥር ጸሎት፡** | 10 |

<u>መሳፍንቲ፤</u>

| | |
|---|---|
| **ጸሎት ንምራሒት፡** | 1 |
| **ጸሎት ኣብ ግዜ ውግእ፡** | 4-5 |
| **ጸሎት ንትእምርትታት፡** | 6 |
| **ጸሎት ኣብ ግዜ** | 10፡10-16 |
| **ጸሎት ከም ዋጋ ዕዳጋ፡** | 11፡30-40 |

| | |
|---|---|
| ጸሎት ንዘይተወልደ ቆልዓ፡ | 13 |
| ኣብ ቅድሚ ሞት ዝግበር ጸሎት፡ | 16፡28-31 |
| ብቐጥታ ዝምለስ ጸሎት፡ | 20፡23-28 |
| ንዝጠፍአ ነገድ ዝግበር ጸሎት፡ | 21፡2-3 |

Iይ ሳሙኤል፤

| | |
|---|---|
| ድምጺ ዘይብሉ ጸሎት፡ | 1 |
| ጸሎት፡ ብትንቢታዊ ኣጠማምታ ፡ | 2፡1-10 |
| ኣብ መቕደስ ዝግበር ጸሎት፡ | 3 |
| ጸሎት ንሃገራዊ ሽግር፡ | 7 |
| ጸሎት ንጉስ፡ | 8 |
| ጸሎት ንምንጻህ፡ | 12 |
| ጸሎት ናይ ዝተጨነቐ ንጉስ፡ | 14 |
| ጸሎት ናይ ዝሓዘነ ልቢ፡ | 15፡11 |
| ጸሎት ከም ህጹእ ንእሸቶ ድምጺ፡ | 16፡1-12 |
| ጸሎት ከም ምስጢር ትብዓት፡ | 17 |
| ጸሎት ከም ምሕታት፡ | 23 |
| ጸሎት ንጸማማት ኣእዛን፡ | 28፡7 |
| ጸሎት ብውግእ ንዝዓነወ ንመሕዳስ፡ | 30 |

2ይ ሳሙኤል፤

| | |
|---|---|
| ጸሎት ብዛዕባ ርስቲ፡ | 2፡1 |
| ጸሎት ንትእምርትታት ዓወት፡ | 5፡19-25 |
| ጸሎት ንበረኸት ኣብ ልዕሊ ቤትን መንግስትን | 7፡18-29 |
| ጸሎት ንሓደ ዝሓመመ ህጻን | 12 |
| ጸሎት ከም ጥበራ፡ | 5፡7-9 |
| ጸሎት ካብ መከራ ንምንጋፍ | 21፡1-12 |
| ጸሎት ከም መዝሙር፡ | 22 |
| ጸሎት ከም ካብ ትዕቢት ምንዛዜ | 24፡10-17 |

Iይ ነገስታት፤

| | |
|---|---|
| ጸሎት ንጥበበኛ ልቢ፡ | 3 |
| ጸሎት ንተወፋይነት | 8፡12-61 |

| | |
|---|---|
| ጸሎት ንዝነቐጸት ኢድ | 13፥6 |
| ጸሎት ንዝተዓጽወ ሰማያት | 17 |
| ጸሎት ትንሳኤ ንዝሞተ ወዲ | 17፥20-24 |
| ጸሎት ንመለኮታዊ ክብሪ | 18፥16-41 |
| ጸሎትን ጽንዓትን፥ | 18፥45 |
| ጸሎት ንሞት | 19 |

2ይ ነገስት፤

| | |
|---|---|
| ጸሎት ንዝሞተ ህጻን | 4፥32-37 |
| ጸሎት ንምግላጽ፥ | 6፥13-17 |
| ጸሎት ካብ ተጻረርቲ ንምድሓን | 19 |
| ጸሎት ንነዊሕ ህይወት | 20፥1-11 |

1ይ ዜና መዋእል፤

| | |
|---|---|
| ጸሎት ንመንፈሳዊ ብልጽግና | 4፥9-10 |
| ጸሎት ከም እምንቶ | 5፥20 |
| ናይ ፍርሂ ጸሎት | 13፥12 |
| ጸሎት ኪዳን ንምምስራት | 17፥16-27 |
| ብሓዊ ዝተመለሰ ጸሎት | 21 |
| ጸሎት ንሓለዋ | 23፥30 |
| ጸሎትን ምሃብን | 29፥10-19 |

2ይ ዜና መዋእል፤

| | |
|---|---|
| ጸሎት ኣብ ሃገራዊ ሓደጋ | 14፥11 |
| ጸሎትን ተሃድሶን | 15 |
| ጸሎትን ታሪኽ ጻውዒትን | 20፥3-13 |
| ጸሎት ጣዕ | 33፥13 |

እዝራ፤

| | |
|---|---|
| ጸሎት ምስጋና | 7፥27-28 |
| ጸሎትን ጾምን | 8፥21-23 |
| ጸሎትን ኑዛዜን | 9፥5-10፥4 |

<u>ነህምያ፤</u>

| | |
|---|---|
| **ጸሎት ካብ ጭንቀት ዝተወልደ** | 1፥4-11 |
| **ኣብ ጽንኩር ኣዋጣሪ ኩነት ዝግበር ጸሎት፡** | 2፥4 |
| **ካብ ጸርፊ ንምድሓን ዝግበር ጸሎት** | 4፥1-6 |
| **ጸሎት ዓወት ኣብ ልዕሊ ቁጥዐ** | 4፥7-9 |
| **ጸሎትን ናብ ዋንኡ ምምላስን** | 5 |
| **ጸሎት ኣንጻር ስነ-ጥበብ** | 6:9-14 |
| **ጸሎትን ቃል ኣምላኽን** | 8:1-13 |
| **ጸሎትን ሕያውነት ኣምላኽን** | 9 |
| **ጸሎት ንተዘክሮ** | 13፥14,22,29,31 |

<u>እዮብ</u>:

| | |
|---|---|
| **ጸሎት ዝወረደካ ምቕባል** | 20-22 |
| **ጸሎት ድንጋጸ፡** | 6፥8-9፤ 7፥17-21 |
| **ጸሎት ንጽድቂ፡** | 9 |
| **ጸሎት፡ እዮብ ኣንጻር ዘይፍትሓውነት** | 10 |
| **ጸሎት ንምስትውዓል ስነ-ምግባራዊ ጉድለት፡** | 14፥13-22 |
| **ጸሎትን ጥቕሙን** | 21፥14-34 |
| **ጸሎትን ምኽንያትን** | 23 |
| **ብታህዋኽ ዝተመለሰ ጸሎት፡** | 38 |
| **ጸሎት ከም ኑዛዜ፡** | 40፥3-5፤ 42፥1-6 |
| **ጸሎት ከም ኣማላድነት** | 42፥7-10 |

<u>መዝሙር ዳዊት፤</u>

| | |
|---|---|
| **ካብ ዕልወ ዝተወልደ ጸሎት** | 3 |
| **ጸሎት ቅድስና፡** | 4 |
| **ጸሎት ከም ሓለዋ ንግሆ፡** | 5 |
| **ጸሎት ንመለኮታዊ ተግባራት** | 7 |
| **ጸሎት ምስጋና ንመለኮታዊ ተግባር** | 8 |
| **ጸሎት ንሓለዋ ኣብዚን ኣፍትን** | 16 |
| **ጸሎት ናይ መስቀል፡** | 22 |
| **ጸሎት ንሓልዮት ጓሳ** | 23 |

| | |
|---|---|
| **ጸሎት ምግላጽ መለኮታዊ ክብሪ** | 24 |
| **ጸሎት ናብ ኣምላኽ ንምዕራግ** | 27 |
| **ጸሎት ኣማኒ ልቢ፡** | 25 |
| **ጸሎት ከም መቃልዒ ክርስቶስ፡** | 31 |
| **ጸሎት ናይ ሓንቲ ዝኃየት ነብሲ** | 32 |
| **ካብ ጸላእቲ ንምክልኻል ዝግበር ጸሎት** | 35 |
| **ጸሎት ንምውዳስ ፍቕራዊ ሕያውነት፡** | 36 |
| **ጸሎት ንክርስትያን** | 39፡ 90፡ 91 |
| **ጸሎትን ፍጻሚኡን፡** | 40 |
| **ኣብ ዓሚቝ ጭንቀት ዝግበር ጸሎት፡** | 41 |
| **ጸሎት ከም ኣፍደገ ተስፋ** | 42-43 |
| **ጸሎት ንመለኮታዊ ሓገዝ፡** | 46 |
| **ጸሎት ንመዕቀቢ** | 44 |
| **ጸሎት ስቡር ልቢ** | 51 |
| **ጸሎት ኩሉ ግዜ** | 55 |
| **ጸሎት ንጭንቀት** | 57 |
| **ጸሎት ምእማን** | 71 |
| **ንባዕሉ ንኣምላኽ ዝግበር ጸሎት** | 73 |
| **ጸሎት ከም ውዳሴ ንዕብየት ኣምላኽ፡** | 96 |
| **ጸሎት ካብ ፈተና ንምህዳም፡** | 102-103, 105 |
| **ጸሎት ንተዘክሮ** | 106 |
| **ጸሎት ነቶም ኣብ ባሕሪ ኣብ ሓደጋ ዝርከቡ ሰባት** | 107 |
| **ጸሎትን ምቅርራብን ምስ ቅዱሳት መጻሕፍቲ፡** | 19, 119 |
| **ጸሎት ንምምርማር ልቢ** | 139 |


**<u>ምሳሌ፤</u> መጽሓፍ ኣብ ጸሎት ከም መስመር ጥበብ ዘተኮረ እዩ**

**<u>መክብብ፤</u> መጽሓፍ ብዛዕባ ጸሎትን እምነት-ጽሕፋትቶን ይዛረብ።**

**<u>መሃልየ፤</u> ናይ ጸሎት ምስጢራት።**

<u>ኢሳይያስ፤</u>

| | |
|---|---|
| **ኣምላኽ ዘይሰምዖ ጸሎት** | 1፡15፤ 16፡12 |
| **ጸሎትን ምንጻህን** | 6 |
| **ጸሎት ንትእምርቲ** | 7፡11 |
| **ጸሎት ንመንፈሳዊ ደስታ (ሃሴት)** | 12 |
| **ጸሎት ምስጋና ንዓወታት** | 25 |
| **ጸሎት ንሰላም** | 26 |
| **ጸሎትን ተኣማንነትን፡** | 41 |
| **ጸሎትን ልምምድን፡** | 55 |
| **ብብዙሓት ዘይተፈልጠ (ዘይፍሉጥ) ጸሎት** | 59 |
| **መለኮታዊ ሓይሊ ንምርኣይ ዝግበር ጸሎት** | 63-64 |

<u>ኤርምያስ፤</u>

| | |
|---|---|
| **ጸሎት ከም ኑዛዜ ዓቕሚ ምስኣን** | 1 |
| **ጸሎት ካብ ሓዘን ንምድሓን** | 2-3 |
| **ጸሎት ከም መረረ** | 4፡10-31 |
| **ጸሎት ልቕሶ ኣብ ልዕሊ ዕልወት** | 5 |
| **ጸሎት ካብ ማእሰርቲ** | 6 |
| **ዘይቕቡል ጸሎት፡** | 7፡16 |
| **ጸሎት ንፍትሒ** | 10፡23-25 |
| **ኣደንጻዊ ወይ ዘደናግር ጸሎት** | 12፡1-4 |
| **ካብ ሓጢኣትን ድርቅን ዕረፍቲ ንምርካብ ዝግበር ጸሎት** | 14፡7-22 |
| **ጸሎት ንመለኮታዊ ሕነ** | 15፡15-21 |
| **ጸሎት ምእንቲ ድብልቕልቕ ጻላእቲ** | 16፡19-21፤ 17 ፡ 13-18 |
| **ጸሎት ንግልባጥ ኽፉእ ምኽሪ፡** | 18፡18-23 |
| **ጸሎት ተሰፋ ዝቐረጸ ልቢ** | 20፡7-13 |
| **ጸሎት ንምስጋና መለኮታዊ ሕያውነት** | 32፡16-25 |
| **ጸሎት ንዝተረፉ ኣመንቲ (ህዝቢ ኣምላኽ** | 42 |

<u>ድጉዓ ኤርምያስ፤</u>

| | |
|---|---|
| **ጸሎት ከም ስቓይ፡** | 1፡20-22 |
| **ጸሎት ንድንጋጹ፡** | 2፡19-22 |

| | |
|---|---|
| **ጸሎት ከም መረረ** | 3 |
| **ጸሎት ንዝተወጽዑ (ንውጹዓት)** | 5 |

**<u>ህዝቅኤል፤</u>**

| | |
|---|---|
| **ጸሎት ከም ምምጽራይ** | 4፡14 |
| **ጸሎት ንምዕቃብ ተረፍ መረፍ፡** | 9፡8-11 |
| **ጸሎት ቤተ-መቅደስ** | 11፡13-16 |

**<u>ዳንኤል፤</u>**

| | |
|---|---|
| **ጸሎት ሕልሚ ንምትጓም** | 2፡17-18 |
| **ጸሎት ንምሕንጋድ (ኣብያ) ኣዋጅ ዝግበር** | 6፡10-15 |
| **ጸሎት ንኑዛዜ** | 9 |
| **ጸሎትን መንፈሳዊ ውጽኢቱን** | 10 |
| **ጸሎት ብዛዕባ ቅጽበታዊነት ህይወት፡** | 12፡8-13 |

**<u>ሆሴእ፤</u> እግዚኣብሄር ነታ ዝዓለወት ሃገር ብጸሎት ክትንሳሕይጽውዕ።**

**<u>ዮኤል፤</u>**

| | |
|---|---|
| **ጸሎት ኣብ ህጹጽ እዋን** | 1፡19-20 |
| **ጸሎትን ብኽያትን** | 2፡17 |

**<u>ኣሞጽ፤</u>**

| | |
|---|---|
| **ጸሎት ዕረፍቲን ይቕረታን** | 7፡1-9 |

**<u>ዮናስ፤</u>**

| | |
|---|---|
| **ጸሎት ኣረማውያን ባሕረኛታት** | 1፡14-16 |
| **ጸሎት ኣብ ከብዲ ዓሳ (ኣብ ሲኦል)** | 2 |
| **ጸሎት ናይ ሓንቲ ዝተነስሐት ከተማ** | 3 |
| **ጸሎት ናይ ሓደ ዘይተሓጉሰ ነብዩ** | 4 |

**<u>ሚክያስ፡</u> ጸሎት ቃል ጎይታ ንክፍጽሞ ምጽባይ እዩ።**

<u>**ኣንባቆም፤**</u>

| | |
|---|---|
| **ጸሎት መረረን ምጽዳቕን** | 1፡1-4,12-17 |
| **ናይ እምነት ጸሎት** | 3 |

<u>**ሚልክያስ፤**</u>

| | |
|---|---|
| **ጸሎት - ምምጽራይ ሓደ** | 1:2 |
| **ጸሎት - ምምጽራይ ክልተ፡** | 1:6 |
| **ጸሎት - ምምጽራይ ሰለስተ** | 1:7,13 |
| **ጸሎት * ምምጽራይ ኣርባዕተ** | 2:17 |
| **ጸሎት - ምምጽራይ ሓሙሽተ** | 3:17 |
| **ጸሎት - ምምጽራይ ሽዱሽተ፡** | 3:8 |

# ጸሎት ኣብ ሓድሽ ኪዳን

<u>**ማቴዎስ፤**</u>

| | |
|---|---|
| **ጸሎትን ኣድላይነት ይቕረታን** | 5፡22-26፤ 6፡12,14-15 |
| **ጸሎትን ግብዝነትን** | 6፡5-7 |
| **ጸሎት ከምቲ ክርስቶስ ዝመሃሮ፡** | 6፡8-13 |
| **ጸሎት ከምቲ ክርስቶስ ዝገለጾ** | 7፡7-11 |
| **ጸሎት ሓደ ለምጻም ሰብኣይ** | 8፡1-4 |
| **ጸሎት ሓለቓ ሚእቲ፡** | 8፡5-13 |
| **ጸሎት ኣብ እዋን መከራ** | 8፡23-27 |
| **ጸሎት ሰለ ኣእምሮኦም ዝዘንበሉ (ዕቡዳት)** | 8፡28-34 |
| **ጸሎት ያኢሮስ** | 9፡18-19 |
| **ጸሎት እታ ደም ዝፈሳ ዝነበረት ሰበይቲ** | 9፡20-22 |
| **ጸሎት ክልተ ዕዉራት፡** | 9፡27-31 |
| **ጸሎት ንዓየይቲ** | 9፡37-39 |
| **ክርስቶስ ንኣምላኽ ዘቕረቦ ጸሎት ምስጋና** | 11፡25-27 |
| **ጸሎት ኣብ ከረን** | 14፡23 |
| **ጸሎት ጴጥሮስ ኣብ ጭንቀት፡** | 14፡28-30 |
| **ጸሎት ናይ ከንኣናዊት ሰበይቲ** | 15፡21-28 |

| | |
|---|---|
| **ጸሎት ንሓደ ኣእምርኡ ዝተዘናበለ ወዲ (ጋኒን ዝሓዞ)** | 17፥14-21 |
| **ጸሎት ን ሕብረት** | 18፥19-20 |
| **ጸሎት ብምሳሌ፥** | 18፥23-25 |
| **ጸሎት ንሓደ ፍሉይ ቦታ** | 20፥20-28 |
| **ጸሎት ንምፍዋስ ዕውርነት** | 20፥29-34 |
| **ናይ እምነት ጸሎት** | 21፥18-22 |
| **ንምምሳል (ምትላል) ዝግበር ጸሎት** | 23፥14,25 |
| **ጸሎት ንተሓታትነት፥** | 25፥20,22,24 |
| **ጸሎት ናይ ሓደ ካብ ስልጣኑ ብፍቃዱ ዝወረደ** | 26፥26,36-46 |
| **ጸሎት ኣብ ቀራንዮ** | 27፥46,50 |

<u>ማርቆስ፤</u>

| | |
|---|---|
| **ጸሎት ርኹስ መንፈስ** | 1፥23-28,32-34 |
| **ጸሎት - ልምድታት ክርስቶስ** | 1፥35፤ 6፥41,46 |
| **ጸሎት ምእንቲ ጸማማትን ዓባሳትን** | 7፥31-37 |
| **ጸሎትን ጾምን** | 2፥18፤ 9፥29 |
| **ጸሎት ናይቲ ሃብታም መንእሰይ** | 10፥17-22 |

<u>ሉቃስ፤</u>

| | |
|---|---|
| **ጸሎት ዘካርያስ፥** | 1፥8,13,67-80 |
| **ጸሎት ከም ኣምልኾ** | 1፥46-55 |
| **ጸሎት ከም ምስጋና፥** | 2፥10-20,25-38 |
| **ጸሎት ኣብ ኣፍደገ ኣገልግሎት፥** | 3፥21-22 |
| **ጸሎት ካብ ተፈላጥነት ንምህዳም** | 5፥16 |
| **ጸሎትን እቶም ዓሰርተው ክልተን፥** | 6፥12-13፥20,28 |
| **ጸሎትን ምልዋጥን** | 9፥28-29 |
| **ጸሎት ብመልክዕ ምሳሌ፥** | 11፥5-13 |
| **ጸሎት እቲ ጥፉእ (ኣባኻኒ) ወዲ** | 15፥11-24,29-30 |
| **ጸሎት ካብ ሲኦል፥** | 16፥22-31 |
| **ጸሎት ዓሰርተ ለምጻማት** | 17፥12-19 |
| **ጸሎት ብመልክዕ ምሳሌ** | 18፥1-8 |
| **ጸሎት ፈሪሳውን ተጋውን** | 18፥9-14 |

| | |
|---|---|
| **ጸሎት ንጴጥሮስ ንምሕላው** | 22፡31-31 |
| **ጸሎት ስቓይ** | 22፡39-46 |
| **ጸሎትን ዝተንስአ ጐይታን** | 24፡30,50-53 |

**<u>ዮሃንስ፤</u>**

| | |
|---|---|
| **ብመንፈስ ዝግበር ጸሎት** | 4፡9,15,19,28፤ 7፡37-39፤ 14፡16 |
| **ጸሎት ናይ ሓደ ክቡር ሰብ** | 4፡46-54 |
| **ጸሎት ንእንጌራ ህይወት** | 6፡34 |
| **ጸሎት ንምርግጋጽ** | 11፡40-42 |
| **ጸሎት ብክልተ መዳይ፡** | 12፡27-28 |
| **ጸሎት ከም ፍሉይ መሰል** | 14:13-15፤ 15 ፡ 16፤ 16፡23-26 |
| **ጸሎት ንኩሉ** | 17 |

**<u>ግብሪ ሃዋርያት፤</u>**

| | |
|---|---|
| **ኣብ ላዕለዋይ ክፍሊ ተገብረ ጸሎት** | 1፡13-14 |
| **ጸሎት ንተካኢ ስፍራ ይሁዳ** | 1፡15-26 |
| **ጸሎትን ኣምልኾን** | 2፡42-47 |
| **ጸሎት ከም ስርዓት** | 3፡1 |
| **ጸሎት ንተብዓት ምስክርነት** | 4፡23-31 |
| **ጸሎትን ኣገልግሎት ቃልን** | 6፡4-7 |
| **ጸሎት ናይቲ ቀዳማይ ሰማእት** | 7፡55-60 |
| **ጸሎት ርሕሩሕ ሳምራዊን ሓደ ጠንቓሊን** | 8፡9-25 |
| **ጸሎት ናይ ሓደ ዝተለወጠ ሰብ፡** | 9፡5-6,11 |
| **ጸሎት ንዶርቃስ** | 9፡36-43 |
| **ጸሎት ቆርኔሌዎስ፡** | 10፡2-4,9,31 |
| **ጸሎት ንኣብ ቤት ማእሰርቲዝነበረ ጴጥሮስ** | 12፡ 5,12-17 |
| **ጸሎት ክህንነት** | 13፡2-3,43 |
| **ጸሎትን ጾምን፡** | 13፡2-3፤ 14፡ 15,23, 26 |
| **ጸሎት ኣብ ገምገም ፈለግ** | 16፡13, 16 |
| **ጸሎት ኣብ ትሕቲ ምድሪ ማሕብስ** | 16፡25,34 |
| **ጸሎት ንተወፋይነት** | 20፡36 |
| **ጸሎት ኣብ ዝተሰብረት መርከብ** | 27፡33,35 |

| | |
|---|---|
| **ጸሎት ንዓሶ ዝሓመሙ** | 28፥8,15,28 |

<u>**ሮሜ፤**</u>

| | |
|---|---|
| **ጸሎት ን ተሰፋ ዘለዎ ጉዕዞ፡** | 1፥8-15 |
| **ብመንፈስ ዝተደፋፍአ ጸሎት** | 8፥15,23,26-27 |
| **ጸሎት ምእንቲ እስራኤል** | 10፥1፤ 11 ፡ 26 |
| **ጸሎት ከም ቀጻሊ ኣገልግሎት** | 12፥12 |
| **ጸሎት ንሓደ ሓሳብ፡** | 15፥5-6,30-33 |
| **ጸሎት ንሰይጣን ንምንብርካኽ፡** | 16፥20,24-27 |

<u>**2ይ ቆሮንጦስ፤**</u>

| | |
|---|---|
| **ጸሎት ከም ምርቓ** | 1፥2-4 |
| **ጸሎት ንምእላይ እሾኽ** | 12፥7-10 |

<u>**ኤፌሶን፤**</u>

| | |
|---|---|
| **ጸሎትን ቦታ ኣማኒን** | 1፥1-11 |
| **ጸሎት ንኣረዳድኣን ሓይልን** | 1፥15-20 |
| **ጸሎት ከም መብጽሒ ናብ ኣምላኽ፡** | 2፥18፤ 3፥12 |
| **ጸሎት ንውሽጣዊ ምልኣት** | 3፥13-21 |
| **ጸሎትን ልባዊ ዜማን** | 5፥19-20 |
| **ጸሎት ከም ዕቑር ሰራዊት ናይ ተዋጋኢ** | 6፥18-19 |

<u>**ፊልጲ፤**</u>

| | |
|---|---|
| **ጸሎት ከም ልመና ሓጉስ** | 1፥2-7 |
| **ጸሎትን ሰላም ኣእምሮን** | 4፥6-7,19-23 |

<u>**ቆሎሴ፤**</u>

| | |
|---|---|
| **ጸሎት ከም ውዳሴ ንተኣማንነት** | 1፥1-8 |
| **ጸሎት ንሽውዓተ ዕጽፊ በረኸት** | 1፥9-14 |
| **ናይ ሕብረት ጸሎት** | 4፥2-4,12,17 |

<u>**Iይ ተሰሎንቄ፤**</u>

| | |
|---|---|
| **ጸሎት ተዘክሮ ፡** | 1፡1-3 |
| **ጸሎት ዳግም ንምብጻሕ** | 3፡9-13 |
| **ጸሎት፡ ምስጋናን ፍጽምናን** | 5፡17-18፡23-24,28 |

<u>2ይ ተሰሎንቄ፤</u>

| | |
|---|---|
| **ጸሎት ንብቕዓት ጻዊዒት** | 1፡3,11-12 |
| **ጸሎት ምጽንናዕን ምርግጋእን** | 2፡13,16-17 |
| **ጸሎት ንቃልን ሓለዋን** | 3፡1-5 |

<u>2ይ ጢሞቴዎስ፤</u>

| | |
|---|---|
| **ጸሎት ንኣገልግሎት ጢሞቴዎስ፡** | 1፡2-7 |
| **ጸሎት ንቤት ኦነሲፎሮስ** | 1፡6-18 |
| **ጸሎት ንሓሰውቲ ኣዕሩኽ** | 4፡14-18 |

<u>እብራውያን፤</u>

| | |
|---|---|
| **ጸሎት ከም ውዳሴ ንተፈጥሮ** | 1፡10-12 |
| **ጸሎት ንምሕረትን ሞገስን** | 4፡16 |
| **ጸሎትን ንኣገልግሎት ክርስቶስ** | 5፡7-8፤ 7፡24-25 |
| **ጸሎት ፍቓድ ኣምላኽ ኽፍጸም** | 12፡9,12,15 |
| **ንፍጽምና ዝግበር ጸሎት፡** | 13፡20-21 |

<u>ያእቆብ፤</u>

| | |
|---|---|
| **ጸሎት ንጥበብ** | 1፡5-8,17 |
| **ዕላማ ዝሰሓተ ጸሎት** | 4፡2-3 |
| **እታ ትሰዕር ጸሎት** | 5፡13-18 |

<u>Iይ ጴጥሮስ፤</u>

| | |
|---|---|
| **ጸሎት ምስጋና ንርስቲ** | 1፡3-4 |
| **ጸሎት ኣብ ስርዓት ሓዳር** | 3፡7-12 |
| **ጸሎት-ንቕሓት** | 4፡7 |
| **ጸሎት ንክርስትያናዊ ምርግጋእ** | 5፡10-11 |

<u>**2ይ ጴጥሮስ፤**</u>

| | |
|---|---|
| **ጸሎት ንምብዛሕ ጸጋን ሰላምን** | 1፡2 |

<u>**3ይ ዮሃንስ፡**</u>

| | |
|---|---|
| **ጸሎት እቲ ድሕረ ባይታ ዝና** | 1-4,12 |

<u>**ይሁዳ፡**</u>

| | |
|---|---|
| **ብመንፈስ ምጽላይ** | 20 |

<u>**ራእይ ዮሃንስ፤**</u>

| | |
|---|---|
| **ጸሎት ከም ምስጋና ነቲ ገንሸል ስለ ምድሓን** | 5፡9 |
| **ጸሎት ከም ክቡር ዕጣን** | 5፡8፤ 8፡3 |
| **ጸሎት ንሰማእታት ሰራዊት** | 6፡10 |
| **ጸሎት ካብ ኩሉ ዓሌት ዝተኣከበ ህዝቢ ሰራዊት** | 7፡9-12 |
| **ጸሎት እቶም ሽማግለታት** | 11፡15-19 |
| **ጸሎት ሙሴ** | 15፡3-4 |
| **ጸሎት ክብሪ ዝረኸቡ ቁዱሳን** | 19፡1-10 |
| **ጸሎታት መዛዘሚ መጽሓፍ ቅዱስ** | 22፡17,20 |

(**እዚ ሓባሪ ጸሎት`ዚ ብኢ. ኤም. ቦንድስ፡ ካብ "ኩሉ ኣብ መጽሓፍ ቅዱስ ዘሎ ጸሎት ዝተወሰደ እዩ። "**)

# ጥብቆ ክልተ

## መምርሒ መጽናዕቲ፡ መጽሓፍ ቅዱሳዊ ኣማላድነት

**ቁዱሳት ጽሑፋት መወከሲ ናይቲ ጸሎት፡**__________________________________________________

**መን እዩ/ያ ነዚ ጸሎት`ዚ ዝጸለዮ/ጸልያቶ፧**__________________________________________________

ሓበሬታ ብዛዕባ ታሪኽ ህይወት እዚ ሰብ`ዚ ዝምልከት ኣብዞም ዝስዕቡ መወከሲታት ተዋሂቡ ኣሎ፤

**ኣብ ህይወት እዚ ኣማላዲ/ት እዚ/አ ዚርአ ኣወንታዊ መንፈሳዊ ባህርያት፤**

ንፋዕ/ቲ ኣማላዲ ዝገበሩዎ/ዋ ባህርያት ዘርዝሩ። (እዚኦም እቶም ኣብ ናይ ገዛእ ርእስኻ ህይወት ክትመስሎም ዘለዉኻ ነገራት እዮም) ፤

**ኣብ ህይወት እዚ ኣማላዲ/ት እዚ/አ ዚርአ ኣሉታዊ ባህርያት፤**

ኣብቲ ናይ ኣማላድነት ኣገልግሎቶም ጣልቃ ዝኣተዉ ባህርያት ወይ ኣካይዳታት ዘርዝሩ። (እዚኦምእቶም ካብ ናይ ገዛእ ርእስኻ ህይወት ክተርሕቖም ዘለዉኻ ነገራት እዮም) ፤

**ትንተና ናይቲ ጸሎት፤**

እቲ/ታ ሰብ ንኽጽሊ/ንኽትጽሊ ዝደረኾ/ኻ እንታይ ፍጻመታት ኣሎ፧

ቀንዲ ኣተኩሮ ናይቲ ጸሎት እንታይ እዩ፧

ኣብቲ ጸሎት እንታይ ፍሉይ ልመና እዩ ቐሪቡ፧

እንታይ ዓይነት ጸሎት ኣማላድነት እዩ ቀሪቡ፧ ምህለላ፡ ኑዛዜ፡ ኣምልኾ ወይ ምስጋና፡

እቲ/ታ ዝጸሊ/ትጽሊ ሰብ እምነት ከም ዘለዎ/ዋ ወይ እምነት ከም ዘይብሉ/ላ ዝገልጽ መረጋገጺ ኣሎ'ዶ፧

ኣብቲ ጸሎት ኣየኖት ቅዱሳት ጽሑፋት እየን ተጠቒሰን ዘለዋ፧

ብዛዕባ እግዚኣብሄር ኣቦ ወይ የሱስ ወይ መንፈስ ቅዱስ እንታይ መወከሲ ተጠቒሱ፧

ኣብ ጸሎት እትጠቕሶም ኹሉ ተስፋታት ኣምላኽ ዘርዝር።

እቲ ጸሎትካ ተመሊሱ'ዶ፧ መዓስን፡ ብከመይን ተመሊሱ፡

ዘይተመሊሰ እንተ ኾይኑ ንምንታይ ከም ዘይተመለሰ ምኽንያት ጸሓፍ፧

እቲ ጸሎት እንታይ ውጽኢት ኣምጺኡ፧

ናይ ገዛእ ርእስኻ ኣማላድነት ዝያዳ ኣድማዒ ንምግባር ካብዚ ጸሎት እዚ እንታይ ክትመሃር ትኽእል፧

## መልሲ ናይ ርእሰ-ፈተናታት

### ምዕራፍ ሓደ፤

1.ዝለመነ ኹሉ ይቕበል እዩ፡ ዝደለየ ድማ ይረክብ፡ ማዕጾ ንዃሕኳሕ ንዘበለውን ይኽፈተሉ እዩ እሞ፡ ለምኑ ይውሀበኩም። ድለዩ፡ ትረኽቡ። ማዕጾ ኳሕኳሕ ኣብሉ፡ ይኽፈተልኩም እዩ። (ማቴ 7፡7-8) ።

2. ጸሎት ምስ እግዚኣብሄር ምዝርራብ እዩ። ዝተፈላለየ መልክዕ ኣለዎ፡ ብመሰረቱ ግን ሰብ ምስ ኣምላኽ ክዛረብ ከሎ ኣምላኽ ድማ ምስ ሰብ ክዛረብ ከሎ እዩ ዘጋጥም።

3. ጸሎት ከም ዝምለስ መጽሓፍ ቅዱስ ይገልጽ፤

ብኡ ንብኡ ሓድሓደ ግዜ፦ ኢሳይያስ 65:24፤ ዳንኤል 9፡21-23

ኣብ ገለ እዋናት ዝድንጉይ፡ ሉቃስ 18፡7

ካብ ድሌትና ዝተፈልየ፡ 2ቀሮንቶስ 12፡8-9

ካብ ትጽቢትና ንላዕሊ: ኤርምያስ 33:3፤ ኤፌሶን 3፡20

4. ንጸሎት ቀዳምነት ሂቡ ኣብ ህይወቱ ኣገዳስነት ዘለዎ ዝኾነ ፍጻመ ዘሰንዮ ነበረ። ኣብ ምዕራፍ ሓደ "ናይ ጸሎት ህይወት የሱስ" ዝብል ኣርእስቲ ዘለዎ ክፋል ርአ።

5. ኣብ ጸሎት ሰለስተ ደረጃታት ዕምቈት ኣሎ፡ ምሕታት፡ ምድላይን ምኹሕኳሕን። ምሕታት እቲ ቀዳማይ ደረጃ ዕምቈት ጸሎት እዩ። ኣብዚ ደረጃ ጸሎት ልመና ናብ ኣምላኽ ምቕራብን ቅልጡፍ መልሲ ምርካብን ጥራይ እዩ። ምድላይ እቲ ካብቲ ቀዳማይ ዕሙቕ ዝበለ ደረጃ ጸሎት እዩ። ኣብዚ ደረጃ ጸሎት፡ እቲ መልሲ ከምቲ ኣብ ናይ ምሕታት፡ ቅጽበታዊ ዘይኮነሉ ደረጃ ጸሎት እዩ። ምኹሕኳሕ ድማ እቲ ዝዓሞቐ ደረጃ ጸሎት እዩ። ኣብዚ መልሰታት ኣብ ምምጻእ ነዊሕ ግዜ ዝወሰድ ምስ ዝኸውን መልሲ ክሳብ ዝመጸና ብዘይምቁራጽ እንጽልየሉ ደረጃ ጸሎት እዩ።

6. ኣምልኾን ምስጋናን፦ ንእግዚኣብሄር ኣምልኾ ክብርን ተወፋይነትን ምሃብ እዩ። ምስጋና፡ ነቲ እግዚኣብሄር ዝገብሮ መግለጺ ምስጋና ጥራሕ ዘይኮነስ፡ ምስጋና መግለጺ መንነቱ እዩ። ተወፋይነት፦ እዚ ንህይወትካን ፍቓድካን ንኣምላኽ ናይ ምውፋይ ጸሎት እዩ። ብተወሳኺ ንእግዚኣብሄርን ንዕዮኡን ንዕላማታቱን ናይ ምውፋይን የጠቓልል። ምህለላ፦ ምህለላ ብደረጃታት ምሕታት፣ ምድላይ ወይ ምኹሕኳሕ ዝቐርቡ ሕቶታት እዮም። ልመና መተካእታ ቃል ናይዚ ዓይነት ጸሎት እዩ። ኑዛዜን ንስሓን፦ ናይ ኑዛዜ ጸሎት ንስሓን ንሓጢኣት ይቕረ ምባልን ዝሓዘ እዩ። ኣማላድነት፦ ኣማላድነት ማለት ንኻልእ ቦታ ዝሕዝ ወይ ንጉዳይ ካልእ ዝልምን ማለት እዩ።

### ምዕራፍ ክልተ

1. ስለዚ ድማ ነቶም ብእኡ ኣቢሎም ናብ ኣምላኽ ዚመጹ፡ ኵሉ ጊዜ ምእንታኦም ኪልምን ዚነብር ስለ ዝኾነ፡ ፈጺሙ ኼድሕኖም ይኽእል እዩ። (እብራውያን 7፡25) ።

2. ኣማላድነት፡ ሓደ ሰብ ንኻልእ ወይ ንኻልኦት ምትእትታው ኣምላኽ ኣዘዮም ዘድልዮም ወኪሉ ንኣምላኽ ዝልምን ቅዱስ፡ ኣማኒ፡ ጽንዓት ዝመልኦ ጸሎት ተባሂሉ ክግለጽ ይኽእል።

3. መጽሓፍ ቅዱሳዊ መሰረት ናይቲ ናይ ሓድሽ ኪዳን ኣማኒ ኣገልግሎት ኣማላድነት ጸሎት ከም ካህናት ብኣምላኽ ምጽዋዕና እዩ። ቃል ኣምላኽ ቅዱስ ክህነት (1ጴጥ 2:5)፡ ንጉሳዊ ክህነት (1ጴጥ 2፡9)፡ መንግስቲ ካህናት ምዃንና ይእውጅ (ራእ 1:5) ።

4. የሱስ ክርስቶስ።

5. ከም ኣማለድቲ ንናይ ብሉይ ኪዳን ክህነታዊ ስራሕን ናይ ሓድሽ ኪዳን ኣብነት የሱስን ተኸቲልና ኣብ ቅድሚ ኣምላኽን ኣብ መንጎ ሓደ ጻድቕ ኣምላኽን ሓጥእ ሰብን ደው ንብል።

6. ኣማላድነት ኣገዳሲ ዝኾነሉ ምኽንያት የሱስ ኣብ ናይ ገዛእ ርእሱ ምድራዊ ኣገልግሎቱ ንኣማላድነት ኣትኩሮ ብምሃቡ`ዩ። ኣገዳስነት ኣማላድነት ድማ ኣብቲ ብውጽኢታዊ ኣማላድነት ሓያል ውጽኢት ናይ ዝረኸቡ ሰባት ዛንታታት ዝመልአ መጽሓፍ

ቅዱሳዊ መዝገብ እውን ተገሊጹ ኣሎ። ብውጽኢታዊ ኣማላድነት ጌርካ ብመንፈስ ናብ ኹሉ ቦታ ናይ ዓለም ክትከይድ ትኽእል ኢኻ።

**ምዕራፍ ሰለስተ፤**

1. ነቶም ዓሰርተው ክልተ ብሓባር ጸዊዑ፡ ኣብ ልዕሊ ኹሎም ኣጋንንቲ ሕማምውን ኬሕውዩ ሓይልን ስልጣንን ሃቦም (ሉቃ 9፡1) ።

2. ብየሱስ ክርስቶስ ኣብ ልዕሊ ጸላኢ ዘለካ ስልጣንን ከም ኣማኒ ኣብኡ ዘለካ መርገጺን እዩ ዝመጽእ። ኣብ ልዕሊ ጸላኢ ዘለካ ሓይሊ ካብ መንፈስ ቅዱስ እዩ ዝመጽእ።

3. "ምእሳር" ዝብል ቃል ካብቲ ኣሳር ዝብል ናይ እብራይስጢ ቃል ዝመጸ ኮይኑ ትርጉሙ ድማ "ምእሳር፡ ምቑራን፡ ምሕባስ፡ ምዕጣቕ፡ ምትእስሳር" ማለት እዩ። ኣብ ሕይወትካን ገዛኻን ማሕበረሰብካን ሕብረት ቤተክርስትያንካን ከይሰርሕ ንሓይሊ ጸላኢ ክትኣስሮ ትኽእል ኢኻ።

4. ምፍታሕ ማለት ሓራ ምውጻእ ማለት እዩ። ሰባት ካብ ባርነት ሓጢኣትን ጭንቀትን ተስፋ ምቑራጽን ጸላኢ ክትፈትሕ ትኽእል ኢኻ።

5. ማቴዎስ 16፡19።

6. ስም የሱስ ኣብ ቅድሚ እግዚኣብሄር እንልምነሉ ስልጣን ስለዝኾነ ሓያሊ ኣለዎ። ዮሃንስ 14:14 ርአ።

7. ብደም የሱስ ናብ እግዚኣብሄር ኣቦ ንቐርብ። እብራውያን 10፡19-22።

8. ምሉእ ንምሉእ ጾም ፈጺምካ ዘይትበልዓሉን ዘይትሰየሉን እዩ። ናይዚ ኣብነት ኣብ ግብሪ ሃዋርያት 9፡9 ንርከብ። እቲ ከፊላዊ ጾም ድማ እቲ ኣመጋግባ ምስ ዝድረት እዩ። ናይዚ ኣብነት ኣብ ዳንኤል 10፡3 ኣሎ።

9. ጾም ንኣምላኽ ኣይቀይሮን እዩ። ንዓኻ ግና ይቕይረካ። እግዚኣብሄር ምስኡ ዘለካ ርክብ መሰረት ገይሩ እዩ ምሳኻ ዝሓብር። ዝምድናኻ እንተ ተቐይሩ ነቲ ኣምላኽ ምሳካ ዝገብሮ ርክብ ብኣሉታ ይጸልዎ።

10. ኢሳይያስ 58፡ እግዚኣብሄር "ዝመርጾ ወይ ዝፈትዎ" ወይ መለኮታዊ ጾም ይገልጽ።

11. ክትጾም ከለኻ እቲ ቀዳማይ ዝኸውን እግዚኣብሄር ርእሱ ክገልጸልካ ይጅምር (ኢሳ 58፡9) ። ካልኦት ኣብ ኢሳይያስ 58 ዝተዘርዘሩ ውጽኢታት ጾም፡ ምብራህ፡ ኣንፈት፡ ስንቂ፡ ምሕዳስን እዮም።

**ምዕራፍ ኣርባዕተ፤**

1. ከምቲ ፍቓዱ ጌርና ሓደ ነገር እንተ ለመንናዮ፡ ይሰምዓና እዩ፡ እቲ ኣብኡ ዘሎና ትብዓት ድማ እዚ እዩ። *15* ነቲ ዝለመንናዮ ዘበለ ኸም ዚሰምዓና ኻብ እንፈልጥ ድማ፡ እቲ ካብኡ ዝለመንናዮ ልማኖ ድሮ ኸም ዝረኸብናዮ፡ ንፈልጥ ኢና (1ዮሃ 5፡14-15) ።

2. ኣብ ራብዓይ ምዕራፍ ከመይ ጌርካ ከም እተማልድ ዝገልጽ ክፍልታት ዳግም ርአ።

3. ኣብ ራብዓይ ምዕራፍ ኣብ ጸሎት እንታይ ክንልምን ከም ዘሎና ዝገልጽ ክፋል ዳግም ርአ።

4. ኣብ ምዕራፍ ኣርባዕተ ንውጽኢታዊ ኣማላድነት ዝምልከት መምርሒታት/ኣገባባት ዳግም ርአ።

5. እግዚኣብሄር ዝሃበና ተስፋታት ኹሎም ተማሂርካ ኣሎኻ፡ ብመሰረት እዞም ተስፋታት ጸሊ፡ ሽዑ ጸሎትካ ምምላሱ ክትፈልጥ ኢኻ። ካብቶም ነዚ ንምግባር ክሕግዙካ ዝኽእሉ መገድታት ሓደ ነቶም ኣብ መጽሓፍ ቅዱስ ዝተጻሕፉ ተስፋታት ኣምላኽ ኩሎም ምልክት ምግባርን ብድሕሪኡ ጸሎትካ ኣብዚ ተስፋታት እዚ ምምስራትን እዩ።

**ምዕራፍ ሓሙሽተ፤**

1. ትልምኑ ኢኹም እሞ፡ ብፍትወት ስጋኹም ምእንቲ ኽትዘርውዎ፡ ብኽፉእ ስለ ዝለመንኩም፡ ኣይትቕበሉን ኢኹም (ያእቆብ 4፡3) ።

2. ዝኾነ ዓይነት ሓጢኣት፤ ኣብ ልቢ ዝተቐመጡ ጣኦታት፤ ይቕረ ዘይብል መንፈስ፤ ስጋዊ ትምኒትን ስምዒትን፤ ዘቕኑዕ ኣተሓሕዛ ሓዳር፤ ርእሰ-ጽድቂ፤ ዘይምእማን፤ ኣብ ክርስቶስን ቃሉን ዘይምጽናዕ፤ ጭከና፤ ምስሉይነት፣ ትምክሕቲ፣ ትርጉም ዘይብሉ ምድግጋም፤ ከም ፍቓድ ኣምላኽ ዘይምልማንን ብስም የሱስ ዘይምሕታት፤ ሰይጣናዊ ወይ ኢጋንንታዊ ዕንቅፋታት፤ ቅድም መንግስቱ ዘይምድላይን ከመይ ጌርካ ከምቲ ዝግብኣካ ጌርካ ከም እትጽሊ ኣብ ዘይትፈልጥሉ እዋን።

3. እግዚኣብሄር ሓደ ነገር ክትገብር ምስ ነገረካ፡ ቡቲ ንሱ ዝሃበካ ኣንፈት ክትዋሳእ እምበር ነቲ ኣምላኽ ዝኣዘዞ ከይትገብር ኢልካ ኣማላድነት ከም መመኽነይታ ክትጥቀመሉ የብልካን።

## ምዕራፍ ሹዱሽተ፤

1.ኣብ ሰማያት እትነብር ኣቦና፡

ስምካ ይቀደስ። መንግስትኻ ትምጻእ።

ፍቓድካ ኸምቲ ኣብ ሰማይ፡ ከምኡ ድማ ኣብ ምድሪ ይኹን።

ናይ ዕለት እንጌራና ሎሚ ሃበና።

ንሕና ንዝበደሉና ኸም ዝሓደግናሎም፡ በደልና ሕደገልና።

ካብ ክፉእ ኣድሕነና እምበር፡ ናብ ፈተና ኣይተእትወና።

መንግስትን ሓይልን ክብርን ንዘለኣለም ናትካ እዩ እሞ፡ እሜን። (ማቴዎስ 6 ፡ 9-13)

2. ማቴ 6፡9-13 ከምኡውን ሉቃስ 11፡2-4።

3. ጸሎቱ ብብዙሕ ዋንነት ዘለዎ ስማዊ ቅጽል "ናትና" እዩ ጀሚሩ። ብተወሳኺ ኣብቲ ጸሎት "ሃበና" "ምርሓና" "ይቕረ በለልና" ዝብሉ ኣበሃህላታት ንርኢ። እቲ ኣርኣያ ጸሎት ንኻልኦት ከምኡ ውን ንገዛእ ርእስኻ ክንጽሊ ስለ ዝገብረና ናይ ኣማላድነት ጸሎት እዩ።

4. ስለ ካልኦት ጸልዩ፡ ንኣብነት ስለ መሃዛኹ "መንግስትኻ ኣብ ህይወታ ክትመጽእን፡ ፍቓድካ ክትፍጸም እጽሊ ኣለኹ። ነዛ መዓልቲ እዚኣ ስንቂ ሃባ..." ወዘተ።

5. ኣስማት ኣምላኽ ንባህርያቱን ንዓና እንታይ ምዃኑን ዝውክሉ ኮይኖም ስለ ኻልኦት ክትልምን ከለኻ ነዞም ኣስማት ክትጥቀመሎም ትኽእል ኢኻ። ንኣብነት፡ ንበል የሆዋ-ጂራ ንሓደ ዜድልዮ ሰብ ዜድልዮ ኸም ዝምልኦ።

## ምዕራፍ ሸውዓተ፤

1. እዚ ብስመይ እተሰምየ ህዝበይ ከኣ ትሕት እንተ በለ፡ እንተ ለመነ፡ ገጸይውን እንተ ደለየ፡ ካብ ክፉእ መገዱ ድማ እንተ ተመልሰ፡ ሽዑ ኣነ ኻብ ሰማይ ክሰምዕ እየ፡ ሓጢኣቶም ከኣ ይቕረ ኽብለሎም፡ ምድሮምውን ክፍውሰሎም እየ (2ይ ዜና መዋእል 7፡14) ።

2. ሬማ ቃል ኣምላኽ ብዛዕባ ምንቅቃሕ ኣገባባት "ምምሃርን ምትግባርን" ዝምህረና ፉሉይ ተግባር ኣምላኽ፡

3. ነቲ ኣብ ቃል ኣምላኽ እተገልጸ ስርዓታት ብምስዓብ ኢና ንዳሎ። ።

ተሃድሶ ማለት ሓባራዊ ምንቅስቓስ መንፈስ ኣምላኽን ምላሽ ህዝቢ ኣምላኽን እዩ።

4. ተሃድሶ ዘድሊ ንድሕሪት ዝምለስ ኩነታት ምስ ዝረአ እዩ።

5. መልሰኻ ምስቲ ኣብ ምዕራፍ ሸውዓተ ዝተዋህበ ጽማቕ መርትዖታት ናይ ንድሕሪት ምምላስ ኩነታት ኣነጻጽር።

6. መልሰኻ ምስቲ ኣብ ምዕራፍ ሸውዓተ ተዘርዚሩ ዘሎ ጽማቕ መጽሓፍ ቅዱሳዊ መምርሒታት ተሃድሶ ኣነጻጽር።

7. ናይ መሪሕነት፡ ናይ ጉባኤን ናይ ሓፈሻዊ ዕንቅፋታትን፡ኣብ ምዕራፍ ሸውዓተ ዚርከብ መግለጺ ተመልከት።

8. 2ይ ዜና መዋእል 7፡14።

9. ትሕት በል፡ ጸሊ፡ ገጽ ኣምላኽ ድለን ካብ ክፉእ መገድኻ ተመለሰን። ኣብ ምዕራፍ ሸውዓተ ዘሎ ትምህርቲ ርአ።

**ምዕራፍ ሸሞንተ፡**

1. ንስኻስ ክትጸሊ ኸሎኻ፡ናብ ቤትካ እቶ፡ ማዕጾኻ ዕጾ፡ ነቲ ብሕቡእ ዘሎ ኣቦኻ ለምኖ። እቲ ብሕቡእ ዚርኢ ኣቦኻ ድማ ብግህዶ ኪኽሕስካ እዩ (ማቴ 6፥6) ።

2. መልሲ ክፈላለ ይኽእል እዩ።

3. መልስታት ነዞም ዝስዕቡ ክጠቓልሉ ይኽእሉ፡ ሕጽረት ግዜ፡ ኣቓልቦ ዘምሃብ፡ ድኻም፡ ምጉዳል ናይ ቃል ጽምኣት።

4. መልሲ ክፈላለ ይኽእል እዩ።

5. መልሲ ክፈላለ ይኽእል እዩ።

6. መልሲ ክፈላለ ይኽእል እዩ።